መጽሐፍ አክሲማሮስ

(ሥነ ፍጥረት ሽዱሽተ መዓልቲ)

ለእግዚአብሔር ምድር በምልኣ። ዓለምኒ ወኵሎሙ እለ ይነብሩ ውስቴታ። ወውእቱ በባሕር ሣረራ። ወበአፍላግኒ ውእቱ አጽንዓ። መዝ. 23፡1-3።

ሰማያት ክብሪ እግዚአብሔር ይነግራ፡ ጠፈር ከኣ ግብሪ እግዚአብሔር ይነግር መዝ. 19፡1
ብመጀመርታ ሰማይን ምድርን ፈጠረ ዘፍ. 1፡1-26።
እቲ ዓለም ካብ ዚፍጠር ጀሚሩ ተራእዩ ዘይፈልጥ ባህርይ እግዚአብሔር ማለት ዘለዓለማዊ ኃይሉን መለኮቱን ብፍጥረቱ ኣጸቢቑ ተጋህደ ሮማ. 1፡20።

ትግርኛ

ኣሰናዳእን ተርጓምን

መ/ሄኖክ ገብረሚካኤል

ጥር 2005 ዓ.ም.ግ/ 2013 ዓ.ም.ፈ

በረከተ ገጽ (ህያብ)
ካብ፡ _____
ናብ፡ _____
ብምኽንያት _____
ዕለት፡ _____

መሰል ኣሰናዳኢ ብሕጊ ዚተሓለወ እዩ፡ ካብዚ ብኽፊል ይኹን ብምሉኡ ብዘይ ፍቓድ ኣሰናዳኢ ኪጎተምን፡ ኪሰኣልን፡ ኪውሰድን፡ ኣይፍቀድን እዩ።

መቅድም

መቅድም ማለት ናብ ቤት ንምእታው ኣፍ ደገ ማዕጸ ምኽፋት ከም ካብ ፍረ ነገር ናይቲ መጽሓፍ ኣቐዲሙ ዚርከብ ጽሑፍ ማለት እዩ፡ “ይደልዎ ለዘያነብብ ቅድመ ይዝክር ስሞ ለበዓለ መጽሐፍ ወእምዝ ያንብብ ወይምህር” መጽሓፍ ዜንብብ ሰብ ኣቐዲሙ ስም ደራስን ታሪኽን ምፍላጥን ምርዳእን ድጎሪኡ ነቲ መጽሓፍ ምንባብን ምትርጓምን ይግባእ” ኢሉ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ከምዝነገረና መቐድም ስለዚ እዩ ኣቐዲሙ ዚጸሓፍ። በዚ መሠረት ድማ ነዚ መጽሓፍ ኣክሲማሮስ እዚ መቅድም እዚ ተዋህቦ። ስም እዚ መጽሓፍ እዚ ሽዱሽተ መዓልቲ ማለት እዩ። ናይ ሽዱሽተ መዓልቲ ሥነ ፍጥረት ኣምሊኡን ኣስፊሑን ዚናገር ዕሥራን ክልተን ሥነ ፍጥረት ኢሉ ዚቐጽር ናይ ቅዱስ ኤፂፋንዮስ መጽሓፍ እዩ። (መጽሐፈ ሰዋስው ወግስ፡ መዝገበ ቃላት ሐዲስ ገጽ. ፪፻፲፱)።

ናይ ሽዱሽተ ዕለታት ፍጥረታት ሥነ ፍጥረት ኣፈጣጥራ ከመይ እዩ፧ እንተበሉ ሥላሴ ቅድሚ ዓለም ብሓድነትን ብሠለስትነትን ከለዉ፡ ሓድነቶም ንሠለስትነቶም ከይጠቕለሎ፡ ሠለስትነቶም ንሓድነቶም ከይከፈሎ፡ ብሓድነትን፡ ብሠለስትነትን፡ ኪሥለሱን ኪቕደሱን ኪምስገኑን ጸንሑ። ደኃር ግና ዓለም ንፍጠር ኢሎም ሓሰቡ፡ ሓሲቦም ከኣ ይተረፉን ፈጠሩ።

፩. ዘኣምጽኣ ኵሎ በቃለ ኀይሉ እምኀበ ኢሀሎ፡ ወእምኀበ ኣልቦ ኀበ ቦ፡ ነዚ ዓለም እዚ ካብ ዘይምንባር ናብ ምንባር፡ ካብ ዘይምህላው ናብ ምህላው ኣምጺኦም ፈጠሩ።

፪. እስመ ውእቱ ይቤ ወኮኑ ወውእቱ ኣዘዘ ወተፈጥሩ፡ መዝ. ፻፵፰፡፭-፮ ንሱ በለ እሞ ኮኑ፡ ንሱ ኣዘዘ እሞ ተፈጥሩ መዝ. 148፡5-6። ነዚ ዓለም እዚ ምፍጣሮም ሓድነቶም፡ ሠለስትነቶም ጐይትነቶም፡ ሃብቶም እዩ እምበር ጕዳይ ነይርዎም፡ ጕዳይ ኪምልኣሎም ኣይኮነን።

፫. እስመ ኣነ ኣምላክ ኢይርኀብ ወኢይጸምእ ወኢይደክም ኢሳ. ፵፡፳፰-፴፩

ኣነ ኣምላኽ ኣይጠሚ፡ ኣይጸምእን፡ ኣይደክምን እየ ኢሳ. 40፡28-31። ባህርይ ሰብ ግና ጠማዪ፡ ጸማኢ፡ ሓማሚ፡ ደኻሚ፡ መዋቲ፡ እዩ። ሰብ ክሥወር እንተበለ፡ ሓጹር፡ መጋረጃ፡ መኸወሊ፡ ይደሊ። ሥላሴ ግና ክንሥወር እንተበሉ ሓጹር መጋረጃ መኸወሊ ኣይደልዩን እዮም። ብገዛእ ባህርዮም ይሥወሩ።

፬. ለሊከ ብከ ተከደንከ ወለሊከ ኣንጠላዕከ ሥዉር ብከ ኀይልከ ወክዱን

ብከ ዕበይከ።
ዕቤትካ ብኣኻ ሥዉር እዩ፡ ኃይልኻውን ብኣኻ ሥዉር እዩ፡ ንስኻ ባዕልኻ ጋረድካ፡ ንስኻ ባዕልኻ ንባዕልኻ ሠወርካ። (ቅዳ. ዮሐ. ወል. ነገሥ.ዳ)።
፩. እስመ እንዘ ኀቡእ ክሡት አንተ ወታስተርኢ ለፍቁራኒከ
ንስኻ ተሠዊርካ ክንስኻ ክሡት ኢኻ፡ ንፍቁራንካ ትግለጸሎም።
ሰብ ክግለጽ እንተበለ፡ ብርሃን፡ መብራህቲ፡ ይደሊ። ሥላሴ ግና ክንግለጽ እንተበሉ ብርሃን፡ መብራህቲ ኣይደልዩን እዮም። ብገዛእ ባህርይኡም ይግለጹ። ሰብ ኣብ ሕይወቱ ሞት፡ ኣብ መንግሥቱ ሕልፈት ኣለዎ። ሥላሴ ግና ኣብ ሕይወቶም ሞት፡ ኣብ መንግሥቶም ሕልፈትን ስዕረትን የብሎምን።
፪. ወአልቦ ማኅለቅት ለመንግሥቱ ሉቃ. ፩፡፴፫-፴፭
ንመንግሥቱ መፈጸምታ የብሉን ሉቃ. 1፡33-34።
፫. ዘእምቅድመ ዓለም መንግሥቱ ሰፋኒት (ትምህ፡ ኅቡ)
መንግሥቱ ቅድሚ ዓለም ትገዝእ ነበረት። መንግሥቱ ንዘለዓለም ጸኒዓ እያ ትነብር።
ንሥላሴ ጉዳይ የብሎምን ካብ በሉ፡ ስለምንታይ ደኣ እሞ ነዚ ዓለም እዚ ፈጠርዎ፧ እንተበሉ፡ ፍጡር ንፈጣሪኡ ምእንቲ ኪፈልጥ ረብሕኡን ጥቕሙን ስለ ዝኾነ ስለዚ ነዚ ዓለም እዚ ፈጠርዎ።
ፈጣሪኡም ፈሊጡም ዚጥቀሙ ሰብን መላእኽትን እዮም። እቲ ዚተረፈ ፍጥረት ደኣ ንምንታይ ፈጠርዎ፧ እንተበሉ፡ ንሕና ክንበልዮ፡ ክንሰትዮ፡ ክንሠርሓሉን ክንመሃረሉን እዩ።
፬. ስምዑኪ መድምማቲሁ ለእግዚአብሔር በእንቲአሁ ኵልክሙ ደቂቀ አዳም ያበጽሕ ለክሙ ነገረ። ኵሎ ዘኮነ እምጥንቱ እስከ አመ ይትነፋሕ ቀርን በበመትልዉ፡ ወእመሰ ይትከሀል እምደለዎሙ ይስምዑ ዘንተ ኵሉ ፍጥረት ከመ ያእምሩ ኪነቶ ለኬንያሆሙ፡ እለ ይነቡኒ ወእለ ኢይነቡኒ ኅቡረ ይባርክዎ ለእግዚአብሔር ስቡሕኒ ውእቱ ወልዑልኒ ውእቱ ለዓለም (መዝ. ሠለስተ ደቂቅ ፩፡፴፫-፴፭)
እቶም ኵሎም እግዚኣብሔር ዚፈጠሮም ፍጥረታት፡ ንእግዚኣብሔር የመስግንዎ። ንሱ ምስጉን ንዘለዓለመ ዓለም ልዕል ዚበለ እዩ (ሠለስቱ ደቂ. 1፡33-34)። ንሕና እንበልያም፡ እንሰትዮም፡ እንሠርሖም መነ መን እዮም፧ እንተበሉ ኣዝእቲ ኣትክልቲ፡ መሳር፡ ጸባ፡ ንበልያም ንሰትዮም። ላም ፡ በጊዕ፡ ጤል፡ ሓሪድና ንበልያም፡ ፈረስ፡ በቕሊ፡ ገመል ንውጥሐም። ዕፀዋት ቤት መሥርሒ መሳገሪ ድልድል ጌርና ኣብ ባሕሪ ንኽይንጠልቕ፡ ኣብ ጸድፊ ንኽይንወድቕ ንሳገረሉ። እንመሃረሎምካ መነ መን እዮም፧ እንተበሉ፡ ናይ ፀሓይን ሓውን ማይን ሓድነትን ሠለስትነትን ኣለዎም ንሕና በዚኣቶም ናይ ሥላሴ ሓድነትን ሠለስትነትን ንፈልጥ።
፭. ወኵሉ ተፈጥረ ለመፍቅደ ነባብያን ቦ እምኔሆሙ ለምህሮ፡ ወቦ እምኔሆሙ

ለተገብሮ፡
ከምቲ ኣረጋዊ መንፈሳዊ “ካብዚ ኵሉ ዚተፈጥረ ፍቕድ ሰብ ዘይፍጽም የልቦን” ዚበሎ እዩ።
፲. ወለእመ ፈቀድከ ሰማዕተ ኣማናዌ ታእምር፡ እምኣፍኣ ብከ መምህር ወመገሥፅ ዘይመርሐከ ጎበ ዝንቱ (ማር ይስሓቅ 1 ኣንቀጽ 2) ህልውና እዚኣብሔር ክትፈልጥ እንተደሊኻ መምህርን ምስክርን ኮይኑ፡ ናብ ምፍላጥ እግዚኣብሔር ዚመርሓካ ሥነ ፍጥረት ኣሎካ ማለት እዩ (ማር. ይስ. 1፡2)።

፲፩. ወዘኢያስተርኢ እግዚኣብሔር እምፍጥረተ ዓለም ይትዐወቅ በፍጥረቱ በሐልዮ ወበአእምሮ ወከመዝ ይትአመር ኃይሉ ወመለኮቱ ዘለዓለም ሮሜ. ፩፡፳፩-፳፪
“እቲ ዓለም ካብ ዚፍጠር ጀሚሩ ተራእዩ ዘይፈልጥ ባህርይ እግዚኣብሔር ማለት ዘለዓለማዊ ኃይሉን መለኮቱን ብፍጥረቱ ኣጸቢቑ ተጋህደ። ሮሜ. 1፡21-22። ፪፬፮
፲፪. ኣኮ ዘብየ መፍቅድ ከመ እርከብ ኣሐደ እምእሉ ወእስኣል መባሕተ ዘእንበለ ስብሐት ንጹሕ፡ ኣነ እሴባሕ ሎሙ ውስተ መዛግብትየ ለዓለም ። ሄኖ. ፲፯፡፲፮-፲፰።
ንሱ በቶም ኵሎም ኣብ ሰማያት መላእኽትን ኣብ ልዕልና ዘለዉ ቅዱሳንን ይጽዋዕን ይምስገንን” ይብል። ሠራዊት እግዚኣብሔር ኪሩቤልን ሱራፌልን ኣፍኒንን፡ ፍልጠት ዘለዎም መላእኽትን፡ እቶም ኵሎም ሥላሴ ዚፈጠርዎም መላእኽቲ የመስግኑ። ሄኖ. 17፡16-18። ኵሉ እስትንፋስ ዘለዎ ዘበለ የመስግን መዝ. ፻፶፡፮።
፲፫. እዚ መጽሓፈ ኣክሲማሮስ ዚተባህለ መጽሓፍ ሎሚ ዚተጻሕፈን ዚተፈልሰፈን ዘይኮነስ፡ ዓለም ካብ ዚፍጠር ኣትሒዙ መንፈስ ቅዱስ ብዚገለጸሎም ቀዳሞት ሰባት (ነቢያት) እናተነግረ ተተጋኒዙ ዝመጽኡ፡ ድኅሪኡ ኸኣ ከም በዓል ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኣጉሊሑም ኣስፈሐም ጽሒፎሙልና እዮም።
ከምኡ ድማ፡ እቶም ኣብ ዘመነ ኦሪት ኮነ፡ ኣብ ዘመነ ወንጌል ዚተላዕሉ ሥጋውያን ሊቃውንቲ (ፈላስፋታት) ነዚ ናይ ነቢያትን ሓዋርያትን ሥነ ፍጥረት ኣጽደቕዎ ደኣ ኣምበር ኣይነቕፍዎን። ሎሚ ሳይንስ ዚተባህለ ትምህርቲ ማዕቢልሉ ኣብ ዚርከብ እዋን ፡ ነቶም ኣብ እዋን ነቢያትን ሓዋርያትን ዘይተራእዩ ጥበባትን ፍልስፍናታትን ስለ ዚተራእዩ መንእሰይ ወለዶ፡ ናብ ምድራዊ ጥበብ ብምስዓብ ቀደም ከም ዘይነበረን ኣምሲሉ ብምርኣይ ካብቲ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ዚርከብ ሓቂ፡ ናብቲ ሳይንሳዊ እምነት ዘንቢሉ ስለ ዝረአ ዘሎ፡ ነዚ ኵሉ ዓለምን ኣብ ዓለም ዘሎን፡ ከምዚ ብልማድ ዚተፈጥረን ዚነበረን ንኽይመስሎ ስለ

ዚጠራጠር፡ ጥንታዊ መጽሓፍ ኣክሲማሮስ ተደጋጊሙ ምእንቲ ኪንበብ ካብቲ ዚነበሮ ቋንቋ ግእዝን ካልእን ዅሉ ሕዝቢ ናብ ዚሰምየ ቋንቋ ትግርኛ ተጻሕፈ።

ይኹን እምበር ነቲ እግዚኣብሔር ዚፈጠሮ ዅሉ ፍጥረት ልቢ ወዲ ሰብ ተመራሚሩን ብሓሳቡ ተራቒቑን ኪበጽሖ ስለ ዘይኽእል ዕውብ ድንቂ ኢልካ ክግደፍ እንተዘይኮይኑ ተመራሚረ ክበጽሖ እየ ምባል ጌጋ እዩ። ዓለም ካብ ዚፍጠር ጀሚሩ በብጊዜኡ ዚተንሥኡ ግዙፋን ሥጋውያን ደቂ ኣዳም ጥበበኛታትስ ይትረፍ ረቀቕቲ ትጉሃን መላእኽቲ እኳ ንሥራሕ እግዚኣብሔር ተመራሚሮም ኪበጽሕዎ ዘይኽእሉ ልዕሊ ኣእምሮኦም እዩ።

፲፬. ሥነ ፍጥረት ብምምርማር ህልውና እግዚኣብሔር ከም ዚፍለጥ ድማ ብኽምዚ ክንርዳእ ንኽእል፡ ትኽ ኢልና ንላዕሊ፡ ድንን ኢልና ንታሕቲ፡ ንየማን፡ ንጸጋም ዘወር ኢልና ምስ እንዕዘብ፡ ናይ ዅሉ ገዛኢ ዘለዓለማዊ ብልሂ፡ ፈላጥ፡ ኣብ ዅሉ ዚርከብን ዘሎን፡ ቦታ ዘይውስኖ፡ ሓደ ንዘለዓለም ዚነብር ከም ዘሎ ብግልጺ ዘረድእን ዘመልክትን ሥነ ፍጥረት ኣብ ውሽጢ እዚ መጽሓፍ እዚ ንረክብ፡ ንሳቶም ከኣ ሰማይን ምድርን እቲ ዅሉ ኣብኣታቶም ዘሎ ክውንነትን እግዚኣብሔር ከም ዚፈጠሮምን ሥነ ሥርዓት ከም ዘትኃዞምን ብግልጺ ንርዳእ።

፲፭. ቃል እግዚኣብሔር “ንእንስሳታትን ኣዕዋፍ ሰማይን ተዓዘብዎም እሞ፡ ንሳቶም ኪገልጽልኩም እዮም። ንሳቶም ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኣብ ባሕርን ዘለዉ ፍጡራት እንተ ትሓትዎም እግዚኣብሔር ከም ዚፈጠሮም መረድኡኽም ነይሮም። ንሕይወት ፍጡራት ዚመርሕ እግዚኣብሔር እዩ፡ ናይ ዅሉ ነፍሲ ወዲ ሰብ ኣብ ትሕቲ ሥልጣን እግዚኣብሔር እዩ” ኢዮ. 12፡7-10።

ካብ ማእከል ሥነ ፍጥረት፡ ሓጋይን ክረምትን ለይትን መዓልትን ብርሃንን ጸልማትን ሙቑትን ዛሕልን ጠልን ደርቅን ዘርእን ቀውዕን ጊዜ ሓልዩ ብሥነ ሥርዓት ተመዓራርዩ ምኻዱ ብዘይ ሓደ ተጸራርን ኣመሓዳርን ኪነባበር ከም ዘይክእል ፍሉጥ እዩ። ከምኡ ኸኣ ኣወላልዳ ሰብን ኣተዓባብያን ክፍላት ኣካሉን ብምርኣይ ጥበብ እግዚኣብሔር ኣደናቒ ከምዝኾነ የረድኣና።

ስለዚ እግዚኣብሔር ካብ ሰንበት ክሳዕ ዓርቢ ዚፈጠሮ ሥነ ፍጥረት፡ ሓደ ብሓደ እንተዚቕጸር፡ ፍጡር ቁጺሩ ኣይምወድኦን፡ እንታይ ደኣ ካብቲ ብዙኅ ሓደ፡ እናበልካ እንተተቐጽረ 22 ሥነ ፍጥረት ይኽውን። “ወኮነ ዅሉ ዕሥራ ወክልኤተ ዘመደ “ ኩፋ. ፫፡፪። እቲ ዅሉ ዚተፈጥረ ዓይነት 22 እዩ ኩፋ. 3፡2። ወዕሥራ ወክልኤቱ ዘመደ ግብር ተገብረ እስከ ዕለተ ሳብዕት ኩፋ. ፫፡፬። ክሳዕ እታ ሻብዓይቲ መዓልቲ ኣብተን 6 መዓልቲ

ዕሥራን ክልተን ወገናት ፍጥረት ተፈጥረ፡ ኩፋ. 3፡9። እዚ ኸኣ ሙሴ ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር ንዕሥራን ክልተን (22) ኣርእስተ ኣበው ምሳሌ ገይሩ ጽሒፍዎ ኣሎ።
ዕሥራን ክልተን ኣርእስተ ኣበው ዚተባህሉ እዞም ዚስዕቡ ኣቦታት እዮም።

1. ኣዳም
2. ሴት
3. ሄኖስ
4. ቃይናን
5. መላልኤል
6. ያሬድ
7. ሄኖክ
8. ማቱሳላ
9. ላሜህ
10. ኖኅ
11. ሴም
12. ኣርፋክስድ
13. ሴላህ
14. ኤቦር
15. ፋሌቅ
16. ራግው
17. ሴሩህ
18. ናኮር
19. ታራ
20. ኣብርሃም
21. ይስሓቅ
22. ያዕቆብ

“ዕሥራ ወክልኤቱ ኣርእስተ ኣበው እስከኔሁ። ካብ ኣዳም ክሳዕ ያዕቆብ ዘለዉ እዚኣቶም እዮም።
ብሓፈሻ ናይዞም ዕሥራን ክልተን ሥነ ፍጥረት ዝርዝር ብግእዝን ብትግርኛን ተጻሒፉ ቐሪቡልና ኣሎ። ነዚ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ዚጸሓፎ ኣክሲማሮስ ዚተባህለ መጽሓፍ ኣንቢብናን ተረዲእናን ፈሊና በብጊዜኡን በብእዋኑን በብሰዓቱን ከነመስግኖ ቅዱስ መንፈሱ ልኢኹ የሓግዘና።

ሓጺር ታሪኽ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኤጲስ ቆጶስ ዘቆጵሮስ

ኤጲፋንዮስ ማለት ከሳቲ፡ ኣርሓዊ፡ ኣስተርእዮ ማለት ኮይኑ፡ ኣቦኡን ኣደኡን ኣረማውያን ኣብ ርእሲ ምንባሮም ድኻታት እዮም ነሮም። ኣቦኡ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ሕፃን ከሎ እዩ ሞይቱ፡ ብዘይካ ሓደ ኣድጊ ካልእ ጥሪት ኣይነበሮምን፡ በቲ ሓደ ኣድጊ ጌሮም ከኣ ንሱን ኃውቱን ኣደኡን ይግልገሉ ነበሩ። ይኹን እምበር እቲ ኣድጊ ንዅላቶም ልዕሊ ዓቕሞም ኮይኑ ምጽዓን ምስ ኣበዮም ኣዲኡ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ "ንዓ እዚ ወደይ ነዚ ኣድጊ ሽጠ እሞ ገንዘብ ጎዝካ ምጻእ" ኢላ ለኣኸቶ። ኣብቲ ዕዳጋ ሓደ ዝገዝእ ሰብ "በዓል ኣድጊ" ኢሉ ናብቲ ኣድጊ ቅርብ እንተበለ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ እቲ ኣድጊ ጠባይ ስለዘይነበሮ ነቲ ክገዝእ ኢሉ ዝቐረበ ሰብ ነዲሑ ምሕኵልቱ ረገጸ እሞ ሞተ "ወረገጸ ማእከለ ምሕኩልቱ" ይብሎ። ምሕኩልቱ ረጊጹ ቀተሎ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከኣ በቲ ዘጋጠመ ነገር ደንገፀ።

ኣብዚ ጊዜ'ዚ ኣባ ፊሎጎስ ዝተባህለ ጻድቕ ኣብ ጥቓኡ ኣብቲ ዕዳጋ ብሥውር ይዘዋወር ስለዝነበረ፣ ነቲ ኣድጊ ረጊጽዎ ዝሞተ ሰብ ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣተንሥኡ። ነቲ ኣድጊ'ውን ሞት ይግብኣካ እዩ ብምባል ኣማዕቲቡ ከም ዝመውት ጸለየ እሞ ሞተ። እቲ ካብ ሞት ዝተንሥኡ "መን ኣተንሢኡካ፧" እንተተባህለ፡ ካብ ዓሌት ኣይሁድ ስለዝነበረ፡ "እቲ ኣቦታተይ ዕሩቅ ብእሲ(ታራ) ኢሎም ሰቒሎም ዝቐተልዎ ናይ ኣባ ፊሎጎስ ኣምላኽ እዩ ኣተንሢኡኒ" ኢሉ መስከረ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ነዚ ዅሉ ሓደ ብሓደ ዚረኣዮ ነደኡ ከይዱ ነገራ። እዚ ከምዚ ኢሉ ኸሎ ሓደ ሃብታም ኣይሁዳዊ ኣኮ ነበሮ እሞ፡ ኪመውት ከሎ ሃብቱ፡ ንብረቱ፡ ጥሪቱ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ኣውሪስዎ ሞተ።

ቅዱስ ኤጲፋንዮስ በቲ ዝረኸቦ ገንዘብ መጻሕፍቲ ብሉያትን ትንቢታተ ነቢያትን ገዚኡ ብመንፈሳዊ ጥበብ ኣዝዩ ፍሉጥን ጥበበኛን ፈላስፋን ምሁርን ኮነ። ካብ መዓልትታት ሓደ መዓልቲ ኣባ ሉክያኖስን ኣባ ፊላታዎስን መንገዲ ኪኸዱ ኸለዉ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ደድኅሪኦም ስዒቡ ኪኸይድ ከሎ ኣብቲ ዚኸድዎ ዝነበሩ መንገዲ ሓደ ድኻ ብስም እግዚኣብሔር ለመኖም፡ ሸው ኣባ ሉክያኖስ ግና ዝወሃብ ነገር ምስ ሰኣነ፡ እታ ተኸዲንዋ ዝነበረ ዓጽፊ(ካባ) ኣውጢኡ ነቲ ድኻ ምስ ሃቦ ካብ ሰማይ ፃዕዳ ዓጽፊ ወረደትሉ፡ ማቴ. 5፡42 ኪኽደን ከሎ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ተገልጸሉ። ኣብዚ ጊዜ'ዚ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ንኣባ ሉክያኖስ "ኣጥምቐኒ" ኢሉ ኣብ እግሩ ወደቐ። ኣባ ሉክያኖስ ከኣ ብጸጋ እግዚኣብሔር ከም እተመርጸ ብምርኣይን ብምርዳእን ንኣባ ኢላርዮስ ኣረጋዊ ወሲዱ ብኃደራ ሃቦ። ድኅሪኡ ኣባ ሉክያኖስ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ ምስ ኃውቱ ኣብቲ ገዳም ወሲዱ ኣጠመቐም። ብዛዕባ ሥርዓታት ማለት ሥርዓተ ሃይማኖት፡ ሥርዓተ ገዳምን ምንኵስናን ዚመሃሮ ግና ኣባ ኢላርዮስ እዩ። ኣባ ኢላርዮስ ዝተባህለ ኣረጋዊ ብገድሉ ጎበዝ፡ ብዕድሚኡ'ውን ዓቢይ ፈላሲ (ባሕታዊ) ነበረ ይብሎ። "ቤትካ ኣብ ፊት ቆጵሮስ ሠራሕካ ተቐመጥ" በሎ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከምታ መምህሩ ዝበሎ ቤቱ ኣብ ከባቢ ደሴተ ቆጵሮስ ሠሪሑ ይነብር ነበረ። ከምዚ ኢሉ ኸሎ ብሠለስተ መዓልቲ ካብ ምንኵስና ክሳዕ ክህነት ሸሞ። ኣባ ኢላርዮስ

ናይ ቆጵሮስ ሊቀ ጳጳሳት ስለ ዝነበረ ኣቐዲሙ ብትንቢት ክልተ ሕፃናት ኣኽቲሉ ክልተ ናይ ወይኒ ፍረ ዘለላ ጎዙ ንዝመጽእ ኤጲፋንዮስ ኢልኩም ጸዊዕኩም ንእኡ ናተይ መተካእታ ኪኸውን ስለዝኾነ ብድጎረይ ሽምዎ ኢሉ ተላብዩ ሞተ። ብዕለት ፲፯ (17) መስከረም ከኣ ሸምዎ።

ቅዱስ ኣትናቴዎስን ቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቅን

ኣብዚ ጊዜ'ዚ ሓደ ዓቢይ ሊቅ ቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቅ ዝተባህለ ኣቦን ንግሥቲ ኣውዶክስያን ዝተባህሉ ነበሩ። እዛ ንግሥቲ እዚኣ ናይ ሓንቲ ድኻ መሬት ብዓመጽ ኣግዲፋ ነበረት እሞ ቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቅ ምለስላ እንተበላ ኣበየቶ፣ ንሱ ኸኣ ንንግሥቲ ኣውዶክስያ ኣብ ማኅበረ ምእመናን ከይትሳተፍ ወገዛ።
እዛ ንግሥቲ እዚኣ "ዮሐንስ ኣፈወርቅ ከምዚ ኢሉኒ ኣሎ እሞ ዝኾነልካ እንተኾይኑ ሥራሕካ ሥራሕ ማለት ንዮሐንስ ተመለስ" በሎ። እንተዘይኮነ ኣነ ልክዕ ከምታ ናይ ኣቦይ ዲዮቅልጥያኖስ "ኣብያተ ክርስቲያናት ይተዓፀዉ፡ ኣብያተ ጣየታት ይረሓዉ" ኢለ ክእውጅ እየ"፡ ኢላ ናብ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ለኣኸት።
ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከኣ "ቁሩብ ኣዕሪፍና እንተበልናስ ከምዚ ዝበለ ነገር መጺኡ" ኢሉ እናኃዘነ (ብጓሂ) ኸይዱ "ጎደጊ ቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቅ ዝበለኪ ግበሪ" በላ፡ "ኣይከውንን እዩ" በለቶ። ከምኡ'ውን ናብ ቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቅ ከይዱ "ኦ ኃወይ ምእመናን ካብ መከራ ኣዕሪፎም እንተበልናስ በዚ ምኽንያታት'ዚ መከራ እንተመፅአ ጽቡቕ ኣይኮነን እሞ ንዓ ሕደጎ ፍትሓያ" እንተበሎ፡ ዮሐንስ ኣፈወርቅ "ኣይፈትሓን እየ" በሎ። "ጐይታ እኮ በብርስትኹም ንበሩ እዩ ዝበለ። ርስቲ ምድሪ ኣግዲፋ ርስቲ ሰማያት ክትወርስ ድያ: ዋላ እቲ ናይ ቀደም ናይ ኣቦታታ ዘመን እንተ ኣምጽኣቶ'ውን ንኣኣ ይገዳ እምበር ኣነ እንታይ ሸገረኒ" በሎ።
ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ምስ ንጉሥ ክሰናበት ኣተወ። ሸእኡ ንግሥቲ ኣውዶክስያ ብዘይኮነ ነገር ብሓሶት ትርእዩዶ ኣሎ'ኹም ንኣይ ጥራይ ከይኣኽሎስ ንኤጲፋንዮስ ከኣ እንተተዛረቦ ወጊዝዎ"፡ ብምባል ከተውሪ ጀመረት።
ሽዑ ቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቅ ምስ ሰምዐ ሓቂ መሲልዎ ንዘይፈለጠ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ "ስለምንታይ ኣብ ነገረይ ትኣቱ፧" ብምባል ወቐሶ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከም ዘይወዓሎ ገለጸሉ። ልዑል እግዚኣብሔር ናይ ክልቲኦም ቅዱሳን ክብሪ ምእንቲ ኪገልጽ ናይ ቅዱስ ዮሐንስ ሞት ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ፡ ናይ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ሞት ከኣ ንቅዱስ ዮሐንስ ኣፈወርቅ ገለጸሎም እሞ ቅዱስ ዮሐንስ ንቅዱስ ኤጲፋንዮስ "ናብ በዓትኻ ከይኣቶኻ ኣብ መገዲ ብኣንበሳ ተሰቢርካ ክትመውት ኢኻ" ኢሉ ተነበየሉ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ከኣ ናይ ዮሐንስ ሞት ተገሊጹሉ "ንስኻ እምበኣር ኣብ ደሴተ ኣጥራክያ ተኣሲርካ ኣብ ማእሰርቲ ተሳቒኻ ክትመውት ኢኻ" በሎ። ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ልክዕ ከምታ ትንቢት ኣብ መንገዲ እናኸደ ኸሎ ናብ በዓቱ ከይኣተወ ኣንበሳ መጺኡ ሰቢሩዎ ሞተ።
ንዓሥርተ ሓደ(11) መዓልቲ ምስ ጸንሐ ደቂ መዛሙርቱ ኪቐብርዎ እንተበሉ፡ ኣብዚ ጊዜ'ዚ ብኽሕደቶም ዝወገዘም ዲያቆናት ካብ መዓርጎም ዘውረዶም ሰባት፡ ንኸይቅበር እኳ እንተኸልከሉ፤ እቲ ሬሳ ከይተለወጠ ብዙኅ ተኣምራት

እናገበረ ማለት ምዉት እናኣተንሥኣ፡ ሕሙም እናፈወሰ ኣርብዓ መዓልቲ ምስ ገበረ፡ እቶም ዲያቆናት ዝፈጸሞ ተኣምራት ብምርኣይ ኣሚኖም ቀበርዎ።

ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ዝደረሶም ድርሰታት መጻሕፍቲ

መጽሓፈ ቅዳሴ ዘኤጲፋንዮስ፡ ገድል ተረፈ ኤጲፋንዮስ ዝተባህለ፤ ኣብ ሃይማኖተ አበው ብብዝኒ ስሙ ተጠቒሱ ይርከብ፡ ኣብቶም ዝደረሶም ድርሰታት ስለ ሓድነትን ሠለስትነትን ቅድስት ሥላሴ፡ ስለ ጥበብ ሥጋን ስለ ደመናት፡ ዝናማት፡ ስለ ማያትን ነገሥታትን ስለ ፍጥረታት ኣተሓባቢሩ ጠቒሱ ይርከብ፡ እዚ መጽሓፈ ቅዳሴኡ ኣብ ጸሎተ ኃሙስን ኣብ ዘመነ ክረምትን ይቕደስ፡ ነዚ ቅዳሴ'ዚ ዘቕረቦ ቅዱስ ባስልዮስ ዘቂሳርያ እዩ።

ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ፍሉይ መንፈሳዊ ሊቅ ብምኻኑ ቤተ ክርስቲያንና እትምክሓሉ ኣቦ እዩ።

ጸሎቱን በረኽቱን ምስ ኵላትና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን ኣሜን!

ሰላም እብል በቃለ ስብሐት ወይባቤ፤
ለከናፍሪሁ ሙሐዘ ከርቤ፤
ኤጲፋንዮስ ከዊኖ በመንፈስ ቅዱስ ነባቤ፤
እም አመ ረሰይኩ አስኬማ መላእክት ግልባቤ፤
ውስተ ልብየ እኪተ ኢያኀደርኩ ይቤ።

ምስክር፦ ትርጓሜ መቅድም መጽሓፈ ቅዳሴ ኤጲፋንዮስ ፡
ስንክሳር ግንቦት ዕለት ፲፯ (17)
ስንክሳር ዕለት ፳፯ (27) ሰኔ

መእተዊ

1. ነዚ መጽሓፍ ኣክሲማሮስ ንኽትርጉምን ክጽሕፍን ከጎትምን ዘለዓዓለኒ ምኽንያት ሊቃውንቲ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ዚጸሓፍዎም መጻሕፍቲ ብብዝኒ ኣብ ጥቕሲ ይጽሕፉ፡ ከም ተደላይነቱ መጠን ግና ተሰናዲኡን ናብ ቋንቋ ትግርኛ ተተርጒሙ ተጎቲሙን ሕዝቢ ኪጥቀመሉ ብዘይምኽኣሉ፡
2. ከምኡ ኽኣ ብዛዕባ ናይ ሽዱሽተ መዓልቲ ሥነ ፍጥረት ኣስፊሑን ኣምሊኡን ስለ ዘረድኡ፡ እሞ ኽኣ ቅድሚ ኵሉ መጻሕፍቲ ኪፍለጥ ዚግብኦ እዩ ኢለ ስለ ዝተረዳእኩን ዝኣመንኩን።
3. ቅድሚ ሎሚ ብዙኃት ጸሓፍቲ ነቢያት፡ ሓዋርያት፡ ኣርድእትን ካልኦትን ብዝተፈላለየ መልክዕ እኳ እንተጸሓፉ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ዚተባህለ ኤጲስ ቆጶስ ቆጵሮስ፡ ግና መጽሓፍ ኣክሲማሮስ ዚብል ስም ሂቡ፡ ዝጐደለ መሊኡ፡ ዚረቕቑ ኣጕሊሑ ዕሥራን ክልተን (22) ሥነ ፍጥረት ኢሉ ቈጺሩ ጸሓፈ። ኣብ ውሽጡ ከም እንረኽቦ፡ እዞም ኣርባዕተ ባህርያት መሬት፡ ማይ፡ ንፋስ፡ እሳት እዮም። <u>ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ካብዞም ኣርባዕተ ባህርያት ዘይተፈጥረ የልቦን።</u> እቶም ኵሎም ፈላስፋታትን ተመራመርትን ጠቢባንን ኢና ዚብሉ ኵሎም ነዞም ካብዞም 4 ዚተወስዱ እዮም ዚመራመሩ እምበር ሓድሽ ነገር ኪፈጥሩስ ዓቕሚ የብሎምን። ከምቲ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ሮሜ 1፡21 ጽሒፍዎ ዘሎ ኣብ ላዕሊ ኣብ ታሕቲ ኣብ ኵሉ ኣርባዕተ መኣዝን ዚተፈጥሩ ዘበሉ ክንጥምት ከሎና፡ ንፈጣሪና ብዓይኒ እምነት ንርእዮ፡ ርኢና'ውን ንፈልጦ፡ ፈሊጥና ነድንቕ፡ ኣድኒቕና ድማ ሓድሽ ምስጋና ንስሙ ነቕርብ፡ ከምቲ መላእኽቲ ኣብ ሰማይ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እናበሉ፡ ዘመስግንዎ፡ ደቂ ሰብ ከኣ ናይ ምድሪ ሥነ ፍጥረት እናረኣና ከነመስግን ይግብኣና።

ስለዚ ክቡራንን ክቡራትን ኣንበብቲ፡ ጥቕሚ እዚ መጽሓፍ ተረዲእና፡ ቅድሚ ኵሎም መጻሕፍቲ መዲብና ሥነ ፍጥረትና ክንፈልጥ፡ ካብ ክንደይ ብራናታትን ናይ ኢድ ጽሕፈትን ካልኦት ቋንቋታትን ብዝቐለለ መንገዲ ብዘመናዊ ጎትመት፡ ብንኡስ መጠን ንኽትንቀሳቐሶውን ዚጥዕም ኮይኑ እኳ ሕጂ እንተቐረበ፡ ኣብ ዝኃለፉ ጊዜ ግና ምንጪ መጻሕፍቲ ክንሱ ኣብ ውሑዳት ገዳማትን ሰባትን እንተዘይኮይኑ ንምፍላጡ ፡ በቶም ካብኡ ዚተወስዱ ንኡሳን መጻሕፍቲ ከም መዝገበ ሃይማኖት፡ ሥነ ፍጥረት እንተዘይኮይኑ ምሉእ ብምሉእ መጽሓፍ ኣክሲማሮስ ንምቀጽጻሩን ንምምሃሩን ኣሸጋሪ እዩ ኮይኑ ጸኒሑ።

መክሥተ ኦርእስትመውፅኢ ኦርእስቲ

መቅድም iii
ቅዱስ ኤጲፋንዮስ viii
ቅዱስ ኦትናቴዎስን ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅን ix
ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ዝደረሶም መጻሕፍቲ xi
መእተዊ x
ኣክሲማሮስ ዘእሑድ 1
ቀዳማይ ክፍሊ 1
ካልኣይ ክፍሊ 2
ሣልሳይ ክፍሊ 7
ራብዓይ ክፍሊ 9
ኣክሲማሮስ ዘሰኑይ 12
ቀዳማይ ክፍሊ 12
ካልኣይ ክፍሊ 14
ኣክሲማሮስ ዘሠሉስ 16
ቀዳማይ ክፍሊ 16
ካልኣይ ክፍሊ 26
ኣክሲማሮስ ዘረቡዕ 29
ቀዳማይ ክፍሊ 29
ካልኣይ ክፍሊ 39
ኣክሲማሮስ ዘኃሙስ 45
ቀዳማይ ክፍሊ 45
ካልኣይ ክፍሊ 49
ኣክሲማሮስ ዘዓርብ 52
ቀዳማይ ክፍሊ 52
ካልኣይ ክፍሊ 56
ሣልሳይ ክፍሊ 61
ራብዓይ ክፍሊ 65
ኃሙሻይ ክፍሊ 72
ሻዱሻይ ክፍሊ 75
ሻብዓይ ክፍሊ 81
ሻሙናይ ክፍሊ 84
መወከሲ መጽሓፍ 65

አክሲማሮስ ዘእሑድ

ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ።

ብሓገዝ እቲ ድኅነት ዘረኽብናሉ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ኤጲስ ቆጶስ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ዘጸሓፎ መጽሓፍ ክንጽሕፍ ንጅምር፡ ጸሎቱን በረኽቱን ንዘለዓለመ ዓለም ምስ ኵላትና ይኹን፡ ኣሜን።

ቀዳማይ ክፍል

1. እግዚኣብሔር ፈራዲ ሓቂ፡ ኃያል፡ ዕጉሥ ዅሉ ጊዜ ፈተና ኣየምጽእን እዩ፡ (መዝ. 7፡11-12)
2. እግዚኣብሔር ግብሪ ፍትሒ ይፈልጥ እዩ፡ (መዝ. 9፡16)።
3. መንጽሒና ማይ ሂቡና (ትም/ጎቡ/እልመስጠኣግያ ም. 2፡7)
4. እግዚኣብሔር ሃብታም እዩ፡ እግዚኣብሔር ከሃሊ እዩ፡ (ኢዮ. 13፡3-4)።
5. እግዚኣብሔር ኣርባዕተ ፍጥረታት ክፈጥር እየ በለ። እዚ ድማ ቅድምናይን ንበይነይ ምኳነይን ኃይለይን ክእለተይን ንኺፍለጥ። ኢሳ. 45፡12-13።
6. መንክራት እግዚኣብሔር ስምዑ፡ ኣብ መጀመርታ ንእሽቶ ሓዊ ፈጠረ፡ ካልኣይ ከኣ ንእሽቶ ንፋስ ፈጠረ፡ ሣልሳይ ድማ ቁሩብ ማይ ፈጠረ፡ ራብዓይውን ንእሽቶ መሬት ፈጠረ፡ ንሳቶም ድማ ኣርባዕተ ባህርያት እዮም።
7. ሽዑ እግዚኣብሔር ነታ ንእሽቶ ሓዊ "ብሓልዮ ብዝኒ ተባዝኒ፡ ስፍሒ ተሳፍሒ" ምስ በላ በዝኒት፡ ተባዝኒት፡ ሰፍሒት፡ ተሳፍሒት፡ ክንድቲ ሕሊና እግዚኣብሔር ዘፈቐደላ ኾይና ብኽእለቱ ድማ ርእሳ ክኢላ ደው ኢላ ጸንዐት።
8. ካብቲ ፈጣሪኣ ዘወሰነላ ኽኣ ኣይወሰኽትን፡ ኣይገደለትን።
9. እግዚኣብሔር ነታ ንእሽቶ ንፋስ ብሓልዮ "ብዝኒ ተባዝኒ፡ ስፍሒ ተሳፍሒ" ምስ በላ በዝኒት፡ ተባዝኒት፡ ሰፍሒት፡ ተሳፍሒት፡ ክንድቲ ሕሊና እግዚኣብሔር ዘፈቐደላ ኾይና ርእሳ ከኣለት፡ ብኽእለቱ ድማ ቆይማ ጸንዐት።
10. ካብቲ ፈጣሪኣ ዘወሰነላ ኽኣ ኣይወሰኽት፡ ኣይገደለት።
11. እግዚኣብሔር ነታ ቁሩብ ማይ "ብዝኒ ተባዝኒ፡ ስፍሒ ተሳፍሒ" ምስ በላ በዝኒት፡ ተባዝኒት፡ ሰፍሒት፡ ተሳፍሒት፡ ክንድቲ ሕሊና

እግዚኣብሔር ዚፈቐደላ ኾይና ድማ ርእሳ ኽኣለት፡ ብኽእለቱ ድማ ቆይማ ጸንዐት።

12. እግዚኣብሔር ነታ መሬት ብሓልዮ "ብዝኒ ተባዝኒ፡ ስፍሒ ተሳፍሒ" ምስ በላ በዝኑት፡ ተባዝኑት፡ ሰፍሑት፡ ተሳፍሑት፡ ክንድቲ ሕሊና እግዚኣብሔር ዚፈቐደላ ኾይና ርእሳ ከኣለት፡ ብኽእለቱ ድማ ቆይማ ጸንዐት።
13. ካብቲ ፈጣሪኣ ዚወሰነላ ኽኣ ኣይወሰኽት፡ ኣይጐደለት።
14. ካብዘን ኣርባዕተ ባህርያት እዚ ኵሉ ፍጥረታት ፈጠረ፡ ንሱ ንበይኑ እንተዘይኮይኑ ኪቐጽሮም ዚኽእል ዋላ ሓደ እኳ የልቦን። (መክ. 8፡17)
15. መሠወሪኡ ድማ ጸላም ገበረ። (መዝ. 17፡11)
16. ምምርማር መለኮት ፈጣሪ ፍጡራን፡ ብሓቂ ዓሚቕ እዩ።
17. ብዘይካ ካብዞም ኣርባዕተ ባህርያት ዘይተፈጥረ ምንም ነገር የልቦን።
18. ትእዛዝ እግዚኣብሔር እዚ እዩ። ንሓዊ ንማይ የፍልሑ፡ ማይ ድማ ንንፋስ የጥፍኡ፡ ንፋስ ከኣ ንመሬት ይብትኖ፡ መሬት ከኣ ንንፋስ የዓግቶ፡ ንፋስ ንማይ የናውጸ፡ ብማዕበል ገይሩ ኽኣ ከም ከበሮ ድምፂ ከምዚህብ ይገብሮ።
19. እግዚኣብሔር ነዞም ዘይሰማምዑ ኣርባዕተ ባህርያት ኣሳንዩ ፈጠረ።

ካልኣይ ክፍሊ

1. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ኣብ ካልኣይ ሰዓት ለይቲ፡ ካብታ ሓዊ ዓቢይ ብርሃን ወሲዱ፡ መንበር ክብሩ ኣዝዩ ነዊኑን ርሒብ ገይሩ ፈጠረ። (ኢሳ. 6፡1-2)።
2. ሰማይ ውዱድ ኣብ ዝባን ኪሩቤል ገይሩ ፈጠረ። (ሕዝ. 10፡19-20)።
3. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ኣብ ሣልሳይ ሰዓት ለይቲ ንሰማይ ውዱድ ከም መሠረት ገይሩ፡ ካብታ ሓዊ ዓቢይ ብርሃን ወሲዱ፡ መንበረ ስብሓት ኣዝያ ነዋኑን ብርህትን ብሕሊና ወዲ ሰብ ዘይትምርመር ከም ድንኳን ርሕብቲ ገይሩ ፈጠረ።
4. ንእኣ ድማ ብሾብዓተ ናይ ሓዊ መጋረጃ ገይሩ ጋረዳ፡ ብሾብዓተ ናይ ሓዊ ቀጽሪ ገይሩ ድማ ቀጸራ።
5. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ኣብ ራብዓይ ሰዓት ለይቲ ካብዛ ሓዊ ዓቢይ ብርሃን ወሲዱ፡ ኣርያም ፈጠረ፡ በቲ ቐለም ብርሃን ገይሩ ኽኣ ሸለማ።

6. ኣብ ልዕሌኣ ዜጽልል የልቦን፡ ምኽንያቱ ንሳ ልዕሊ ኵሉን ጫፍ ኵሉን እያ። ኩለንትናኣ ድማ ብልሳን ኵሉ ፍጡር ኪንገር ዘይኽእል ፍጹም ብርሃን ኣለዋ። ኩላቶም ብርሃናት ከኣ ኣብኣ ከም ብልጭልጭታ ሓዊ እዮም።
7. ድጎር'ዚ ቐጽሪ ሰማይ ውዱድ ምስ ቀጽሪ ጽርሐ ኣርያም ሓደ ገይሩ በቲ ንሱ ዚፈለጦ ማጎተም ኃቲሙ ኣጋጢሙ ገደፎ።
8. ወሰን ጽርሓ ኣርያምን መወዳእታን ብዘይካ እግዚኣብሔር ካልእ ዚፈልጥ ፍጡር የልቦን።
9. ድጎር'ዚ ድማ ኣብ ኃሙሻይ ሰዓት ለይቲ ክፋል ናይ'ታ ዓባይ እሳት ወሲዱ ሾብዓተ ቀጽርን ሾብዓተ ብሓዊ ዚተሠርሐ መጋረጃን ውዕየታ ፈልዩ ብርሃና ኣውፂኡ ኢዮር ዚተባህለ ሰማይ ሠርሐ።
10. ድጎር'ዚ ናይ ኢዮር ቀጽሪ ምስ ቀጽሪ ሰማይ ውዱድ ሓደ ገይሩ በቲ ንሱ ዚፈለጦ ማጎተም ኃቲሙ ገጢሙ ገደፎ።
11. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ኣብ ሻድሻይ ሰዓት ለይቲ ነታ እሳት ውዕየታ ፈልዩ ብርሃና ኣውፂኡ ራማ ዚተባህለት ሰማይ ሠርሐ። ሾብዓተ ቐጽርን ናይ ነበልባል ሓዊ ሾብዓተ መጋረጃን ገበረላ።
12. ድጎር'ዚ ንቐጽሪ ራማ ምስ ቀጽሪ ኢዮር ሓደ ገይሩ በቲ ንሱ ዚፈለጦ ማጎተም ኃቲሙ ገጢሙ ገደፎ።
13. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ኣብ ሻብዓይ ሰዓት ለይቲ ነታ እሳት ብርሃና ፈልዩ ብርሃና ገዲፉ፡ ኣውፂኡ ሣልሰይቲ ኤረር ዚተባህለት ሰማይ ፈጠረ።
14. ድጎር'ዚ ናይ ኤረር ቀጽሪ ምስ ናይ ራማ ቀጽሪ ሓደ ገይሩ በቲ ንሱ ዚፈለጦ ማጎተም ኃቲሙ ገጢሙ ገደፎ።
15. ካብ ምድሪ ክሳብ ሰማይ፡ ካብ ምሥራቕ ክሳብ ምዕራብ፡ ካብ ሰሜን ክሳብ ደቡብ ናይ ሠለስቲኣን ንውሓትን ራሕብን ማዕረ እዩ።
16. ነዘን ሰማያት ኪፈጥረን ከሎ ናብ ደገ ዜውፅእ ኣፍደገ፡ ዘለዎም ካብ ሰማይ ውዱድ ጀሚሩ ክሳዕ ጽርሓ ኣርያም ካብ ታሕቲ ክሳዕ ላዕሊ በቲ ንሱ ዚፈለጦ ማጎተም ኃቲሙን ገጢሙን ገደፎ።
17. ናይ ውሽጢ ገጻትን፡ ከምቲ ንምዝራቡ ኣገራሚ ዝኾነ ድንኳን፡ ነዘን ሰማያት ኪሠርሐን ከሎ ገጻተን ናብ ውሽጢ ገይሩ ከም ቤት መቕደስ 4 መኣዝን ገይሩ ፈጠረን።
18. ስለምንታይ ከምዚ ገይሩ ፈጠረን፧ መላእኽቲ ካብ ቀጽሪ ናብ ደገ ወፂኦም ምሥጢሩ ርእዮም ከይፈልጡ ፡ ከመይ ሥልጣኑ ንበይኑ ጥበቡ ኸኣ ናቱ እዩ።
19. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ኣብ ሻሙናይ ሰዓት ለይቲ ነታ እሳት ምስ ሙቕታ ከፊሉ ኣውፂኡ ኣብ ልዕሊ ሠለስተ ሰማያት ትሕቲ ሰማይ

ውዱድ ኣብ 3 ሰማያት ኣዕሪጉ ኣብ 4 ጐድንታታ ንሰማይ ኣብ ዝባና ኣስፈራ።

20. ንሳ ንምፍጣር ቀለም ድሌቱ ከይና ካብ ጫፍ ሰማይ ክሳብ ጫፍ ምድሪ መልኣት፡ ዓለም እሳት ድማ ኾነት።
21. ከምኡ ኾኣ እግዚኣብሔር ኣብ ታሽዓይ ሰዓት ለይቲ፡ ኣብታ ዚተዘርግሐት እሳት መንጽር መንበረ ስብሓት ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ሠርሐ።
22. ኣሠራርሓ ኣርያም ከኣ ከምዚ እዩ፡ ዓይኒ ዘይረኣዮ እዝኒ ዘይሰምዖ፡ ኣብ ሕሊና ወዲ ሰብ ዘይተሓስበ፡ እቲ ቦታ ሃገር ብርሃን እዩ። ንውኃታን ግፍሓን መጠን እዛ ዓለም እዚኣ እያ። ብብርሃን ዚተፈልዩ ድማ ዓሠርተው ክልተ ኣፍ ደገታት ኣለውዋ። (1ይ ቆሮ. 2፡9-10)
23. ኣዕኑዳ ናይ ብርሃን፡ ጠፈራ ናይ ብርሃን፡ መጽሔት ከምቲ መርዓት ንመርዓዊኣ ዚተሸለመት ንሳ ድማ ሕንፅቲ እያ (ኢየሩሳሌም ሰማያዊት) (ራእ. 21፡2-3)።
24. ጠፈራ እሳት እዩ፡ መንገዲ ከዋኽብቲ ድማ ኣብኣ ይኸቡን ይጋርድዋን።
25. ስም ዓሠርተው ክልተ ሓዋርያትን፡ ዓሠርተው ክልተ ነገደ እስራኤልን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓሠርተው ክልተ ኣፍ ደጌታታ ተጻሒፉ ኣሎ።ራእ. 21፡11-15።
26. ኣብቲ ናይ ሰማያት ዓምደ ወርቅ ኣስማቶም ተጻሒፉ እዩ።
27. ኣብኣ ድማ ናይ ብርሃን ሣዕን ቁመታን ወርዳን ኣተኻኺሉ ቀሪጹ፡ ሓኒፁ፡ ካብቲ ናይ ሥላሴ ፀዳል ሥኢሉ፡ ኣብ ውሽጣ ኣንበረላ። ነዚኣ ኾኣ ታቦት ዘዶር ኢሉ ጸውዓ።
28. ናይ እግዚኣብሔር ኣገረምቲ ነገራት እስከ ስምዑ። ድጎሪኡ ኣብታ ዓባይ ብርሃን ሃልሃልታን ብርሃንን ወሲዱ ሰማያውያን መላእኽቲ ፈጠረ።
29. እግዚኣብሔር ስለምንታይ ንመላእኽቲ ድጎሪ ሰማያት ፈጠረ። ምኽንያቱ፡ ኣቐዲሙ ፈጢርዎም እንተዚኾውን ንሕና ምስኡ ኃቢርና ፈጢርናን ጎዝናሉን ወይ ከኣ ሓጊዝናዮ ኢና ምበሉ ነይሮም። ስለዚ ነዚ እኩይ ሕሳብ ምእንቲ ኬጥፍእ ኢሉ ንመላእኽቲ ድጎሪ ሰማያት ፈጠሮም።
30. እታ ኵላ ሓሶትን ዓመፃን እትዛረብ ልሳን ምእንቲ ክትዕያ ኢሉ ድጎሪ ሰማያት ፈጠሮም።
31. ከምቲ ደራሲ "ንቲ ካብ ንፋስን ሃልሃልታን ዚተፈጥረ ምስ ማይን መሬትን ግና ዘይተሓዋወሰ ገጽካ ሰላም እብል" ዚበሎ (መል.

ሚካ.)።

32. ናይ ሥላሴ ባህርይሲ ይትረፍ፡ ባህርይ መላእኽቲውን ኣይፍለጥን እዩ። ብዛዕባ ነፍሲውን ከምኡ ይመስለኒ።
33. ከምቲ ደራሲ "ትርጉም ስሙ ዘይምርመር ካብ ዘይምንባር ኣብ ቀዳማይ ሰዓት ለይቲ ሰንበት ንዚተሰናድአ ተፈጥሮኻ ሰላም እብል" ዚበሎ (መል. ገብ.)።
34. ነቶም ቀዳሞት ክፍሊ ስሞም ኣጋእዝት ይበሃል፡ ሓለቓኦም ድማ ሳጥናኤል ይበሃል፡ ኣብ ኢዮር ከኣ ኣስፈሮም።
35. እቶም ካልኣይ ክፍሊ ዓሠርተ ነገድ ከኣ ስሞም ኪሩቤል ካህናት ቅዳሴን ውዳሴን ይበሃል። ነዚኣቶም ኪፈጥሮም ከሎ፡ ካብ ሕቔኦም ንታሕቲ ሓደ፡ ልዕሊ ሕቔኦም ኣርባዕተ ገጽ ዘለዎም፡ ኵለንትናኦም ድማ ብኣዕይንቲ ዚተሸለሙ እዮም። ሕዝ. 1፡6-7 ሕዝ. 1፡18-19።
36. ሓለቓኦም ድማ ገጽ ሰብን ገጽ ኣንበሳን እዮም፡ ስሞም ከኣ ኪሩቤል ይበሃሉ፡ ነዚኣቶም ድማ ኣብታ ኻልኣይቲ ከተማ ኢዮር ኣስፈሮም ሕዝ. 10፡1-2።
37. ናይቶም ሣልሳይ ክፍሊ ዓሠርተ ነገድ ስሞም ሱራፌል ይበሃል፡ እዚኣቶም ናይ ምስጋና ምንጭታት ኮይኖም ሽዱሽተ ክንፊ ኣለዎም። ኢሳ. 6፡2-4።
38. ሓለቓኦም ከኣ ገጽ ንስርን ገጽ እንስሳን እዩ፡ ንሱ ኸኣ ሱራፌ ይበሃል። ነዚኣቶም ድማ ኣብ ሣልሳይ ሰማይ ኢዮር ኣስፈሮም።
39. ነቶም ራብዓይ ክፍሊ ዓሠርተ ነገድ ስሞም ኃይላት ይበሃል። ሓለቓኦም ከኣ ሚካኤል ይበሃል፡ ነዚኣቶም ድማ ኣብታ ራብዓይቲ ሰማይ ኢዮር፡ ሄኖ. 10፡2-6።
40. ነቶም ቀዳማይ ክፍሊ ዓሠርተ ነገድ ስሞም ኣርባብ ይበሃል፡ ሓለቓኦም ድማ ገብርኤል ነቲ ሕያው ዘለዓለም መልኣኽ ኣዳራሹ እዩ። ኣብታ ቕዳመይቲ ሰማይ ከኣ ኣንበሮም። ሄኖ. 10፡7-8።
41. ነቶም ካልኣይ ክፍሊ ዓሠርተ ነገድ ስሞም መናብርት ይበሃል፡ ሓለቓኦም ድማ ሩፋኤል ይበሃል። እዚኣቶም እቶም ኣካይዳኦም ካብ ንፋስ ዚቕልጥፉን ወልታታት ወርቅን ሃልሃል ዚብል ኩናትን ዚያሩ እዮም፡ ኣብታ ኻልኣይቲ ሰማይ ድማ ኣስፈሮም። ሄኖ. 10፡6-7።
42. ነቶም ሣልሳይ ክፍሊ ዓሠርተ ነገድ ስሞም ሥልጣናት ይበሃል፡ ሓለቓኦም ከኣ ሱርያል መልኣኽ ይበሃል። ኣብ ሣልሳይ ሰማይ ራማ ኣስፈሮም። እዚኣቶም ነጋሪት ብርሃን ዚያሩ ኣብ እዋን ቅዳሴን ምስጋናን እግዚኣብሔር "ንምዝካሩ ምስጋና ይግባእ" ነጋሪት ዚሃርሙ እዮም።

43. ነቶም ቀዳሞት ክፍሊ ዓሠርተ ነገድ ስሞም መኳንንት ይበሃል፡ ሓለቓኦም ሰዳክያል ይበሃል። እዚኣቶም እቶም ብፍላጻ እሳትን ዚስንጥቕ ንፋስን እምንን ቀላያትን ጎቦታትን እንባታትን ዚነድፉ፡ ንሓለዋ ደቂ ሰብ ዚተወከሉ ፡ ኣብቲ ዳግማይ ምጽኣቱ ኣብ እዋን ትንሣኤ ሙታን ኣዕፅምቲ ሰብ ዚእክቡ እዮም፡ ኣብታ ቕዳመይቲ ሰማይ ድማ ኣስፈሮም። ማቴ. 24፡31-32።

44. ነቶም ካልኣይ ክፍሊ ዓሠርተ ነገድ ስሞም ሊቃናት ይበሃል፡ ሓለቓኦም ሰላትያል ይበሃል። ኣብ ኣፍራስ እሳት ዚፀፍኑ ብነበልባል ሓዊ ዚተደርዐ ንኹሉ ሥጋዊ ንምሕላው ዚተወከሉ እዮም። ኣብታ ካልኣይቲ ሰማይ ኤረር ኣስፈሮም።

45. ነቶም ሣልሳይ ክፍሊ ዓሠርተ ነገድ ስሞም መላእክት ይበሃል፡ ሓለቓኦም ከኣ ኣናንያል ይበሃል። እዚኣቶም እቶም ወንጭፍ ነጐዳን፡ እምኒ እሳት ሓጺንን ዚውንጭፉ እዮም። ንፀሓይን ወርኃን ከዋኽብትን ኣዝርእትን ኣትክልትን ዕፀዋትን ኩሎም ኣብ ልዕሊ ምድሪ ኣብ ትሕቲ ሰማይን ዚተፈጥሩ ዘበሉ ዚሕልዉ እዮም። ኣብ ሣልሳይ ሰማይ ኣብ ኤረር ኣስፈሮም። ኩፋ. 2፡6-8።

46. እቶም ዓሠርተ ሊቃናት ሚእቲ ነገድ መላእኽትን ንዘለዓለመ ዓለም ኣብተን ምእንቲ ኪነብሩ ኢሉ ኣብዘን ሾብዓተ ሰማያት ዘስፈሮም መላእኽቲ እዚኣቶም እዮም።

47. እግዚኣብሔር ንመላእኽቱ ኪጽውዖም ከሎ፡ ናብ ላዕሊ ክሳዕ ኣርያም ይድይቡ፡ እንተ ለኣኾም ድማ ክሳብ እታ ጫፍ ኹሉ ፍጥረት ዝኾነት ጸልማት በርባሮስ ንታሕቲ ከም ቅጽበት ዓይኒ በጺሑም፡ መልእኽቶም ፈጺሞም፡ ናብ ቦታኦም ይምለሱ። ሞት፡ ሕማም፡ ናብዘይብሉ ጥንተ ስፍራኦም ኣትዮም ንፈጣሪኦም ኬመስግኑ ይነብሩ፡ ብዘይካ ምስጋና ካልእ ሥራሕ የብሎምን። ሄኖ. 20፡38-42።

48. ሸዑ እቲ ሓደ መልኣኽ ነቲ ኻልኣዩ ዳህሲሱ ረኺቡ፡ ንስኻ እንታይ ኢኻ፧ ካበይከ ኢኻ መጺእካ፧" ይብሎ፡ ንሱ ድማ "ኣመጻጽኣይ ካበይ ከምዝኾነ ኣይፈልጥን እየ" እናበሉ ንሓድሕዶም ብጾቶም ብምርኣይ ይግረሙ።

49. " መን እዩ ፈጢሩና፧ ወይስ በብርእስና ዲና ተፈጣጢርና፧ ኢሎም ተመራመሩ።

50. ሸዑ ሳጥናኤል "ንፍጡራን ኣነ እየ ፈጢረዮም፡ ነዞም ዚተሠርሑ ድማ ኣነ እየ ሠሪሐዮም" በለ።

51. ዕመፃ ካብ መዛግብታ ወፅኣት፡ ንሱ ኣቦ ሓሶት እዩ፡ ሄኖ. 11፡5-6። ዮሓ. 8፡44-45።

52. እግዚኣብሔር ኣብታ ዚፈጠረሎም ዕለት፡ እዚ ርጉም ስሒቱ ኬስሕቶም ፡ ክሒዱውን ኬኽሕዶም እዩ ኢሉ ኣብ መንበሩ ኾይኑ እንተተንቀሳቐሰ ሾብዓተ ሰማያት ኣንቀጥቀጡ፡ ክሳዕ ኪፈርሱ ድማ ደለዩ።
53. መላእኽቲ ድማ ፈሪሆም፡ ከምቶም ኣብ ዕፀዋት ዚነብሩ ኣዕዋፍን ከምቶም ኣብ ቈጽሊ ዚሰፍሩ ኣንህብትን፡ ከምቲ ብርቱዕ ህቦብላ ንፋስ ኪትንሥእ ከሎ ኮኑ። ከመይ ድምፂ ግርማ ሕይወት ምስ ሰምዑ ፍርሃትን ድንጋፀን ኃዞም።
54. ሸዑ መልኣከ ሰላም ቅዱስ ገብርኤል ብቓሉ፡ ንመንፈሳውያን መላእኽቲ "ክሳዕ ንጐይታና እንረክቦ ኣብ ዘዘለናዮ ንቐም" ኢሉ ኣህድኦም። ሥላሴ ኣብዚ እዋን እዚ ብኣርምሞ ነበሩ። ክሳዕ እዚ 12፡00 ሰዓት ለይቲ ሥነ ፍጥረት እዩ።

ሣልሳይ ክፍል

1. እግዚኣብሔር ንግሆ ሰንበት ኣብ ቀዳማይ ሰዓት "ኣብ ማእከል ጽልመት ብርሃን ይኹን" በለ። ዘፍ. 1፡3-4።
2. መንፈስ ቅዱስ ንመላእኽቲ ሰማይ ከምቲ ርግቢ እንቋቕሑ ብኽንፉ ሓቕሩ ዝርኢ ተራእዮም።
3. መንፈስ ቅዱስ ንመላእኽቱ ከም እንቋቕሑ ብኽንፉ ሓቕሩ ጎዙ ብግሩም ቃል "እዚ ኵሉ ሰማይ ቤተይ እዩ፡ ንስኻትኩም ካበይ ኢኹም፧ ፍጥረትኩምከ እንታይ እዩ፧ ናብዚ ቤተይከ መን ኣእተወኩም፧" በሎም።
4. ኦ ካብ ግሩማን ግሩም ዝኾንካ፡ ብኽንድዚ ዚኣክል ድንጋፀ ዘሮኣድካና ንኽንፈልጠካስ ንስኻ መን ኢኻ፧" በልዎ።
5. "ኣነ ኑቲ ሰማይን ምድርን ዚፈጠረ ሕይወቱ እየ" ሄኖ. 13፡21-22።
6. "ኦ ጐይታና ዝፈጠርካናን ዘምጻእካናን ናብ ቤትካውን ዘእቶኻና ንስኻ ስለ ዝኾንካ ንስኻ ትፈልጥ"።
7. እግዚኣብሔር ነታ እተንድድ እሳት ብርሃን ንኺትወልድ ምስ ኣዘዛ፡ ብርሃን ወለደት፡ ኑቲ ብርሃን ከኣ ጽልመት ኢሉ ሰመዮ ዘፍ. 1፡5-6።
8. እቶም ኣብ ታሕተወይቲ ሰማይ ዘለዉ መላእኽቲ ምስቶም ላዕለዎት መላእኽቲ ተነጻጸሩ። ክብሪ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ረኣዩ።
9. ሸዑ መላእኽቲ ብገጸም ከም ቈጽሊ ረገፉ፡ ንሱ እዚ ብርሃን እዚ ኽኣ፡ ምኽንያት ጥበብ ኮይኑ ተገልጸሎም፡ እሞ ሠለስተ ጊዜ ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እግዚኣብሔር ጐይታ ሠራዊት ፡ ሰማይን ምድርን

ዕብየትካ ፍጹም ምሉእ እዩ" ኢሎም ኣመስገኑ። ኢሳ. 6፡3-4።

10. ከምቲ ሠለስቱ ምእት "ንነፍስን ሥጋን ዘይጠቅም ነገር ኣይትዛረቡ፡ ኣይትጸወቱ። ንሰማዒኡ ፡ ንተዛራቢኡን ዘይጠ ቅም ፡ ከመይ ኣብ እዋን ፍርዲ እቲ ዅሉ ሕማቕ ዘረባ ዚዛረብ ዘበለ ኪመልሱሉ እዮም" ዘበልዎ።
11. መላእኽቲ ብእኡ ንሓደ ሰዓት ዚኣክል ድንን ኢሎም ነበሩ። ብኣና ድማ 83 ዓመትን 4 ወርሓን ማለት እዩ።
12. ድጎሪኡ መንፈስ ቅዱስ ወሪዱ ኣብ ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ኣተወ። ኮለንትናኣን ኣብኣ ዘሎን ቕብኢ፡ ንሳ ድማ ንፈጣሪኣ ፈሊጣ ኣመስገነቶ።
13. ድጎር'ዚ ካብ መላእኽቲ ከም መብረቅ ዚነጕዱ፡ ከም እሳት ዚነዱ ኣብ መንበረ ስብሓት፡ ኣብ ውሽጢ መጋረጃ ክንፊ ምስ ክንፊ ኣተጎኒዙ ኣቒመ።
14. እግዚኣብሔር ካብታ እሳት ወሲዱ ንመላእኽቲ ብመጠን ቍጽሮም ግምጃ ብርሃን፡ ቀምሽ ብርሃን፡ መዕጠቒ ብርሃን፡ ኣኽሊል ብርሃን፡ ቆብዕ ብርሃን ካብ ጳዝዮን ኣሰናድኡ።
15. እቲ ዘፈር ክዳውንቶም ብእሳታዊ ዕንቊ ዚተኻበበ እዩ።
16. ድጎር'ዚ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣብ ሣልሳይ ሰዓት መዓልቲ ወሪዱ፡ ኣብታ ቀዳመይቲ ሰማይ ኢዮር ወሪዱ ኮለንትናኣን ነቲ ዅሉ ኣብኣ ዘሎን ቀብኡ፡ ኣንጽሓ፡ ንሳ ድማ ንፈጣሪኣ ፈሊጣ ኣመስገነቶ።
17. እግዚኣብሔር ንመላእኽቱ፡ ኣቱም ንኣምላኽ ናይ ብሓቂ ሰገድቲ፡ ንዘለዓለማዊ ሕይወት ዚኾነኩም ቅብኣት ክቕብኣኩም፡ እንሆ ዕለት ሓጐስኩም በጺሓ እያ እሞ ተንሥኡ" በሎም።
18. ሽዑ እቶም ን83 ዓመትን 4 ወርሓን፡ ከም ቈጽሊ ረጊፎም፡ ከም ሻሽ ተነጺፎም ዚነብሩ ዚነበሩ ኣርባዕተ ኣሕሉቕ 40 ነገድ መላእኽቲ ተንሢኦም ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢሎም፡ ምስጋድስ ሰጊድናልካ እንተ ኾነ ግና ደረት ጐይትነትካን ዕቤትካን ኣይበጻሕናን" በልዎ።
19. ድጎሪኡ ኣእምሮን ፍልጠትን ዚኾኖም ቅብኣት ኣቃሚሙ ኣብ 3ይ ሰዓት መዓልቲ ንኣጋእዝት ቀብኦም፡ ኣብ 4ይ ሰዓት መዓልቲ ንሱራፌል ቀብኦም፡ ኣብ 6ይ ሰዓት መዓልቲ ንኃይላት ቀብኦም፡ ሓለቓኦም ከኣ ሚካኤል እዩ።
20. ድጎር'ዚ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣብ 7ይ ሰዓት መዓልቲ ናብ ራማ ወሪዱ ንዙፋን ኣሕሉቕ ኮለንትናኣን ኣብኣ ዘሎ ዅሉን ቀብኣ፡ ንሳ ኽኣ ፈጣሪኣ ፈሊጣ ኣመስገነቶ።

21. እግዚኣብሔር ንመላእኽቱ ኣቱም ንፈጣሪኹም ዘገልገልኩምን ዚሰገድኩምን ንናይ ዘለዓለም ሕይወት ዚኾነኩም ቅብኣት ምእንቲ ክቕብኣኩም፡ ዕለት ሓጐስኩም'ውን ስለ ዝበጽሐ ተንሥኡ" ኢሉ ኣተንሥኦም።
22. ኣብ 7ይ ሰዓት ንኣርባብ ቀብኦም፡ ኣብ 8ይ ሰዓት ከኣ ንመናብርት ቀብኦም፡ ኣብ 9ይ ሰዓት ድማ ንሥልጣናት ምስ ሱርያል ሓለቓኦም ቀቢኡ፡ ቀደሶም።
23. ድጎር'ዚ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣብ 10ይ ሰዓት መዓልቲ ናብ ሣልሳይ ሰማይ ኤረር ወሪዱ ንዙፋን ሓለቓታታት ኩለንትናኣን ኣብኣ ዘሎ ዅሉን ቀብኣ፡ ንሳ ኸኣ ፈጣሪኣ ፈሊጣ ኣመስገነቶ።
24. እግዚኣብሔር ንመላእኽቱ "ኣቱም ንፈጣሪኹም ብሓቂ ዘገልገልኩምን ዚሰገድኩምን ንዘለዓለም ሕይወት ዚኾነኩም ቅብኣት ኪቕብኣኩምሲ፡ መዓልቲ ሓጐስኩም በጺሑ እዩ እሞ ተንሥኡ" ኢሉ ኣተንሥኦም።
25. ሽዑ እቶም ን83 ዓመትን 4 ወርኀን፡ ከም ቈጽሊ ረጊፎም፡ ከም ሻሸ ተነጺፎም ዚነበሩ፡ ሠለስተ ሓለቓታት ነገድ መላእኽቲ ተንሢኦም ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢሎም "ኦ ጐይታ ምስጋድስ ሰጊድናልካ፡ እንተ ኾነ ግና ወሰን ጐይትነትካ ኣይፈለጥናን" በልዎ።
26. ኣብ ዓሠራይ ሰዓት መዓልቲ ንመኳንንቲ ቕብኦም። ኣብ መበል 11 ሰዓት ንሊቃናት ቀብኦም። ኣብ መበል 12 ሰዓት ንመላእኽቲ ቕብኦም። ሓለቓኦም ከኣ ኣናንያል እዩ።
27. ድጎር'ዚ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣብ መበል 12 ሰዓት ናብ ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ዓሪጉ፡ ነቲ ዅሉ ኣብ ውሽጣ ዘሎ ብርሃን ቀቢኡ፡ ኣኽበራ፡ ንሳ ድማ ፈጣሪኣ ፈሊጣ ኣመስገነቶ።
28. ናይ ሾብዓት ሰማያትን ናይቶም ዓሠርተ ሊቃናት ናይቶም ሚእቲ ነገድን በብነገዶም እንሆ ተፈጸመ።

ራብዓይ ክፍሊ

1. መላእኽቲ ቅድሚ ቅብኣት ከምዚ ኣእምሮን ፍልጠትን ዘይብሉ ሕፃን እዮም ነይሮም። ምስተቕብኡ ግና ኣእምሮ፡ ፍቕሪ፡ ትሕትና፡ ለውሃት፡ ትዕግሥቲ ኃደሮም። ምስጋና ከም ፈልፋሊ ማይ እናፈልፈለ ካብ ኣፎም ዘይፍለ ኾነ።
2. መላእኽቲ በቲ ዝተዋህቦም ፍልጠት ሽም ምስጋና ሥላሴ በብመንጸሮም ሰሌዳ መብረቅ ዝተጻሕፈ ምስ ተዋህቦም ኣዝዮም

ተሓጕሱ። ክሳዕ ካብ ብዝኀ ድምፂ ማኅሌቶም እተን 7 ሰማያት ዚናወጻ ንፈጣሪኦም ኬመስግንዎ ጨርሑ።

3. ቅዱስ እግዚኣብሔር ኣቦ ዋሕድ፡ ቅዱስ እግዚኣብሔር ወልድ ዋሕድ፡ ቅዱስ መንፈስ እግዚኣብሔር ዋሕድ፡ ፈጢሩ ባሪኹ፡ ቀቢኡ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ዚሃበና።
4. ድኅር'ዚ መንፈስ እግዚኣብሔር ብኣፍ መላእቱ ኣናተመስገነ ካብ ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ወፂኡ ኣብ መንበር ክብሩ ነበረ።
5. እግዚኣብሔር ካብ ሠራዊት ኪሩቤል ክልተ ኣሕሉኞ ማለት ገጽ ሰብን ገጽ ኣንበሳን፡ ካልኣይ ከኣ ካብ ሠራዊት ሱራፌል ክልተ ሓለፍታት ንሳቶም ድማ ንገጽ ንስርን ገጽ እንስሳን ኣብ ልዕሊ ኢየሩሳሌም ሰማያዊትን ኣብ ትሕቲ ሰማይ ውዱድን ኣብ ማዕዘንቲ መብርህ ኣርያም ኣቓሞም።
6. ኣብ ዘባኖም ድማ ፡ እቲ ሕብሩ በረድ ዝኾነ ሰማይ ዘርግሑ።
7. ገጸም ከኣ ከም ገጽ ኣርባዕተ ሃገር፡ ገጽ ንገጽ ኣይረኣኣዩን እዮም፡ ናብቲ እቲ ቐዳማይ ንመንጽሩ ዘበለ ድማ ይኸዱ፡ እምበር ንሓድሕዶም ኣይረኣኣዩን እዮም።
8. ኣኽናፎም ከኣ ካብ ምድሪ ክሳዕ ሰማይ ፡ ኣእጋሮም ድማ ክሳዕ ጸልማት በርባሮስ ይበጽሕ። ሕዝ. 1፡27-28።
9. ድኅር'ዚ እግዚኣብሔር ካብ ሠራዊት ሩፋኤል ዕሥራን ኣርባዕተን ሊቃናት ወሰደ። ኣብ ዙርያ መንበሩ ድማ ኣቓሞም። ሕዝ. 1፡11-12።
10. ስሞም ካህናተ ሰማይ ኢሉ ሰመዮም። ናይ ሓዊ ወርቂ ጽንሓሕ ኣትኃዞም፡ ካብቲ ጳዝዮን ዚተባህለ ኣኽሊል ብርሃን ደፍኣሎም፡ ናይ ብርሃን ዘንጊ ፡ ማኅተሙ መስቀል ዚኾነ ኣትኃዞም፡ ናይ ብርሃን ካባ ሕብሩ መብረቕ ዚመስል ኣልበሶም፡ ኣብ ዙርያኡ ድማ 24 መናብር ነበሩ። ራእ. 4፡4-5።
11. ካብቲ ማዕጠንቶም ድማ መብረቕን ነጐዳን ማሕታን መዓዛኡ ድማ ጥዑም ይወፅእ። ራእ. 8፡3-5።
12. እግዚኣብሔር ነቶም ካህናት "ጸሎት ኵሎም ቅዱሳን ምእንቲ ናባይ ኪዓርግ ኣብ ማዕጠንትኹም ይዕረግ" በሎም።
13. ንሰማይን ንኣርያሙን ከኣ በቲ መዓዛኡ ጥዑም ዝኾነ ትኪ ዕጣኖም ይጉልብቦ።
14. ናይ ኪሩቤልን ሱራፌልን ኣቀዋውማኦም መዓርግ ኪሩቤል ከም ካህናት ብየማን፡ ሱራፌል ከኣ ከም ዲያቆናት ብጸጋም ልዕል ኢሎም፡ ካህናተ ሰማይ ትሕት ኢሎም ክንፉ ንኽንፉ ገጢሞም ቆይሞም ይነብሩ።

15. ኣብ ሰማይ ውዱድ እልፊ ኣእላፋት፡ ትእልፊተ ኣእላፋት መብረቕን ነጐዳን፡ እቲ ሠረገላኡም ከኣ ኣዕይንቲ ዚተመልአ እዩ።
16. መግቢ መላእኽቲ ረቂቕ ምስጋናን ቅዳሴን፡ መስቴኣም ከኣ ፍቕሪ መለኮት እዩ።
17. ልቢ መላእኽቲ ትእምርቲ ተባዕታይን ኣንስታይን ኣይኮነን፡ ከመይ ንሳቶምሲ እሳታውያን እዮም። ኣብ መላእኽቲ ትእምርተ ፆታ ዚበሃል የልቦን። ተባዕታይን ኣንስታይን የብሎምን። ማቴ. 22፡30-31።
18. ኣብ መላእኽቲ ነናቶም መልክዕ ኣለዎም። ካብ ምድሪ ክሳዕ ሰማይ ዚበጽሕ ቁመት ዘለዎም ኣለዉ። ብኣኽናፎም ንሓንቲ ሃገር ኬጽልሉ ዚኽእሉ ኣለዉ። ኣርእሰቶም ክንዲ ዓበይቲ ጎቦታት ዚኾኑ ኣለዉ። ኩለንትናኡም ብኣዕይንቲ ዚተሸለሙ ኽኣ ኣለዉ። ሽዱሽተ ክንፊ ዘለዎም ኣለዉ፡ ክዳውንቶም ድማ ሓዊ እዩ። ብመባርቕ ዚተሸለሙ ኣለዉ። ብደመናታት ዚተጐናጸፉ ኣለዉ፡ ንነፋሳት ዚጭብቱ ኣለዉ፡ ኣእጋሮም ዓንዲ ሓዊ ዚኾኑ ኣለዉ፡ ብኣኽናፎም ባሕርታት ዜንድዱ ኣለዉ። ብዘይካ እግዚኣብሔር ንበይኑ ኩነታት መላእኽትን መፈጸምታኡምን ዋላ ሓደ እኳ ዚፈልጥ የልቦን። ኩፋ. 2፡7-8።
19. ከም ዳዊት “ሓደ ሺሕ ዓመት ኣብ ቅድሜኻ ከምዛ ትማሊ ዚኃለፈት ዕለት እያ” መዝ. 89፡4-5።
20. እንሆ ከምቲ ቅዱስ ጴጥሮስ ዚበሎ “እንሆ 24 ሰዓት ናይ ዕለት ሰንበት፡ ንሳ እታ ዕለት እቲኣ ብእኡ ሓንቲ መዓልቲ እያ፡ ብኣና ግና ዓሠርተ ዓመት እያ” ዚበሎ 2 ጴጥ. 3፡8-9።

ኣክሲማሮስ ዘእሑድ ኣብዚ ተፈጸመ።

አክሲማሮስ ዘሰኑይ

ቀዳማይ ክፍሊ

1. እግዚኣብሔር ኣብ መንጎ ማይ ንማይ ምእንቲ ኽፈሊ ጠፈር ይኹን በለ፡ ከምኡ ድማ ኾነ፡ እታ ብዝጎ ተባዝጎ ዝበላ ማይ ካብ ምድሪ ክሳዕ ብሩህ ሰማይ መልኣት፡ ዘፍ. 1፡6-9።
2. ጠፈር ኣብ ማእከል ሰማይ ይኹን።
3. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ክፍሊ ናይታ ዓባይ ማይ ወሲዱ ናብ ልዕሊ ሰማይ ኣዕረጋ፡ ካብ ጫፍ ክሳዕ ጫፍ ከኣ መልኣት፡ ሓደ ኾይና ድማ ደው ኢላ ጸንዐት፡ ከም ሓጺን ከኣ ረግኣት፡ ከምቲ ኣብ ሰፈሩ ዚኣተወ ሴፍ ኮነ።
4. ቤቱ ብማይ ዚሠርሕ፡ ንሠረገላኡውን ደመና ዚገብር። መዝ. 103፡3።
5. ጠፈር ቤቱ ማይ እዩ። ደመና ድማ ሠረገላታቱ እዩ።
6. ኣነ እግዚኣብሔር ማይ ይተኣከብ ኢለ ኣሎኹ፡ ኵሉ ምስ ኣዘዘ እቲ ማይ ኣብ ሠለስተ ተኸፍለ።
7. ማእከል ማይ ከኣ ተረኽበት፡ ኣብ ሰማየ ሰማይ ድማ ኣሰራ፡ ከም ጫፍ ገይሩ ኸኣ ቀጽሪ ኣውፅኣሉ፡ ቅጽሪ ሰማይ ልዕል ኣበለ፡ ምስቲ ሰማየ ሰማይ ደሚሩ ድማ ከምቲ ንሱ ዝፈለጦ ማኀተም ኃቲሙ ገደፎ።
8. እንሆ ከኣ ሾብዓተ ሰማያት ከም ዘሎ ተፈልጠ። ሾብዓተ ኣየራት ከምዘሎ ተፈልጠ።
9. እግዚኣብሔር ንጠፈር ከም ቤት ንጉሥ ገይሩ ፈጠሮ።
10. እግዚኣብሔር ሰማይ ንምጽናዕ ማይ ሰቐለ፡ ከምኡ ኸኣ እግዚኣብሔር ዓሠርተ ሚእቲ እልፊ ኣንቀጻት ገበረ፡ እቲ ኵሉ መዕፀዊኣ ድማ ማይ ገበረ፡ እቲ ኵሉ መድረኽ ቤታ ኸኣ እሳት እዩ።
11. ንነፍሲ ወከፍ ኣፍ ደገ በብኽልተ ምሉሓት ኣስይፍቲ ዚኃዙ መላእኽቲ ድማ ወሰኽለን። ብዘይካ እቲ ኣብ ኢዱ ትእምርተ መስቀል ዘለዎ ልዑል ካልእ ንላዕሊ ዚዓርግን ንታሕቲ ዚወርድን ምእንቲ ኸይህሉ ኢሉ እዩ።
12. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ ወሪዱ ኣብ ሃኖስ ኣትዩ ኵለንትናኣን ኵሉ ኣብኣ ዚነብርን ኃተማ፡ ንሳ ድማ ፈጣሪኣ ፈሊጣ ኣመስገነቶ።
13. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ ወሪዱ ንጠፈር ንሳ ድማ

ፋሌክ እትበሃል መርበብ ሰማይ ኵለንትናኣን ነቲ ዅሉ ኣብኣ ዘሎን ቀብኡ፡ ንሳ ድማ ንፈጣሪኣ ፈሊጣ ኣመስገነቶ።

14. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ካብታ "ብዝጎ ተባዝጎ" ዚበላ ንፋስ ንባሕሪ ሃኖስ ንምስካም ናብ ኣርባዕተ መዓዝነ ዓለም ከፊሉ ናብ ላዕሊ ኣውፂኡ ባሕሪ ሃኖስ ኣሰከማ፡ ንሳ እታ ንፋስ ከኣ ነቲ ግሩም ዚኾነ ናይ ሃኖስ ባሕሪ ተሰኪማ ጸኒዓ ቐመት።
15. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ካብታ "ብዝጎ ተባዝጎ" ዚበላ መሬት በብሩሁ ናብ ላዕሊ ገዲፉ ጸጸሊሙን ብርቱዑን መሬት ናብ ታሕቲ ኣውሪዱ ዕመቀ ዕመቃት ኣስፊራ፡ ንእኣ ናይ ዅሉ መሬት መስፈሪ ንኽትከውን መሠረተ ገበራ።
16. ንሳ ድማ እልፊ፡ ኣእላፋት ፀሓይ እኳ እንተዚኣትዋ ንጸልማታ ኬብርሃ ኣይኽእልን፡ ከምቲ ብሓጺን ኪውቀር ዘይኽእል እምኒ ገይሩ ኣጽንዓ፡ ስማ ድማ በርባሮስ ኢሉ ሰመያ።
17. እግዚኣብሔር ኣብ መጀመርታ ሰማይን ምድርን ፈጠረ፡ ምድሪ ድማ ጥራያ ነበረት፡ ሓደ እኳ ኣይነበራን፡ ጸልማት ከኣ ኣብቲ ዓሚቕ ነበረ፡ መንፈስ እግዚኣብሔር ድማ ኣብ ልዕሊማይ ሰፊሩ ነበረ፡ ድጎሪ'ዚ እግዚኣብሔር ነታ "ብዝጎ ተባዝጎ" ኢልዋ ዝነበረ ንፋስ ኣብ ልዕሊ ማይ መሊኣ ሰፊሓ ኃዲራ ውዒላ ነበረት። ዘፍ. 1፡1-3።
18. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ካብታ "ብዝጎ ተባዝጎ" ዚበላ ንፋስ በብሩሁ ናብ ላዕሊ ገዲፉ ጸጸሊሙን ብርቱዑን መሬት ናብ ታሕቲ ኣውሪዱ ኣብ ልዕሊ በርባሮስ ካብ ኣየር ኣረኃጎቕ ገደፎ።
19. ምድሪ ግና ካብ ቅድም ምስ ሰማይ ሓደ ኾይና ነበረት።
20. ምድሪ ኽኣ ክሳዕ ክም ርግኡ ካብ ጸባ ገይሩ ዘርግኣ ቀጢን ጸብሪ ነበረት፡ ክሳዕ ኣእማንን ዓበይቲ ኅቦታትን እምባታትን እትወልድ ብመንክር ግብሪ ኣዝዩ ኣግዘፋ።
21. ነታ ማይ ድማ ናብ ትሕቲ ምድሪ ኣውሪዱ ኣብ ልዕሊ ሓዊ ኣብ ኣየር ኣረኃጎቕ ገደፋ። ምስ ንፋሳት ከይትቃራረብ ድማ ምስ እሳት ኣብ ማእከላ ኣየራት ገበረላ።
22. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ንቐጽሪ ማይ ምስ ቀጽሪ ሓዊ፡ ንቐጽሪ ሓዊ ምስ ቐጽሪ ንፋስ፡ ንቐጽሪ ንፋስ ምስ ቀጽሪ በርባሮስ ሓደ ገይሩ ንሱ ብዚፈልጦ ማኅተም ኃቲሙ ገጢሙ ገደፎ።
23. እንተኾነ ግና ብዓቕመን ደኣለን እምበር፡ ከም ኣየር ናይዚ ዓለም እዚ ኣየራትን ርኑቓት ኣይኮናን።
24. ንምድሪ ከም መርከብ ደኣ ኣብ ልዕሊ ማይ ኣጽኒው ሠርሓ እምበር፡ ንምድርን ንማይን ኣየራት የብለንን። መዝ. 135፡6።

25. ሕንብርቲ ማይን መሬትን ንሳ ድማ ዱዳሌብ እያ። በዛ ዱዳሌብ ቅድም ንኣቦና ኣዳም ተፈጢሩላ፡ ደኃር ከኣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብመስቀሉ መድኃኒት ገበረ።
26. እግዚኣብሔርሲ ቅድሚ ዓለም ንጉሥ እዩ፡ ኣብ ማእከል ምድሪ ኸኣ መድኃኒት ገበረ። መዝ. 72፡12-13።
27. ንጠፈር ኣብ ልዕሊ እቲ ጽኑዕ እምኒ ኣድማስ ኣጣበቕዋ። (ኣድማስ ናይ በርባሮስ ከንፈር እዩ)። ንሱ ብዝፈልጦ ማኅተም ገጢሙ ኃቲሙ ገደፋ።

ካልኣይ ክፍሊ

1. ድኅር'ዚ እግዚኣብሔር ኣብ መንጎ ዙርያ ኣድማስን ናጌብን ነቲ ከም ዕጣቕ ተቐኒቱን ተጠምጢሙን ዚነበረ ማይ ዙርያኡ ሸሞ፡ ስሙ ድማ ውቅያኖስ ኢሉ ሰመዮ። ቀጽሪ ምድሪ ምስ ቀጽሪ ሰማይ ደምበረ ፡ በቲ ንሱ ዚፈልጦ ማኅተም ከኣ ኃተሞ።
2. እቶም ዚተረፉ ማያት ድማ ሾብዓተ ባሕርታት ኮኑ፡ እንተኾነ ግና ኣብ ቅድሚ ውቅያኖስ ከም ሕፃብ ጻሕሊ እዮም።
3. እታ ትሕቲ ምድሪ ዘላ ባሕሪ ኣንስተይቲ እያ፡ እቲ ንሰማይ ዚዓርግ ባሕሪ ኸኣ ተባዕታይ እዩ።
4. እግዚኣብሔር ንምድሪ ኅቦታት ክትወልድ ምስ ኣዘዛ፡ ነቶም ዓበይቲ ኅቦታት ብዓበይቲ ሚዛናት፡ ነቶም ነኣሽቱ ኅቦታት ከኣ ብነኣሽቱ ሚዛናት ይመዘን፡ ደጋ ይደላደል፡ ቁላ ይጕደል፡ ሩባ ይከፈል፡ ኢሉ እንተኣዘዘ እቲ ዓበይቲ ኅቦታት ብዓበይቲ ሚዛናት ፡ ንእሽቶ ኅቦ ብንእሽቶ ሚዛን ተመዚኑ ተመዓራረየ፡ ደጋ ተደላደለ፡ ቁላ ጕደለ፡ ሩባ ተኸፍለ፡ "ንማያት ብሕፍኑ ዚሰፈረ፡ ንሰማይ ብኣፃብው ዚሰደረ፡ ንሓመድ ምድሪ ብመስፈሪ ኣኪቡ ዚኃዘ፡ ንኅቦታትን እምባታትን ብሚዛን ዚመዘነ መን እዩ፧ ኢሳ. 40፡12-13።
5. ኣብኣተን ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣፍ ደገ ከክልተ መላእኽቲ ዚተመዘ ሴፍ እናኣትኃዘ ሓለውቲ ገበረለን።
6. ከምኡ ድማ እግዚኣብሔር፡ ኣብ ትሕቲ ምድሪ 24 መሳኹቲ 6 ብምሥራቅ፡ ፡ 6 ብምዕራብ፡ 6 ብሰሜን፡ 6 ብደቡብ ገበረ። እዚ ኸኣ ንፋሳት በዚኣተን እናወፅኡ ንምድሪ ምእንቲ ኬስተንፍዋ ኢሉ ገበሮ፡ ሄኖ. 21፡5-9።
7. ድኅር'ዚ እግዚኣብሔር ነቶም ኣብ ትሕቲ እሳት ዘለዉ ንፋሳት 22 ሓለቓታት ገበረሎም፡ እቶም 4 ሓለቓታት ናይ ምሕረት ንፋሳት፡ እቶም ሸሞንተ ሓለቓታት ድማ፡ ናይ መዓት ንፋሳት እዮም። ሄኖ.

25፡1-5።
8. ንንፋሳት ካብ መዛግብቶም የውፅኦም። መዝ. 134፡7።
9. ከምቲ ኣብ ጥቓ መዓቱ ኣሎ ምሕረቱ ዚበሃል ሄኖ. 25፡6-18።
10. ሽዑ ምድሪ ኩለንትናኣ ደረቐት፡ ጎቦታት ኩርባታትን ኣጻድፍን ኣእማንን፡ ካብ ኃይሊ እቲ ናብኣ ዚነፍስን ካብ ኃይሊ እቲ ናብኣ ገጹ ዚነድድ ሓውን ምድሪ ደረቐት።

መግለጺ. ቁ. 10 ድጎርጎዚ እቶም 12 ሓለቓታት እሳት፡ በተን 12 መሳኸቲ፡ እቶም 24 በተን 24 መሳኸቲ ወፂኦም፡ ነቲ ብምሥራቕ ዚነበረ ንምዕራብ፡ እቲ ናይ ምዕራብ ከኣ ናብ ምሥራቕ፡ እቲ ናይ ሰሜን ድማ ናብ ደቡብ፡ ናይ ደቡብ ናብ ሰሜን ናብዝን ናብትን ምስ ተመላለሱ፡ እቲ ጎቦ ረግኡ፡ ጸንዐ፡ ጸኒዑ ኸኣ ብሓጺን ዘይውጋእ ኮነ፡ ምድሪ ግና ፡ ገና ካብ ሥላሴ ዘርኢ ስለ ዚወደቓ፡ ኣጸቢቓ ኣይደረቐትን ኣጸቢቓውን ኣይረግኣትን፡ ኣዝያውን ኣይጠለለትን፡ ነቲ ማይ ምጽይ ኣቢላ ሰትያ፡ ከምቲ ህሩስ ግንቦተ-ሰነ ኮይና ለስለሰት።
11. ደመና ድማ ካብ ምድሪ፡ ብሙቐት እሳትን ንፋስን ተፈጥረት።
12. ከምቲ ቅዱስ ኤፂፋንዮስ “ንሳ እታ ደመና ንውቅያኖስ ኣልበሳ፡ ባሕሪ ካብ ከርሢ ኣዲኣ ምስ ወፅኣትብዓናቕጽ ገይሩ ሓጸራ፡ ክዳና ኸኣ ደመና ገበረላ፡ ብግመ ድማ ጠቐለላ” ዚበሎ (ቅዳ. ኤፂፋንዮስ)።
13. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ንንፋስን ንእሳትን፡ ኣብ መስከትኩም እተዉ፡ ኣብ በቦታኹም ጽንዑ ኢሉ ኣዘዞም። ሄኖ. 11፡8-9።
14. ኩሎም ሥጋ ዚለበሱ ምእንቲ ኪጥዕምዎም እሳትን ንፋስን ተረፉ።
15. ንንፋስ ንበይኑ እንተተንፍሶ፡ ኹሉ ካብ ኃይሊ ቓልካ ዚተላዕለ ይምእርር፡ እሳት ጥራይ ንበይኑ እንተመዘዝካ ድማ ኹሉ በቲ ብዝጎ ሙቐት ምነደደ ነይሩ።
16. ንኹሉ ኸኣ ብጥበብ ገበርካዮ። መዝ. 103፡24-25።
17. እግዚኣብሔር ንበርባሮስ (ሲኦል) ጽልመት ውለዲ ኢሉ ምስ ኣዘዛ ቀጢን ጽልመት ወለደት፡ ንእኣ ድማ ለይቲ ኢሉ ሰመያ።
18. እግዚኣብሔር ንጽልመት ኣብ ነፍስ ወከፍ ኣጋ ምሸት ለይቲ ምእንቲ ክትከውን ብመሳኸቲ ምዕራብ ዕረግ፡ ፀሓይ ምስ በረቐ ኸኣ ናብ በርባሮስ ኣዴኻ ተመለስ” በሎ እሞ ኸምኡ ኾነ።
19. ኣብ ኩላ ዓለም ድማ ብርሃን መልኣ።
20. ጽልመት ከኣ ክሳብ ፋሌክ ሰማይ ጐልበበ።
21. መን እዩ ንብርሃን ምስ ጽልመት ዚደመሮ፧ ንጽድቂ ምስ ኃጢኣትከ 2ይ ቆሮ. 6፡14-15።

መግለጺ. እሑድ ማለት ሓደ ማለት እዩ፡ ሰኑይ ማለት ከኣ ክልተ ማለት እዩ። ሰኑይ ንፍጥረት ካልኣይ፡ ንቀመር ድማ መበል ሾብዓተ፡ ንፀሓይ ከኣ ሻድሻይ ማለት እዩ። ዕለት ክልተ ፡ ፍጥረት ትሽዓተ ዚበሃል እዚ እዩ፡ እዚ ኣበየናይ ዕለት እዩ ተፈጺሙ እንተተባህለ መጋቢት ዕለት 30 ሰኑይ እዩ።

ኣክሲማሮስ ዘሰኑይ ኣብዚ ተፈጸመ።

ኣክሲማሮስ ዘሥሉስ

ቀዳማይ ክፍሊ

1. እግዚኣብሔር "ምድሪ ቈጽላይ ዘርኢ በብዘርኡን በብዓይነቱን ተብቀል" ዘፍ. 1፡11-13።

መግለጺ፡- እግዚኣብሔር ምሽት ሰኑይ ናብ ሠሉስ ዘውግሕ፡ በጊዜ ሠርክ እንታይ እንታይ ፈጠረ እንተተባህለ ሠለስተ ፍጥረታት ፈጠረ፡ 1. ብምሳር ዚቕረጹ ዕፀዋት ኣእዋም 2. ብማዕጺድ ዚዕጸዱ ኣትክልት፡ 3. ብጽፍሪ ዚእረዩ ፍረታት። እግዚኣብሔር "ምድሪ ዘርኢ ዚህብ ሣዕርን ቡቕልያን፡ ኣብ ምድሪ ኸኣ ከከም ዓይነቱ ዘርኢ ዘለዎ ፍሬ ዚፈሪ ኦም ተብቀል" በለ። ከምኡ ድማ ኾነ። ዘፍ. 1፡11-13።

ሽዑ ንሽዑ ድማ፡ ሣዕሪ ንኸፍከፉ፡ ዕንጨት ንዳጌፉ፡ ጣዕሙ ልምላሜኡ መዓዛኡ ጥዑም ጽቡቕን ምልኩዕን ኮይኑ ብሓደ ጊዜ ዓንቢቡ፡ ፈርዩ ተረኽበ።

2. እግዚኣብሔር ድማ እቲ ዚፈጠሮ ሠናይ ከም ዚኾነ ረኣየ" ከም ዝበለ ሙሴ ዘፍ. 1፡12-14።
3. እግዚኣብሔር ብሸነኽ ምሥራቕ ካብ ምድሪ ልዕል ኢላ ካብ ሰማይ ትሕት ኢላ ገነት ፈጠረ። ዘፍ. 1፡12-13፤

መግለጺ፡- ድኅር'ዚ ነቲ ብሩህ መሬት ብወገን ምሥራቕ ካብ ናጌብ ነጀው ጠቕሊሉ ኣንቢርዎ ነበረ፡ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ ኣብ ኤዶም ገነት ተኸለ፡ ካብ ምድሪ ልዕል ኢላ ካብ ሰማይ ከኣ ትሕት ኢላ ተፈጥረት። ዘፍ. 2፡8-9።

4. ካብቲ ፍረ ዕፀ ሕይወት ሓንቲ እንተተቕንጢባ ኣብ ክንዳኡ ቅድሚ ነታ ዚቕንጠብዋ ምጥዓሞም ካልእ ይወፅእ።

መግለጺ፡- ሄኖክውን ንዕፀ ሕይወት ርእዩ "ወርኢኩ ሰብዓተ ኣድባረ ክቡራነ ወኵሉ ኣሐዱ እምነ ኣሐዱ ወየዐውድዎ ለዕፀ መዐዛ ወሀሎ ውስቴቶሙ ዕፅ ኣልቦ ግሙራ ኣመ ጼነወኒ ወኢኣሐዱ

እምውስቴቶሙ ወባዕዳንሂ ዘከማሁ ኢኮነ ዘይምዕዝ እምኵሉ መዐዛ ወቈጽሉ ወጽጌሁ ወዕፁ ኢይጸመሂ ለዓለም፡ ወፍሬሁኒ ሠናይ፡ ወፍሬሁሰ ከመ አስካለ በቀልት ወውእተ ጊዜ እቤ ነዋ ዝንቱ ሠናይ ዕፅ ወሠናይ ለርእይ ወአዳም ቈጽሉ ወፍሬሁኒ ሞገስ ጥቀ ለርእየ ገጽ።

ክቡራን ክቡራን 7 ጎቦታት ረእኹ፡ ኵላቶም ከኣ ሓደ ካብቲ ሓደ ዚተፈላለየ ዕፀዋት ከቢቦምዎም ነበሩ፡ ኣብ ማእከሎም ድማ ከምኣቶም ገይሩ ዚሸተተኒ ኻልእ ዕንፀይቲ ዘየልቦ፡ ካብ ዅሉ ጥዑም ጨና ዚበልጽ ናይ ሽታ ዕንፀይቲ ዝበለ። ጨንፈሩን፡ ቈጽሉን ፡ ዕንባባኡን ንዘለዓለም ኣይቅምስልን እዩ። ፍሬኡ ሠናይ እዩ። ኣብቲ ጊዜ እቲ እዚ ዕንፀይቲ እዚ ጽቡቕ እዩ፡ ቈጽሉውን ግሩም እዩ፡ ፍሬኡውን ገጽ ንገጽ ንምርኣዩ ጽቡቕ እዩ" በልኩ።

5. ካብ ቅዱሳን መላእኽቲ ሓደ ቅዱስ ሚካኤል "ኦ ሂኖክ፡ ብዛዕባ ሽታ ናይዚ ዕንፀይቲ እዚ እንታይ ትሓትት ኣሎካ፧" በለኒ። "ብዛዕባኡ ክፈልጥ እደሊ ኣሎኹ፡ ዝያዳ ኽኣ ናይዚ ዕንፀይቲ እዚ ነገር ክፈልጥ እደሊ ኣሎኹ" ኢለ መለስኩሉ። ጫፋ ድማ ናይ እግዚኣብሔር ዝፋን መሲሉ እትርእዮ ዘሎካ እዚ ነዊኅ ጎቦ ፡ ናይ ክብሪ በዓል ቤት እግዚኣብሔር ዚነብረሉ ዙፋኑ እዩ። እዚ ጥዑም ዚሽታኡ ኦም ከኣ፡ ክሳዕ እታ ናይ መወዳእታ ዕለት ፍርዲ፡ ካብ ሥጋዊ ንኺትንክዮ ዋላ ንሓደ እኳ ሥልጣን የብሉን" ኢሉ መለሰለይ፡ ኢሉ ተናገረ። ሂኖ. 6፡6-16።

6. እግዚኣብሔር ድማ ንዕፀ ሕይወት ኣብ ማእከል ገነት ተኸላ፡ ጫፋ ካብ ምድሪ ክሳዕ ሰማይ ዚበጽሕ፡ ፍሬኣ ኽኣ ከም ፍረ ሮማን ካብ እግራ ክሳዕ ርእሳ ምሉእ እዩ፡ ዘፍ. 2፡9-10።

መግለጺ፡- እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከኣ፡ ንምርኣይ ባህ ዚብልን፡ ንምብላዑውን ጽቡቕ ዚኾነ ኦም ዅሉ ኣብ ምድሪ ኣብቁለ፡ ኣብ ማእከል ገነት ከኣ ናይ ሕይወት ኦም ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ኣብቁለ። ካብ ፍረ እዛ ዕፀ ሕይወት ሓንቲ ቈሪጹ ብኣፉ ሒኹ ከይወሓጠ ኽሎ፡ ከምቲ ናይ ቀደም ፍረ፡ ተኸቲታ ትርከብ፡ ኣብ ወሰን እቲ ሩባ ብኽልተ ወገኑ፡ ዅሉ ዜፍሪ ኦም ዘበለ ይበቕል፡ ቈጽሉ ዘይረግፍ፡ ፍሬኡ ዘይጐድል፡ በብወርኑ ዅሉ ሓድሽ ፍረ የፍሪ፡ እቶም ማያት ድማ ካብቲ መቕደስ ስለ ዚወፅኡ ፍሬኡ ንመግቢ ይኸውን፡ ቈጽሉ ድማ ንመድኃኒት ይኸውን" ኢሉ ኣሎ፡ ሕዝ. 47፡12-13። ራእ. 22፡2-3።

7. ቅዱሳን ሰባት ካብ ፍሬኡ ኪጥዕሙ ኽለዉ ኣዝዮም ይግረሙ፡ ብለውሃት እግዚኣብሔር እንተዘይኮይኑ ካብዚ ፍረ እዚ ዚጥዕም

የልቦን፡ መቐረቱ ድማ ካብ ኣፍ፡ መዓዛኡ ካብ ኣፍንጫ ክሳዕ ሾብዓተ መዓልቲ ይቕኒ።

8. እዛ ዕፀ ሕይወት ፡ ቈጽላን ፍሬኣን ዕንባባኣን ብዘይ ሕማምን ጻዕርን ንነፍሲ ካብ ሥጋ ይፈላለ።

9. እግዚኣብሔር ኣብ 4 መኣዝን ዕፀ ሕይወት 4 ዓበይቲ ዕፀዋት ተኸለ።

10. እግዚኣብሔር ኣብ ትሕቲ ሱር ዕፀ ሕይወት ማይ ሕይወት ኣውፅኡ፡ እዛ ማይ ሕይወት ካብ ጸባ ሾብዓተ ጊዜ ትፅዕዱ፡ ካብ መዓርን፡ ሽኮርን ሾብዓተ ኢድ ትምቅር፡ እቲ ወሓዚ ማይ ንገነት ምእንቲ ኬስቲ ካብ ኤደም ይወፅእ ነበረ፡ ኣብ ኣርባዕተ ክፍልታት ከኣ ይኸፈል ነበረ፡ ዘፍ. 2፡10-11።

11. እግዚኣብሔር ኣርባዕተ ኣፍላጋት ኣብ ትሕቲ ሱር እቶም ኣርባዕተ ዓበይቲ ዕፀዋት ኣውፅኡ። ዘፍ. 2፡10-15።

12. ንእኣቶም ኣስማቶም ከምዚ እዩ። ኑቲ ሓደ ስሙ ግዮን እቲ ሓሊብ ዜውሕዝ ብኢትዮጵያ ዚዘውር እዩ። ኑቲ ሓደ ስሙ ኤፍራጥስ፡ ቅብኢ ዜውሕዝ ብሮምያ ዚዘውር እዩ። ኑቲ ሓደ ስሙ ኤፌሶን ወይኒ ዜውሕዝ፡ ብኣንጾኪያ ዚዘውር እዩ። ኑቲ ሓደ ስሙ ጤግሮስ መዓር ዜውሕዝ ብቊስጥንጥንያ ዚዘውር እዩ፡ እዞም 4 ማያት ናብዚ ዓለም እዚ ምስ መጽኡ ጽሩያት ማይ ይኾኑ።

13. እቲ ብምሥራቕ ዚፍልፍል ኣብኡ ዘሎ ንኼስቲ ናብ ምዕራብ ገጹ ይዘውር።

መግለጺ፡- “ቦ ዘይነቅዕ እምዕራብ ወየሐውር ለምሥራቅ ከመ ይሥቂ በህየ”፡ ካብ ምዕራብ ወፂኡ ናብ ምሥራቕ ዚኸይድ ኣሎ። ብእኡ ንዘሎ ምእንቲ ኬስቲ እዩ። “ቦ ዘይነቅዕ እምደቡብ ወየሐውር ለሰሜን ከመ ይሥቂ በህየ”። ካብ ደቡብ ወፂኡ ናብ ሰሜን ዚሕወስ ኣሎ፡ እዚ ኑቲ ብእኡ ዘሎ ምእንቲ ኬስቲ እዩ። “ቦ ዘይነቅዕ እምነ ሰሜን ወየሐውር ለደቡብ ከመ ይሥቂ በህየ”። ካብ ሰሜን ፈልፈሉ ናብ ደቡብ ዚሕወስ ኣሎ። ወይ ከኣ ዚኸይድ ኣሎ። እዚ ኸኣ ኑቲ ብእኡ ዘሎ ምእንቲ ኬስቲ (ቅዳ. ኣትና)።

14. ምንቅስቓስ ባሕሪ መንክር እዩ፡ መዝ. 92፡4 ግእዝ/ መዝ. 93፡4 ትግርኛ።

መግለጺ፡- እዞም 4 ኣፍላጋት ኣብ ገነት ከለዉ ግዮን ሓሊብ፡ ኤፍራጥስ ዘይቲ፡ ኤፌሶን ወይኒ፡ ጤግሮስ መዓር እዮም። ናብዚ ዓለም እዚ ኪመጽኡ ኸለዉ ግና ጽሩይ ማይ ኮይኖም ይወርዱ። ከምዚ ኣብዚ ዓለም እዚ ተቐሚጥና ጽሩይ መግቢ በሊዕናን ጽሩይ ማይ ሰቲናን ንደገ ከነውፅኦ ኸሎና ተለዊጡ ዚወፅእ፡ እዞም 4 ኣፍላጋት ከኣ

ናብዚ ዓለም እዚ ኪወርዱ ኸለዉ ተለዊጦም ይወርዱ። ግዮን ፈለገ ሓሊብ ብኢትዮጵያ ይዘውር። ኤፍራጥስ ፈለገ ዘይት ኾይኑ ብሮምያ ይዘውር። ኤፌሶን ፈለገ ወይን ብኣንጾኪያ ይዘውር። ጤግሮስ ፈለገ መዓር እዩ፡ ብቍስጥንጥንያ ይዘውር። ዘፍ. 2፡11-15።

15. እግዚኣብሔር ብወገን ምዕራብ ገነት ነታ ሞት ፈርያ ንአቦና ኣዳም ዘስሓተት ዕፀ በለስ ተኸለ። ዘፍ. 2፡9-10።
16. እግዚኣብሔር ንገነት ዓበይትን ነኣሽቱን ዕፀዋት ከተብቍል ኣዘዛ እሞ ኣብቁለት።
17. ቁጽሊ ዕፀዋት ገነት ድማ፡ ንኡሳን በብ12 እመት ኮይኖም ከም ከዋኽብቲ ብሩሃን እዮም።
18. ኣብዚ ገነት ዘለዉ፡ ኣዝርእቲ፡ ኣትክልቲ፡ ዕፀዋት ከም ዓረር ሚዛን ከቢብ ኮይኑ፡ ጣዕሙ ካብ ኣፍ፡ መዓዛኡ ካብ ኣፍንጫ ክሳዕ ሾብዓተ መዓልቲ ኣይፍለን እዩ።
19. ከምኡ ድማ፡ እግዚኣብሔር ነቶም ኣብኡ ዚነብሩ ድሌቶም ምእንቲ ኪፍጽሙ ብድጎሪኣ ምእንቲ ኪነግፍን ፡ ናብታ ብዕዕቲ እትበሃል ገነት ንኪውርውርዋን ንገነት ዘናፍሳን ዓቢይ ንፋስ ገበረ።

መግለጺ፡- እዝስ ይኹን እሞ ኣብ ገነት ዘለዉ ኣትክልትን ኣዝርእትን ዕፀዋትን ንፍሪኦም መን እዩ ዚበልዮ፧ እንተበሉ ኣብ ብሔረ ብፁዓን ዘለዉ ጻድቃንን ቅዱሳንን ኣብ ገነት ዘለዉ ኣዕዋፍን ይምግብዎም። መንከ የምጽኣሎም እንተበሉ፡ ኣብ ገነት ዚነፍስ ንፋስ ብሸነኽ ምዕራብ ዚተሸመ ንፋስ ኣሎ፡ ንሱ ኣብ ተትሸዓተ ሰዓት ናብ ምሥራቕ ንዓቕበት ገጹ ምስ ነፈሰ ከም ዝናም ኮይኑ ይረግፈሎም፡ ንሳቶም ከኣ ነዚ እናተመገቡ ንፈጣሪኦም ኬመስግኑ ይነብሩ።(ገድለ ኣቡነ ዘሲማስ ተመልከት)

20. በዓል 30 ኣሎ፡ በዓል 60 ኣሎ፡ በዓል 100 ኣሎ ማቴ. 13፡8።

መግለጺ፡- እዞም ኣዝርእትን ኣትክልትን ዕፀዋትን ኬፍርዩ ኸለዉ ብሓደ መንገዲ ጥራይ ኣይኮኑን ዜፍርዩ፡ እንታይ ደኣ፡ ኣብ ርእሶም ዜፍርዩ ኣለዉ፡ ኣብ ጐድኖም ዜፍርዩ ኣለዉ፡ ኣብ ሡሮም ዜፍርዩ ኣለዉ። እዚኣቶም ምሳሌ እዮም። ምሳሌ ናይቶም ኣብ ርእሶም ዚፈርዩ፡ ብርእሶም ጽዒሮም ግዒሮም ናይ ዚነብሩ ሰባት ምሳሌ እዮም። እቶም ኣብ ጐድኖም ዜፍርዩ ድማ ሰብ ሓዳር ኮይኖም ውላድ ወሊዶም ብሃብቶም ነጊዶም፡ ብንብረቶም ተጠቒሞም ናይ ዚነብሩ ኣምሳል እዮም። ኣብ ሡሮም ዜፍርዩ ኸኣ፡ ኣዚዞም ልኢኾም ናይ ዚነብሩ ኣምሳል እዮም። እዚ ሰምዑ እዩ። ወርቁ ግና፡- ሓደ 100፡ ሓደ 60፡ ሓደ 30 ፍረ ሃበ ማቴ.

13፡8-10። እቶም ኣብ ርእሶም ዜፍርዩ ምሳሌ በዓል 100 ክብሪ ኣምሳል እዮም። እቶም ኣብ ጐድኖም ዜፍርዩ ናይ በዓል 60 ክብሪ ምሳሌ። እቶም ኣብ ሡሮም ዜፍርዩ ናይ በዓል 30 ክብሪ ምሳሌ እዮም። ካብዞም ኣትክልትን ኣዝርእትን ዕፀዋትን ወገን፡ ኣብ ርእሶም ኣብ ጐድኖም ኣብ ርእሶም ኣብ ጫፎም ኣፍርዮም ዝርከቡ፡ ንፍረታቶም ድማ ዑፍ ጠጢሙ፡ ጸላኢ ኣርዩ ወሲድዎም ዚተርፉ ኣለዉ። ኣብ ሡሮም ኣፍርዮም ንፍሪኦም ካብ ዑፍ ካብ ጸላኢ ኃቢኦም ዜትርፉ ኣለዉ፡ ናይዚኣቶም ምሳሌታት እዮም።

ምሳሌ ናይቶም ኣብ ርእሶም ኣፍርዮም ዑፍ ጠጢሙ፡ ጸላኢ ኣርዩ ዜትርፎም፡ ኣብዚ ዓለም እዚ ብዙኅ ትሩፋትን ሥነ ምግባርን ሠሪሑም ኬብቅዑ ረኣዩለይ፡ ስምዑለይ፡ ፍለጡለይ ኢሎም ብውዳሴ ኽንቱ ተገዲኦም ኣብቲ ዚመጽእ ዓለም ከይተጠቐሙ ናይ ዚተርፉ ኣምሳል እዮም። ኣብ ሡሮም ኣፍርዮም ንፍሪኦም ካብ ዑፍ ካብ ጸላኢ ከዊሎም ዜትርፉ ኣብዚ ዓለም እዚ ኽለዉ ብዙኅ ትሩፋትን ሥነ ምግባርን ሠሪሑም ኣብሊያም ኣየብላዕናን፡ ኣስትዮም ኣየስተናን፡ ከዲኖም ኣይከደንናን እናበሉ ክብሮም ኃቢኦም ኣብቲ ዚመጽእ ዓለም ናይ ዚጥቀሙ ምሳሌ እዮም።

ካልኣይ ድማ ካብ ሓደ መሬት በቕሎም ዚብልዑን ዘይብልዑን ምቁራትን ዘይምቁራትን ዕረን መርዝን ወይንን ሙዝን ይርከቡ፡ ዕረን መርዝን ምሳሌ ኃጥኣን፡ ወይንን ሙዝን ምሳሌ ጻድቃን እዮም። እዞም ካብ ሓደ መሬት በቕሎም ብምምራርን ብምምቃርን ከም ዚፈላለዩ፡ ጻድቃንን ኃጥኣንን ከኣ ካብ ሓደ ዓይነት 4 ባህርያት ተፈጢሮም ብሥነ ምግባርን ሃይማኖትን፡ ብኽሕደትን ብኽፍኣትን፡ ብኃጢኣትን ጽቡቐ ሥራሕን ተፈልዮም ኪነብሩ ኽለዉ። ጻድቃን ጽቡቐ ሠሪሑም እምነቶም ኣጽኒያም ናብ መንግሥተ ሰማያት ይኣትዉ።

21. ከምቲ ቅዱስ ያሬድ ኣብ መጽሓፈ መዋሥእቱ “ጻድቃንሲ ናብ ጐይታኦም ደኣ ኽዱ እምበር ኣይሞቱን፡ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ድማ ዚደለይዎ ኪህቦም እዩ” ከም ዝበለ፡

<u>መግለጺ</u>፡- ኃጥኣን ግና ኣብ ክሕደትን ኃጢኣትን ክፍኣትን ጸኒያም እምነትን ጽቡቐ ግብርን ኣፍሪሶም ናብ ገሃነመ እሳት ይወርዱ።

22. ፍሪኦም ሕማቐ፡ ዘለላኦም ከኣ መሪር እዩ። ዘዳ. 32፡32-33።

<u>መግለጺ</u>፡- እዞም ኣዝርእትን ኣትክልትን ዕፀዋትን ካብ ፍጥረት ዓለም ኣትኒዞም ክሳዕ ጎልፈት ዓለም በብዘርኦም እዮም ዚበቕሉ እምበር ዘይዘርኦም ኣይበቕሉን እዮም። ከምኡ ድማ ጻድቃንን ኃጥኣንን ዘይዘርኦምን ዘይቤቶምን ካልኣ ኣየምጽኡን እዮም።

23. ብፍሪኦም ክትፈልጥዎም ኢኹም፡ ከምኡ ድማ እቲ ጽቡቕ ኦም፡ ጽቡቕ ፍረ የፍሪ፡ እቲ ክፉእ ኦም ድማ ክፉእ ፍረ የፍሪ ማቴ. 6፡16-18።

መግለጺ፡- ካብ ወገን ኣዝርእትን ኣትክልትን ዕፀዋትን ኣብ እዋን ሓጋይ ለምሊሞም ኣብ እዋን ክረምቲ ዚደርቁን ዚረግፉን ኣብ ክረምቲ ለሚያም ኣብ ሓጋይ ዚረግፉን ኣለዉ። እዚኣቶምውን ምሳሌ እዮም። እቶም ኣብ ክረምቲ ለሚያም ኣብ ሓጋይ ዚረግፉ ኣብዚ ዓለም እዚ ኽለዉ በሊያም፡ ሰትዮም ፡ ተኽዲኖም ኣጊጾም ኣብቲ ዚመጽእ ዓለም ዘይጥቀሙ ምሳሌ እዮም። ከም በዓል መን እንተበሉ ከም በዓል ኪራም፡ ነዊ፡ ዚኣምሰሉ እዮም።

24. ብሕይወትካ ዘሎኻ ዚተሓጐስካዮ የኣኽለካ። ሉቃ. 16፡25።

መግለጺ፡- ኣብ ክረምቲ ደሪቕም ኣብ ሓጋይ ዚለምዑ ፡ ኣብዚ ዓለም እዚ ኽለዉ ጠምዮም ጸሚኦም፡ ዓሪቕም ሓኺኾም ከፊእዎምን መከራ ብኣኰቴት ተቐቢሎም ኣብቲ ዚመጽእ ዓለም ናይ ዚጥቀሙ ምሳሌ እዮም። ከም በዓል መን ዚኣምሰሉ እዮም እንተበሉ፡ ከም ግዱፍ ኣልኣዛር፡ ናይ ኣልኣዛር ነገርከ ከመይ እዩ እንተበሉ

ሓደ ኣልኣዛር ዚበሃል ነዳይ ድዉይ ዕጉሥ ብቕጻዕ ብኽፈር ተፀይሩ ዚኽይድ ነበረ፡ ጥሜትን ጽምእን ምስ ጸንያ፡ ኣብ እንዳ ነዊ ከይደ ርፍራፍ በሊዐ ምነበርኩ መን እሞ ይወስደኒ፧ ኢሉ ተመነየ፡ ካብኡ እዚ ሰሚያም ኪጸድቁ ዚብሉ ሰባት ናብ ደምበ ነዊ ወሰድዎ፡ ኣብኡ ኣጸጊያም ገደፍዎ፡ ነዊ ከይረኣዮ ዝወደቐ ርፍራፉ ብዝደርበየሉ ይምገብ ነበረ። “ወይፈቱ እምፍርፋራት ዘይወድቅ እማዕዱ ለባዕል” ሉቃ. 16፡20-21። እዚ ምስ ኮነ ካብተን ዕለታት ሓንቲ መዓልቲ ነዊ ፀሓይ ምዕራባ ዘይፈልጥ ፡ ፈጣሪኡ ዘይፈልጥ ፡ ብእምብልታን ብነጋሪትን ብዕልልታን ወፈሩ ናብ ቤቱ ኪኣቱ ኽሎ ንኣልኣዛር ኢድን እግርን ዘይብሉ ቈሪርዎ ይኸውን ኢሎም ክንጸድቕ ዚብሉ ካብ ጽላል ናብ ፀሓይ ኪመውቕ ኣውፅእዎ፡ ካብኡ ነዊ ባዕሉ ረኣዮ፡ ብዅርዓት ፡ ብትምክሕቲ፡ ብመዓት ተጸዊጉ “ነዚ ሕሙም ሰብዚ መን ኣምጽኣለይ! ድኽነት ከልግበለይ እዩ“ በለ፡ እቶም ምስኡ ዘለዉ ሰባት ድማ “ጐይታይ ዘምጽኦ ኣይንፈልጥን፡ እንተኾነ ካብ ጽራይካ ሓተላኻ ካብ ማእድኻ ርፍራፍካ ተመጊቡ ዚነብር እዩ” በልዎ። እዚ ቓል እዚ ምስ ሰምዐ “በሉ ናይ ዝኃለፈስ ኃለፈ፡ ቀልጥፉ! ንበረኻ ደርብይዎ “ ኢሉ ኣዘዞም፡ ወሲዶም ከኣ ደርበይዎ ብጽምእን ብጥሜትን ሞተ።

ድጎሪ እዚ መላእክተ ብርሃን ክዳን ብርሃን፡ ቀሚስ ብርሃን ኣልበስዎ፡ ዝናር ብርሃን ኣዕጠቕዎ፡ ኣኽሊል ብርሃን ኣብ ርእሱ ደፊኦም

ወሲዶም ምስ ኣብርሃም ኣብ ገነት ኣቐመጥዎ፡ “ወወሰድዎ መላእክት ውስተ ጎፅነ ኣብርሃም” ከም ዝበለ ሉቃ. 16፡22። ነዌ እውን “ኔርካ ኔርካ ናብ መሬት፡ ዜርካ ዜርካ ናብ ቤት” ከም ዝበሃል እዩ’ሞ ሞት ኣይተርፍን ሞተ። ምስ ሞተ፡ ብድጎሪኡ መላእኽቲ ጽልመት ናይ ነዌ ነፍስ ብጸልማት ቄርበት ጠቐሊሎም፡ ብመቐጐሕ ሓዊ ኣሚሮም ፡ ብገመድ ሓዊ ሓኒቐም፡ ኣኽሊል ሓዊ ደፊኦም ኣብ ገሃነመ እሳት ደበይዎ። “ወሞተ በዕልኒ ወተቀብረ” ከም ዝበለ፡ ብድጎርዚ ብፍቕድ እግዚኣብሔር ነዌን ኣልኣዛርን ኣረኣእዮም፡ ከመይ ኢሎም ተረኣእዩ እንተበለ፡ ሓታቲ ፡ ነዌ ንኣልኣዛር ክዳን ብርሃን ለቢሱ፡ ሣእኒ ብርሃን ኣእትዩ፡ ኣኽሊል ብርሃን ኣብ ርእሱ ደፊኡ ምስ ኣብርሃም ኣብ ገነት ተሚጡ ረኣዮ፡ ኣልኣዛርውን ንነዌ ብማእሲ ጸልማት ተጠቐሊሉ ፡ ብመቐጐሕ እሳት ተኣሲሩ ፡ ብማይ ጽምኢ ጐሮሮኡ ነቒጹ፡ ኣብ ማእከል ገሃነመ እሳት ወዲቑ ተጨኒቑ ረኣዮ፡ ክልቲኦም ተረኣእዩ፡ ምስ ተረኣእዩ ነዌ “ኣቦይ ኣብርሃም” ኢሉ ጸዊዑ ፡ “ካብ ዅሉ ማይ ጽምኢ ጸኒዑኒ፡ መልሓሰይ ኣሲሩኒ፡ ብጣሳ ማይ ስደደለይ” ኢሉ ለመኖ፡ “ወበሲኦል ኣንሥኢ ኣዕይንቲሁ እንዘ ሀሎ ውስተ ደይን ወርእዮ ለኣብርሃም እምርኁቅ ወኣልዓዛርኒ ውስተ ሥፅኑ ወጸውዐ ወይቤሎ ኣባ ኣብርሃም ተሣሃለኒ፡ ወፈንዎ ለኣልኣዛር ከመ ይጥማዕ ጽንፈ ኣፅባዕቱ ማየ ወያቀርረኒ ልሳንየ እስከ ሐመምኩ በዛቲ እሳት።”

ኣብርሃምውን በሎ “ከይሞትካ ብደውካ ከሎኻ ዘየቐመጥካዮ መን ቀዲሑ የምጽኣልካ፤ ዘምጽኣልካስ እንተተረኽበ በየን ይኃልፍ፤ ኣባናን ኣባኻትኩምን ኣብ ማእኽልናን ኣብ ማእኽልኩምን ዘሎ ጸድፊ ኣይረአኻዮን ዲኻ፤” በሎ። እዚ ጸድፊ እዚ እንታይ እዩ፤ እንተበለ ሓታቲ ናይ ነዌ ኃጢኣት ከም ጸድፊ መሲሉ ንኣብርሃም ተራእዮ፡ “ተዘከር ኦ ወልድየ ዘከመ ፈጋዕከ ወተፈሣሕከ በሕይወትከ፡ ወጸድፍ ዐቢይ ይከልኣነ ማእከሌነ ወማእከሌክሙ ከመ እለሂ ይፈቅዱ ይኅልፉ ኢይክሉ መጺኦ ኀቤክሙ” ነዌውን ኣልኣዛር ኣብ ደኃሉ ወዲቑ ከም ዚነበረ ይፈልጥ ነበረ እሞ፡ “በጃኻ ካብ ዝረኽብክዎ ዅሉ መከራ ጽምኢ ጸኒዑኒ ንኣልኣዛር ስደደለይ ብኣፃብዕቱ ጌሩ ማይ ጐሪሮይ ከተርክሰለይ ምእንቲ ክዝሕለኒ” በለ። ኣብርሃምን ኣልኣዛርን ጒይትነቱ ኣይረአኻዮንዶ፤ ንስኻ ቀደም ብጐይትነት ከሎኻ ትእዝዞዶ ኣይነበርካን! ደጊምሲ ኣልኣዛር ብዘይ ፈጣሪኡ ዝእዝዞ የብሉን፡ “መኑ ይኤዝዞ ለኣልኣዛር” ከም ዝበለ ወንጌል። ነዌ “ደጊምሲ ኣነ መከራይ ከም ዝበዝኔ ሥቓይ

ከም ዝጸንዓኒ ምትራፈይ እዩ “ እንተበሎ፡ ኣልኣዛር ብማይ ጽምኢ ቀተልካዮ ፍዳ እዩ፡ ፍዳኻ ተቐበል። “ወይፈድዮ ለኵሉ በከመ ምግባሩ” መዝ. 61፡12 ። ነዚ ከምዚ ዝበለ መከራ ሃበካ፡ እቲ ዝሓንቀቕካዮን ዘጌጽካዮን ይኣኽለካ ሕጂ ከምኡ ኢልካ ምትራፍካ እዩ ሉቃ. 17፡25።

ድጎር'ዚ ምስ ኮነ፡ ነዌ ንኣብርሃም ጸዊው ንኣይ እኳ ዘይኮነለይ በጃኻ ናብ ኣዝማደይ ንኣልኣዛር ለኣኽለይ” በሎ። “ወይቤሎ አባ አብርሃም ፡ እስእለከ ከመ ትፈንዎ ለአልአዛር ውስተ ቤተ አቡየ እስመ ብየ ኃምስቱ አኀው” ኣብርሃምውን እዚ ቓል ምስ ሰምዐ “እንታይ ኢለ ክልእከልካ፧” በሎ። ነዌ ኸኣ “ኣነ ኣብ ገሃነመ እሳት ኣብ ጉድጓድ ወዲቐ ኣሎኹ ንስኻትኩም ግና ኣስራት በኵራት ቀዳምያት ኣውፂእኩም ሃይማኖት ተማሂርኩም ምግባር ጌርኩም ድጎሪ ብሥርዓት ኪንኩም ናብ ገነት ናይ ጻድቃን ቤት (ቦታ) ክትኣትዉ ኢኹም” እንተበደልኩም ከኣ ንስሓ ኣቲኹም ተዳሊኹም ንዑ “ ኢልካ ለኣኽለይ” በሎ። “ይንግሮሙ ወይስምዑ ወኢይምጽኡ ውስተ ብሔረ ሕማም” ኣብርሃም እውን ምላሽ መለሰሉ “ቀደም መምህራን ተሸይሞሙሎም ፡ መጻሕፍቲ ተጻሒፎሙሎም'ዶ ኣየለዉን! ንኣታቶም ሰሚያም ንስሓ ኣትዮም ለቢሞም ይምጽኡ እምበር፡ እንታይ ኢለ ክልእከልካ ኢልካኒ” በሎ። “ወይቤሎ አብርሃም ቦሙ ሙሴ ወነቢያት ኪያሆሙ ይስምዑ” ሉቃ. 16፡28-31። ነዌ ከኣ “እዚኣቶም እሞ ኣነስ እሰምየምዶ ኣይነበርኩን፡ እንተ ነገሩኒ ኣይሰምዕን፡ እንተመኸሩኒ ኣይሰምዕን ኢለ ከምዚ ዝበለ መከራ ዝረኽበኒ ኣይመስለንን ካብ ምዉታን ሓደ ተንሢኡ ድጎሪ ዘይነገሮም ኣይሰምዑን ኣይምለሱን እዮም። “ወለእመ ኢሖረ አሐዱ እምነ ምዉታን ኢነገሮሙ ኢየአምንዎ ወኢይሰምዕዎ” ኣቦና ኣብርሃምውን ምላሽ መለሰ መጻሕፍቲ መምህራን ድጎሪ ዘይሰምዑ ትዕቢተኛታት እዮም እሞ ግደፎም ፍዳኦም ይቀበሉ፡ “ወይቤሎ አብርሃም ለእመሰኬ ሙሴሃ ወነቢያተ ኪያሆሙ ኢሰምዑ ለእመኒ ቦ ዘተንሥአ እምዉታን ኢየአምንዎ ወኢሰምዕዎ” ሉቃ. 16፡28-31። እዩ። ምግባር ዘይብሉ በዓል ጸጋ ከም ዘይጸድቕ ብነዌ ተፈሊጡ ኣሎ።

25. ምስ እዚ ኵሉ ዓቢይ ጸድፊ፡ ካባኻትኩም ናባና፡ ካባናውን ናባኻትኩም ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎኹምን ዓቢይ ጸድፊ ኣሎ። ሉቃ. 16፡24-25።

መግለጺ፡- እዚ ብጸድፊ ተመሲሉ ዘሎ እንታይ እዩ እንተበሉ፡ እቲ ናይ ነዌ ኃጢኣት ንኣብርሃም ከም ጸድፊ ኾይኑ ስለ ዚተራእዩ

እዩ።

26. ኣልኣዛር ለኣኽለይ ብጫፍ ክዳኑ ማይ ጠሚው ኣምጺኡ ንመልሓሰይ የተርክሰለይ" በሎ። ሉቃ. 16፡24-25።

መግለጺ፡- ኣብርሃም ድማ ንነዊ ናይ ኣልኣዛር ጐይትነት ኣይረኣኻዮን፡ ንስኻ ብሕይወትካ ከሎኻ መን ይእዝዘካ ነይሩ፤ "መኑ ይኤዝዞ ለአልኣዛር" ካብ ሕጂ ንንየው ድማ ንኣልኣዛር ብዘይካ ፈጣሪኡ ዚእዝዞ የብሉን" በሎ። ነዊ ከኣ እሞ በዚ መከራን ሥቓይን በዚኑኒ ዘሎ ማለት ድዩ፤ በሎ።

27. ኣብርሃም ድማ "እወ ኣብኡ ክትነብር ኢኻ፡ ከመይ ንስኻ ብሕይወትካ ኣብ ምድሪ ጥዒሙካ ዘጌጽካዮ የኣኽለካ። እቲ ንኣልኣዛር ብጽምኢ ማይ ዘቕተላዮ ፍዳ ንመከራ ኣጎሊፉ ሂቡካ እዩ እሞ እወ ኣብኡ ተደርቢኻ ምትራፍካ እዩ" በሎ።

28. ድጎር'ዚ ነዊ "ኦ ኣባ ኣብርሃም እምበኣርከስ ንኣይ ካብዘይኮነለይ፡ ንኣልኣዛር ናብ ቤት ኣቦይ ክትልእኮ እልምነካ ኣሎኹ። ከመይ 5 ኣኀዋት ኣለዉኒ እሞ ንሳቶም ድማ ናብዚ ቦታ ሥቓይ ከይመጽኡስ ይመስክረሎም" በሎ። ሉቃ. 16፡27-30።

29. ኣብርሃም "ካብ ቅድም መምህራን ተሸይሞምሎም፡ መጻሕፍቲውን ተጻሒፎሙሎም፡ ንእኣቶም ይስምዑ" በሎ። ሉቃ. 16፡27-28። ነዊ ነዚኣቶም ደኣ ኣነስ እሰምየምዶ ኣይነበርኩን፡ እንተነገሩኒ ኣይሰምዕ፡ እንተመኽሩኒ ኣይምልስ ኢለ እምበር ከምዚ ዝበለ መከራን ሥቓይን ዝረኽበኒ'ዶ መሲሉኒ" በለ።

30." ንሳቶም ድማ ሓደ ካብ ምዉታን ከይዱ እንተዘይነጊርዎም ኣይኣምኑን እዮም" በሎ።

መግለጺ፡- ኣብርሃም፡ እዞም እንቢ ዚብሉ እትብሎም ዘሎኻስ ጎደኻም ፍዳኡም ይቀበሉ፡ ዋጋኡም ድማ ይከፈሉ" በሎ።

31. ኣብርሃም ከኣ ንሙሴን ንነቢያትን እንተዘይሰሚያም እሞ ካብ ምዉታን ተንሚኡ እንተነገሮምውን ኣይሰምዕዎን እዮም።

መግለጺ፡- እቶም ኣብ እዋን ክረምቲ ለሚያም ኣብ እዋን ሓጋይ ዚደርቁ ኣምሳል ነዊ እዮም ዚተባህሉ ነዚ እዮም። ከምኡ ድማ ኣብ እዋን ክረምቲ ዘይዕንብቡን ዘይፈርዩን ኣለዉ። እዚኣቶምውን ምሳሌ ኃጥኣን እዮም። እቶም ኣብዚ ዓለም እዚ ጠምዮም ጸሚኡም፡ ሓኺኾም ከፈእዎም ንመከራ ብኣኩቴት ኣይንቕበሎን ኢሎም እናሰረቑ፡ እናዓመጹ ዚነብሩ ኣብቲ ዳኅራይ ዓለም ባራዩ ሳጥናኤል ከይኖም ኪነብሩ እዮም።

32.ንሃብታምውን እንተኾነ ከምቲ ዚተገምገመሉ እዩ እምበር ሃብታም ኢሉ ኣይኃፍሮን እዩ። ንድኻውን ንእኡ እንተዘይኣሓጉስድዎ ስለ

ድኽነቱ ኢሉ ኣይርኅርኃሉን እዩ (ቅዳ. ኣትና. ዘፀ. 31፡19-20። ሮሜ. 9፡15-16።

መግለጺ፦ ክረምቲ ምስ ሓጋይ ለሚያምን ዓንቢቦምን ኣፍርዮም ዚነብሩ ኣለዉ፡ እዞም ጻድቃን እዚኣቶም ምሳሌ እዮም። በዓል መን እዮም እንተተባህለ ከም በዓል ኣብርሃም፡ ይስሓቅ፡ ያዕቆብ ኣብዚ ዓለም ከለዉ ወሊዶም ከቢዶም ገዚኦም በሊያም ሰትዮም ኣብቲ ዚመጽእ ዓለም ተጠቂሞም።

33. በቲ ዝሰፈርክምዎ መስፈር ኪሰፍሩልኩም እዮም። ማቴ. 7፡2-3።

34. ካብ ማሕፀን ኣዲኦም ኣትኒዞም ዚተጎርዩ ኣለዉ።

መግለጺ፦ ካብ ወገን ኣዝርእትን ኣትክልትን ዕፀዋትን ኣብ መጋቢትን ሚያዝያን ተዘሪኦም፡ ፀሓዩን ዝናሙን ክኢሎም ኣብ ነዊኅ እዋን ዚኣትዉ ከም በዓል ዳጉሻን ማሸላን ዚበሉ ኣለዉ። እዚኣቶም ምሳሌ እዮም፡ ከም በዓል መን እንተበሉ፡ ከም በዓል ቅዱስ ጊዮርጊስ፡ ብዙኅ ሥቃይን መከራን ተቐቢሎም ብዙኅ ክብርን ዋጋን ዚረኽቡ እዮም።

35. ከመይ ንመንግሥቲ እግዚኣብሔር ብብዙኅ መከራ ኢና እንኣትዋ፡ ግብ. ሓዋ. 14፡22-23።

መግለጺ፦ ከም በዓል ኢዮብ ብዙኅ ሕማምን ደዌን ተቐቢሎም ብዙኅ ክብርን ዋጋን ዚረክቡ እዮም። ኢዮ. 2፡7-8።

36. ከመይ ካብቲ ብዝኒ መከራ ሕማሞም ዚተላዕለ ሓጐሶም በዝኅ። 2 ቆሮ. 8፡2-3።

መግለጺ፦ ከምኡ ድማ ካብዞም ኣዝርእቲ ኣብ ሓምሌን ነሓሴን ተዘሪኦም፡ ብቕሩብ ማይን ብውሑድ መዓልትን ዚብልዑ ጣፍን ስገምን ንሂጉን ኣለዉ፡ እዚኣቶምውን ምሳሌ እዮም። ከም በዓል መን እንተበሉ፡ ከም በዓል ብዙኃን ሰማዕታት፡ ብናይ ሓደ መዓልቲ መከራ ፡ ብናይ ሓደ መዓልቲ ሕማም፡ ከም በላዔ ሰብኢ፡ ብሕፍንቲ ማይ፡ ከም ፀሪቀ መበለት ዚጥቀሙ እዮም። ሉቃ. 21፡2-5። ማር. 12፡41-44።

37. ንዚጐየየ ኣይኮነ፡ ንዚቐደመ ኣይኮነ፡ ንዚተፈቐደሉ ይምሕሮ ሮሜ. 9፡16-17።

መግለጺ፦ ጐይታ ስለምንታይ እዩ ንሰብ ብመከራ ኣበላሊጽዎ፡ ንገሊኡ ብዙኅ መከራ ተቐቢሉ ብዙኅ ዋጋ ከምዚረክብ፡ ንገሊኡ ድማ ቁሩብ መከራ ተቐቢሉ፡ ብቕሩብ ዋጋ ከም ዚድኅን ዚገበረ፤ ኣብ ጐይታዶ ኣድልዎ ኣሎ እዩ እንተበሉ፡ ኣብ ጐይታ ኣድልዎ ዚበሃል የልቦን፡ እዚ ከም ጽንዓት ልቡን፡ ከም ስፍሓት ኣእምሮ እቲ ሰብን እዩ። እቲ ልቡናኡ ዚጸንዐ፡ ኣእምሮኡ ዚሰፍሐ ብዙኅ

መከራ ተቐቢሉ ብዙኅ ዋጋ ከምዚረክብ ይገብሮ። ነቲ ልቡናኡ ዘይጸንዐ ኣእምሮኡ ዘይሰሕፈ ግና ቁሩብ መከራ ተቐቢሉ ብቑሩብ ዋጋ ከምዚጥቀም ገበረ። ጐይታ ዚኽእልዎ መከራ እዩ ዚህብ እምበር ዘይኽእልዎ መከራስ ኣይህብን እዩ 1ይቆሮ. 10፡13-14።

38. ከምቲ መከራ ሃይማኖትኩም ትዕግሥቲ ኪገብረልኩም እዩ ያዕ. 1፡2-4።

39. ከምኡ ድማ እግዚኣብሔር ብየማን ገነት ክሳዕ ቀላይ ውቅያኖስ ከም በረድ ፃዕዳ ኾይኑ ዜብርህ ባሕሪ ገበረ። ጣዕሙ ኽኣ መንክር እዩ። ብጣዕሚ ይኹን ብመዓዛ ኣብ ኣርባዕተ መኣዝነ ዓለም ዚመሳሰሎ የብሉን።

40. ንእኡ ነቲ ባሕሪ ስሙ ምራቀኣብ ይበሃል። ጻድቃንን ቅዱሳንን ካብ እርጋን ንምሕዳስ ብእኡ እዮም ዚሕፀቡ።

ካልኣይ ክፍሊ

1. ንሳቶም እዞም ትሽዓተ ቦታታት እሳት ምስቲ ኵሉ ኣብኡም ዘለዉ እዞም ዚስዕቡ እዮም።

መግለጺ፡-ዓለማተ እሳት ክንደይ እዮም እንተበሉ 9 እዮም። ንሳቶም ድማ ሠለስተ ዓለማት መላእኽቲ ማለት ኢዮር፡ ራማ፡ ኤረር፡ ራብዓይ ኢየሩሳሌም ሰማያዊት፡ ኃሙሻይ ሰማይ ውዱድ፡ ሻድሻይ መንበረ ስብሓት ሻብዓይ ጽርሓ ኣርያም፡ ሻሙናይ ምጽንዓተ ሰማይ ባሕሪ እሳት፡ ታሽዓይ ገሃነመ እሳት እዮም።

2. ዓለማት ንፋስ ምስቲ ኵሉ ኣብኡም ዘሎ እዞም ዚስዕቡ እዮም።

መግለጺ፡-ዓለማተ ንፋስ ክንደይ እዮም እንተበሉ፡ ክልተ እዮም። ንሳቶም ድማ እቲ ሓደ ኣብ ላዕሊ ካብቲ ባቢል ዚበሃል ዚረግእ ንፋስ፡ ንሃኖስ ተሰኪሙ ዚነብር እዩ። ካልኣይ ንፋስ ካብ በርባሮስ ጀሚሩ ነዛ ዓለም እዚኣ ተሰኪሙ ዚነብር ዓቢይ ንፋስ እዩ።

3. ቦታታት ማያት ምስቲ ኵሉ ኣብኡም ዘሎ እዚኣቶም እዮም።

መግለጺ፡-ዓለማት ማያት ክንደይ እዮም እንተበሉ፡ ኣርባዕተ እዮም፡ ቀዳማይ ካብ ላዕላይ ሃኖስ፡ ካልኣይ ጠፈር፡ ሣልሳይ ውቅያኖስ፡ ራብዓይ ኣብ ታሕቲ ዘሎ መንጸፍ ምድሪ ዚኾነት ማይ እዩ።

4. እቶም 5 ቦታታት መሬት ምስቲ ኵሉ ኣብኡም ዘሎ እዚኣቶም እዮም።

መግለጺ፡-ዓለማተ መሬት ክንደይ እዮም እንተበሉ ኃሙሽተ እዮም። ቀዳማይ ኣብ ትሕቲ በርባሮስ፡ ካልኣይ እዚ ዓለም እዚ፡ ሣልሳይ

ብሔረ ብዑዓን፡ ራብዓይ ብሔረ ሕያዋን፡ ኃሙሻይ ገነት እዮም።
5. "እዛ ዓለም እዚኣ ከምቲ ካብ በርባሮስ ትሕድስን ትበርህን ከምኡ ድማ ገነት ካብተን ክልተ ጐረባብታ ትበርህ፡ ከመይ ንሳ ንጽሕትን ብርህትን እያ።

<u>መግለጺ</u>፡-ካብ በርባሮስ እዛ ዓለም እዚኣ ትበርህ። ካብዚ ዓለም እዚ ድማ ብሔረ ብዑዓን ትበርህ። ካብ ብሔረ ብዑዓን ከኣ ብሔረ ህያዋን ትበርህ፡ ካብ ብሔረ ህያዋን ድማ ገነት ትበርህ።

6. እንሆ ድማ ኵላተን ዓለማት ዕሥራ ኾና። ኣየራትውን ዕሥራ እዮም። ዕሥራ ዓለማትን ዕሥራ ኣየራትን ደኣ ፈጠረ ኣምበር ሓደ ዓለም ጥራይ ዘፈጠረ ኣይምሰልኩም።

<u>መግለጺ</u>፡-ኣፈጣጥራ ዓለማት ምድሪ ከመይ እዩ እንተበሉ፡ ትሕቲ ዅሉ በርባሮስ እያ፡ ኣብ ልዕሊ በርባሮስ ከኣ እዛ ዓለም እዚኣ እያ፡ ልዕሊ እዛ ዓለም እዚኣ ብወገን ደቡብ ብሔረ ብዑዓን እያ። ብሸነኽ ሰሜን ድማ ብሔረ ሕያዋን እያ። ብምሥራቕ ገነት፡ ብወገን ምዕራብ ድማ ሲኦል እያ። እግዚኣብሔር ነዚ ዓለም እዚ ኪፈጥር ከሎ፡ ሓደ ዓለም ጥራይ ኣይኮነን ፈጢሩ፡ እንታይ ደኣ 20 ዓለማትን 20 ንፋሳትን እዩ ፈጢሩ።

7. ኦ ጐይታ ዓለም ምሉእ ዝኃዝካ፡ ሰማይን ምድርን ምስቲ ዅሉ ዓለሞም ዚፈጠርካ ንስኻ ኢኻ። ምናሴ 1፡1-2።

8. ድጎር'ዚ መንፈስ እግዚኣብሔር ናብ ገነት ወሪዱ፡ ንእኣን ነቲ ዅሉ ኣብኣ ዘሎን ቀብኡ፡ ንሳ ድማ ንፈጣሪኣ ፈሊጣን ተረዲኣን ኣመስጊንቶ።

9. ድጎር'ዚ መንፈስ እግዚኣብሔር ናብ ውቅያኖስ ወሪዱ ኵለንትንኣን ኣብኣ ዘሎን ቀብኡ። ንሳ ድማ ፈጣሪኣ ፈሊጣ ኣመስጊንቶ።

10. ድጎር'ዚ መንፈስ እግዚኣብሔር ናብዛ ዓለም እዚኣ ወሪዱ፡ ነዛ ዓለም ኵለንትናኣ ቀብኡ፡ ንሳ ድማ ፈጣሪኣ ፈሊጣ ኣመስጊንቶ።

11. ድጎር'ዚ መንፈስ እግዚኣብሔር ወሪዱ ናብ ንፋስ ኣትዩ፡ ከም ግብራ ፈልዩ ቀብኡ፡ ንሳ ድማ ንፈጣሪኣ ፈሊጣ ኣመስጊንቶ።

12. ድጎር'ዚ መንፈስ እግዚኣብሔር ወሪዱ ንገሃነመ እሳት ኵለንትንኣ ቀብኡ። ንሳ ኸኣ ንፈጣሪኣ ፈሊጣ ኣመስጊንቶ።

13. ድጎር'ዚ መንፈስ እግዚኣብሔር ናብ በርባሮስ ጽልመት ወሪዱ ንበርባሮስ ኵለንትንኣ ቀብኡ። ንሳ ኸኣ ንፈጣሪኣ ፈሊጣ ኣመስጊንቶ።

14. ድጎር'ዚ መንፈስ እግዚኣብሔር ካብ ቀላይ ጽልመት ጐጻጒጽ ዚኾነ መንገዲ፡ ከምቲ ንሱ ዚፈለጦ ናብ ኣርያም ዓረገ።

15. እንሆ ኣፈጣጥራ ዓለማት ተፈጸመ።

መግለጺ፡- ናይ ዓለመ እሳት ፡ ዓለመ ንፋስ፡ ናይ ዓለመ መሬት፡ ዓለመ ማይ ተፈጥሮ ተፈጸመ። ኣብዚ መጽሓፍ ፡ እግዚኣብሔር ወፅኡ፡ ደየበ፡ ኣተወ ዚበሎ በቲ ንሱ ዚፈቕዶ ንምንጋር እዩ እምበር፡ ኣብ እግዚኣብሔርሲ ምውፃእን ምውራድን የልቦን።

16. ከምቲ ቅዱስ ቄርሎስ "ንእግዚኣብሔር ወፅኡ፡ ደየበ፡ ወረደ ዚብሉ ሰባት እንተ ኣልዮም፡ ብኣምሳለ ርግብ ብኣፍ መንፈስ ቅዱስ ውጉዝ ይኹን" ዚበሎ እዩ።

17. ኵሎም ማኅበረ ነቢያትን ዕዝራን ሰሎሞንን፡ ክርስቶስ ዓለም ከምዚፈጠረን ንኵሉ ሰማይትን ምድርን ኵሉ ፍጥረትን ቀቢኡ ከም ዚቕደሰን ኣብ መጻሕፍቶም መስኪሮም ኣለዉ።

18. ድኅር'ዚ ነቲ ኵሎም ሕዝቢ ዚቕብእዎ፡ ቅብኣት ስብእት ዘክርስቶስ ቀብኣ።

መግለጺ፡- እዚ ቅብኣት እዚ እንታይ እዩ፧ እንተበሉ ጐይታና ቐድም ካብቲ ናይ ባህርይ ኣቦኡ፡ ብናይ ባህርይ ውሉድነት ተወሊዱ ናይ ባህርይ ውልድነት ዚራኸበሉ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ሎምውን ሕዝብን ኣሕዛብን ካብ ሥላሴ ናይ ጸጋ ውልድነት ዚውለድሉ ቅብኣተ መንፈስ ቅዱስ እዚ እዩ።

19. ካብ ማይን መንፈስ ቅዱስን ዘይተወልደ፡ ናብ መንግሥተ ሰማያት ኪኣቱ ኣይኽእልን እዩ። ከመይ እቲ ካብ ሥጋ ዚተወልደ ሥጋ እዩ፡ እቲ ካብ መንፈስ ዚተወልደ ኽኣ መንፈስ እዩ። ዮሓ. 3፡3-7።

መግለጺ፡- እዚ ቅብኣት እዚ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ናይ ኵሉ ጸጋ ፡ ክብሪ መንፈስ ቅዱስ ከም ዚኾነ ከረድእ ጐይታና ካብ ረቂቕ ዝተወልደ ረቂቕ እዩ። ካብ ግዙፍ ዚተወልደ ግዙፍ እዩ ንኺብል፡ ካብ ማይ ኣደነት፡ ካብ መንፈስ ቅዱስ ኣቦነት፡ ውሉድነት ወሲዶም፡ ኣሕዛብን ኣረማውያንን፡ ንረቂቕ መንግሥተ ሰማያት ከም ዚወርሱ ተጻሕፈ፡ ተነግረ ዮሓ. 3፡3-7።

20. እቲ ካብ ሥጋ ዝተወልደ ሥጋ እዩ ብዚበሎ ቓል፡ ዘይኣመንቲ ከይተጠምቁ ብግዙፍ ልደቶም ብዘይ ረቂቕ ልደት መንግሥተ ሰማያት ከም ዘይኣትዉ የረድእ።

መግለጺ፡- "ዝተወልደ እመንፈስ ቅዱስ" ብዚበሎ ቓል ካብ ማይ ኣደነት፡ ካብ መንፈስ ቅዱስ ኣቦነት ዚተወልዱ ምእመናን ረቂቕ መንግሥተ ሰማያት ከምዚወርሱ የረድእ።

ካልኣይ፡ ቤተ ክርስቲያን ኣምሳል ጽርሐ ኣርያምን መንበረ ስብሓትን እያ። ኣምሳልነታስ ከመይ እዩ እንተበሉ፡ ቤተ ክርስቲያን ሓኒፁ፡ ሠሪሑ፡ ጳጳሳት፡ ሊቃነ ጳጳሳት፡ ሜሮንን ዘይትን ቀቢኡም፡ እንተዘይኣክቢሮምዋ ቅዱስ ሥጋኡ ኣይቀሪበላን እዩ፡ ክቡር

ደሙ ኣይፈሳን፡ ኣይቕደሳን ኣይትዕጠንን እያ።

21. ዓለምን ቤተ ክርስቲያንን ብዕንፀይቲ መስቀል ክርስቶስን ብኽቡር ደሙን ተቐደሰት።

መግለጺ፡- ሜሮንን ዘይትን ቀቢኦም ምስ ኣኽበርዋ ድማ ቅዱስ ሥጋኡ ይቕረሰላ፡ ክቡር ደሙ ይፈሰላ፡ እታ ብገዛእ ደሙ ዚተበጀዋ ናይ እግዚኣብሔር ቤተ ክርስቲያን፡ ንኽትሕልውዋ መንፈስ ቅዱስ ንኣኻትኩም ጳጳሳት ገይሩ ንዚሸመላ መንሰ ኹሉን ንርእስኽምን ተጠንቀቑ" ተባሂሉ ከም ዚተጻሕፈ፡ ግብ. ሓዋ. 29፡28-29።

22. "ሙሴ ሙሴ እዛ እትኽዳ ምድሪ ቅድስቲ እያ እሞ ኣዛእንካ ካብ ኣእጋርካ ኣውፅእ" ዝተባህለት እዛ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን እያ ዘፀ. 3፡2-6። ኢያ. 5፡15 ግብ. ሓዋ. 7፡ ።

ኣክሲማሮስ ዘሥሉስ ኣብዚ ተፈጸመ።

ኣክሲማሮስ ዘረቡዕ

ቀዳማይ ክፍሊ

1. እግዚኣብሔር ብዕለተ ረቡዕ፡ ሠሉስ ምሽት ናብ ረቡዕ ዜውግሕ እንታይ እንታይ ፍጥረት ፈጠረ፧ እንተበሉ፡ ዓበይቲ ብርሃናት፡ ንሳቶም ድማ ፀሓይ ንመዓልቲ ኬብርህ፡ እቲ ዚነኣሰ ወርኂ ብለይቲ ኬብርህ፡ ምስኦም ድማ ከዋኽብቲ ፈጠረ። ዘፍ. 1፡12።
2. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር እሳትን ንፋስን በብቑሩብ ወሲዱ ሰሌዳ ፀሓይ ገበረ።

መግለጺ፡- ተፈጥሮኦም ካበይ እዩ፧ እንተበሉ፡ ንሰሌዳ ፀሓይ ካብ እሳትን ንፋስን ፈጠረ። ነዚ መረዳእታ ዚኾነና ድማ፡ ብእሳትነታ ተንድድ፡ ተውዒ፡ ብንፋስነታ ኽኣ ትገዪ።

3. ከምኡ ኽኣ እግዚኣብሔር ንፋስን ማይን በብቑሩብ ወሲዱ ሰሌዳ ወርኀን ከዋኽብትን ፈጠረ።

መግለጺ፡- ናይ ወርኀን ከዋኽብትን ሰሌዳኦም ካብ ንፋስን ማይን ገይሩ ፈጠረ። እዚ ኪፍለጥ ፡ ብነፋስነቶም ይኽዱ፡ ብማይነቶም ይዝሕሉ እዮም።

4. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ነቶም 100 ነገድን 10 ሓለቓታት

መላእኽትን፡ ክእለቱ ንኼርእዮም ኣብ ቅድሚኡ ኣቐሞም።

5. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ካብቲ ናቱ ብርሃን ክንዲ ፍረ ሥርናይ እትኸውን ወሲዱ ንፀሓይ ቀብኣ። ሄኖ. 21፡55-57።

መግለጺ፡- ሰሌዳ ፀሓይ ካብ እሳትን ንፋስን፡ ሰሌዳ ወርኃን ከዋኽብትን ድማ ካብ ንፋስን ማይን ፈጠረ ካብ በልና፡ ንብርሃኖምከ ካበይ ኣምጺኡ ፈጠሮ፧ እንተበሉ፡ ካብቲ "ለይኩን ብርሃን" ኢሉ ዚፈጠሮ፡ ክንዲ ፍረ ሥርናይ እትኸውን ኣምጺኡ፡ ንፀሓይ ቀብኣ። ሄኖ. 21፡54-57።

6. ሸዑ እግዚኣብሔር ንመላእኽቱ ዕቤት ብርሃን ፀሓይ ኣርኣዮም፡ ንሳቶም ድማ ኪርእይዋ ኣይተኻእሎምን።

መግለጺ፡- ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር እዝስ ንመላእኽቲ እኳ ዘይተኻእለስ፡ ንሰብ ኣይዓቕሞምን እዩ ኢሉ ብርሃና ከፈለላ። ከመይ ገይሩ ከፈለላ፧ እንተበሉ፡ ነታ ክንዲ ፍረ ሥርናይ እትኣክል ብርሃን፡ ናብ 7 ከፊሉ፡ ክልተ ኢድ ንወርኂ ቀብኣ፡ ኃሙሽተ ኢድ ከኣ ንፀሓይ ተረፈ። ሄኖ. 22፡4-6።

7. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ካብቲ ዕብየት ብርሃን ፀሓይ ክልተ ኢድ ወሲዱ ንወርኂ ቀብኣ፡ ኃሙሽተ ኢድ ድማ ንፀሓይ ተረፈ። ሄኖ. 22፡4-6።

መግለጺ፡- ካብዚ ንፀሓይ ዚተረፈ ኃሙሽተ ኢድ ብርሃን፡ ነቲ ሓደ ወሲዱ ንሽዋኽብቲ ቀብኦም፡ ኣርባዕተ ኢድ ከኣ ንፀሓይ ተረፈ፡ ንሽዋኽብቲ ኪቐብኦም ከሎ ንዅሉቶም ማዕረ ገይሩ ኣይቀብኦምን፡ እንታይ ደኣ ከከም ክብሮም ኣበላሊጹ እዩ ቐቢእዎም።

8. ከምኡ ኸኣ ካብቲ ኃሙሽተ ኢድ ብርሃን ፀሓይ ሓደ ኢድ ወሲዱ፡ ንሽዋኽብቲ ከከም ዕብየቶምን ሞገሶምን ቀቢኡ፡ እቲ ኣርባዕተ ኢድ ንፀሓይ ተረፈ።

9. ኮኾብ ካብ ኮኾብ ብኽብሩ ይበላለጽ እዩ። 1ይ ቆሮ. 15፡41-42።

10. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ካብቲ 4 ብርሃናን ፀሓይ ሓደ ኢድ ወሲዱ፡ ንማያትን ደመናትን ቀብኦም፡ ሸዑ እቲ ሠለስተ ኢድ ኣብ ፀሓይ ተረፈ። ፀሓይ ድማ ከምዚ ሕጂ ዘለዎ ኾነ።

11. ሸዑ መላእኽቲ ነዚ ምስ ረኣዩ፡ ዓቢይ ሓጐስ ተሓጐሱ፡ ኵሎም ከኣ ተደኒቖም፡ ንመላኺ ብርሃናት እግዚኣብሔር ዓቢይ ስግደት ሰገዱ። "ከዋኽብቲ ምስ ተፈጥሩ'ውን ኵሎም መላእኽቲ ብዓቢይ ቓል ኣመስገኑኺ" ኢዮ. 38፡7።

መግለጺ፡- ድጎር'ዚ መላእኽቲ፡ ሙቈት ፀሓይን፡ ድምቀት ወርኃን፡ ብርሃን ከዋኽብትን ምብልላጸም ርእዮም፡ ነዞም ብርሃናት እዚኣቶም ዚፈጠረ እግዚኣብሔር ክብርን ምስጋናን ይግብኦ እዩ እናበሉ፡

እልል በሉ፡ ንፈጣሪኡም ድማ ኣመስግኑ። ኢዮ. 38፡7።

12. ድጎር'ዚ መላእኽቲ ንኺእዩ ኢሎም ገጾም እንተኣልዓሉ ንኢየሩሳሌም ሰማያዊት ረኣይዋ። ከይዶም ኪርእይዋ ድማ ደለዩ፡ ናብኣ ኸይዶም፡ ኣብኣ ኣትዮም ንኺርእይዋ ድማ እግዚኣብሔር ፈቐደሎም።

መግለጺ፡- ሸዑ መላእኽቲ፡ ነዞም ብርሃናት እናረኣዩ ባህ ኢልዎም ከሎ፡ ንኢየሩሳሌም ሰማያዊት ኣማዕድዮም እንተ ረኣዩ ኣዝዮም ባህ በሎም። ፈተውዋ፡ ፈትዮምዋ ጥራይውን ኣይተረፉን፡ ከይዶም ንኺርእይዋ ደለዩ። ጐይታ ኸኣ ሕሳብ ልቦም ስለ ዚፈልጥ፡ "ኬድኩም ዜርኩም ረኣይዋ" ኢሉ ኣፍቀደሎም።

13. ሸዑ መላእኽቲ ንኢየሩሳሌም ሰማያዊት ከምቲ ሸልምቲ መርዓት ንበዓል ቤታ ኮይና ምስ ረኣይዋ፡ ኣዝዮም ተገሪሞም፡ ነቲ ዚፈጠራ እግዚኣብሔር ምስጋና ኣቕረቡ። ራእ. 21፡2-3።

መግለጺ፡- መላእኽቲ ድማ ናብ ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ኣትዮም፡ ነቲ ኣብ ውሽጣ ዘሎ ናይ ታቦት ዘዶር ዚተፈላለየ ብርሃን ርእዮም፡ ነዛ ዕፁብ ድንቂ ዚኾነት ሓዳስ ፍጥረት ንመን ኮን ይህባ ይኸውን፧" ተበሃሃሉ። ተበሃሂሎም ጥራይውን ኣይተረፉን። ነዚኣስ ንፍጡር ኣይህባን እዩ፡ እዚኣስ ናቱ ግደ እያ፡ ኢሎም፡ ንፈጣሪኡም መርዓዊኣ ኣመስገኑ። እዛ ቅድስቲ ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ካብ እግዚኣብሔር ክትወርድ ከላ ረኣኹ። ራእ. 21፡2-3።

14. እግዚኣብሔር በዚ ኾሉ ዚፈጠሮ ተሓጐሰ።

15. እግዚኣብሔር እዚ ኾሉ ዚፈጠሮ ሠናይ ከምዚኾነ ረኣየ። ዘፍ. 1፡12-13።

16. ዳዊትውን "እግዚኣብሔር ብፍጥረቱ ተሓጕሱ" በለ። መዝ. 13፡31-32።

መግለጺ፡- ፀሓይን ወርኀን ከዋኽብትን፡ ብኽንደይ መዓርግ፡ ብኽንደይ ኬክሮስ እዩ ፈጢርዎም፧ እንተበሉ፡ ንፀሓይ ኣብ ኣጋ ምሸት ሠሉስ፡ ናብ ረቡዕ ዜውግሕ፡ ሠለስተ መዓርግ፡ ሠለስተ ኬክሮስ ትሕት ኣቢሉ ፈጠራ። ብሸነኽ ምዕራብ ድማ፡ ንወርኂ ሠለስተ መዓርግ፡ ሠለስተ ኬክሮስ ገይሩ ልዕል ኣቢሉ ፈጠራ።

17. ምስ ወግሐ ይነጻጸሩ፡ ሄኖ. 26፡22-23።

መግለጺ፡- ብወገን ምብራቕ ፀሓይ ሠለስተ ኬክሮስ ኣብሪሃ፡ ብምዕራባዊ መስኮት ኣተወት፡ ወርኂ ድማ ብምሥራቕ ወፂኣ፡ ሠለስተ ኬክሮስ ኬተብርህ ከላ፡ ክልቲኣን ገጽ ንገጽ ይረኣኣያ። ሙቐተን ግና ንፀሓይ ሕጸጽ ስለ ዘይብላ፡ ወርኂ ብምዕራብ ክትኣቱ ኸላ፡ ፀሓይ ከኣ ብምሥራቕ ክትወፅእ ተረኣኣያ፡ ማለት ተፈጥሮኣን ምንጋር

እዩ። ሄኖ. 27፡4-5።

18. ኣብ ዕድሜኡ ወርኂ ፈጠርካ፡ ፀሓይ ከኣ ምዕራቡ ፈለጠ። መዝ. 103፡19-20።

መግለጺ፡- ፀሓይ ብምዕራብ ኣትያ፡ ብሰሜን ዞይራ፡ ብምሥራቕ ወፂኣ ከተብርህ ወዓለት፡ ንመዓልቲ ገዝአት፡ ወርኂ ድማ ብምሥራቕ ወፂኣ ከተብርህ ኃደረት። ፀሓይ ግና መዓልቲ ከይገዝአት፡ ወርኂ ግና ንለይቲ ገዝአት፡ ከዋኽብቲ ኸኣ ሰዓብቲ ወርኂ እዮም፡ ብኃባር ኬብርሁ ኃዲሮም ንለይቲ ገዝኡ።

19. ንፀሓይ መዓልቲ ዘግዝኡ፡ ንወርኀን ከዋኽብትን ለይቲ ዘግዝኡም" ከም ዚበለ ዳዊት። መዝ. 135፡8-10።

መግለጺ፡- ፀሓይ ስለምንታይ እያ መዓልቲ ጥራይ ኣብሪሃ ዚተረፈት፡ እንኮላይ ለይቲ ወሲኻ ዘይተብርህ፡ እንተበሉ፡ ፀሓይ እንኮላይ ለይቲ ወሲኻ እንተተብርህ ነይራ፡ ካብ ብዝኂ ሙቑቱን ካብ ጽንዓት ዋፂኡን ዚተላዕለ ኹሉ ፍጥረት ነዲዱ ምስ ተቓጸለ ነይሩ፡ ስለዚ ኣብ መዓልቲ ጥራይ ኣሠልጠና። ወርኂኸ ስለምንታይ ለይቲ ጥራይ እተብርህ፡ እንኮላይ መዓልቲ ወሲኻ ዘይተብርህ እንተበሉ፡ መዓልቲ ምሳሌ መንግሥተ ሰማያት እያ። ኣብ መዓልቲ ብዙኅ ሓጕስ ይርከብ። ከምኡ ድማ ፡ ኩሎም ጻድቃን፡ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ብዙኅ ክብርን ሃብትን ጸጋን ይረኽቡ።

ለይቲ ግና ናይ ገሃነመ እሳት ምሳሌ እዩ። ኣብ ለይቲ ብዙኅ መከራ ይርከብ፡ ከምኡ ድማ ኩሎም ኃጥኣን ኣብ ገሃነመ እሳት ብዙኅ ሥቓይን መከራን ይረኽቦም።

20. እግዚኣብሔር ንፀሓይን ወርኀን ከዋኽብትን ንለይቲ ካብ መዓልቲ፡ ንሰዓት ካብ ዕለት፡ ንዓመት ካብ ዘመን ኪፈልዩ ኢሉ ፈጠሮም። ኩፋ. 2፡13-15።

መግለጺ፡- ፀሓይ ንመዓልቲ ካብ ዓመት ክሳዕ ዓመት ገዝኣት፡ ወርኂ ኸኣ ንለይቲ ካብ ዓመት ክሳዕ ዓመት ገዝኣት ካብ በልና፡ ንኸዋኽብቲ'ኸ ደኣ እንታይ ኣግዝኣም፧ እንተበሉ ፡ ሰዓብቲ ወርኂ እዮም ተባሂሎም እዮም።

ወርኂኸ ለይትን መዓልትን ኣብሪሃ እንተትኸውን፡ ካብ ብዝኂ ውርጪ፡ ካብ ጽንዓት ቀሪ ዚተላዕለ ኹሉ ፍጥረት ሓሪሩ ምተኸምተረ ነይሩ። ስለዚ፡ ንወርኀን ከዋኽብትን ኣብ ለይቲ ጥራይ ኣሠልጠኖም። እዚኣቶም ምሳሌ እዮም። ፀሓይ ብጻድቃን ወርኂ ብኃጥኣን። ፀሓይ ኹሉ ጊዜ ብርሃን፡ ምልእቲ ኾይና ከም እትነብር፡ ጻድቃን ድማ ኹሉ ጊዜ ብሥነ ምግባር፡ ብሃይማኖት ምሉኣን ኮይኖም ይነብሩ። ካልእ ወርኂ ናይ ጻድቃን ምሳሌ እዩ፡

ከም ሓደ ጊዜ ክትጐድል ሓደ ጊዜ ድማ ክትመልእ እትነብር፡ ኵሎም ጻድቃን ከኣ ሓደ ጊዜ ብኃጢኣይት እንተወደቑ ሓደ ጊዜ ብንስሓ እናተንሥኡ ይነብሩ።

21. ጻድቕሲ፡ ሾብዓተ ጊዜ ይወድቕ፡ ሾብዓተ ጊዜ ድማ ይትንሥእ። ምሳ. 24፡16-17።

መግለጺ፡-ፀሓይ ምሳሌ ኃጥኣን እያ፡ ከምቲ ፀሓይ ብብርሃን ምልእቲ ኾይና እትነብር፡ ኵሎም ኃጥኣን ከኣ፡ ብኃጢኣትን ክሕደትን ምሉኣን ኮይኖም ይነብሩ።

ካልኣይ መግለጺ፡- ወርኂ ምሳሌ ኃጥኣን እያ፡ ወርኂ ብምሉእ ብርሃን ተፈጢራ ከተብቅዕ፡ እናጐደለት እናጐደለት ፈጺማ ከም እትጠፍእ፡ ኃጥኣን ከኣ፡ ኃጢኣት ኣብ ርእሲ ኃጢኣት እናወሰኹ፡ ናብ ፍጹም ገሃነመ እሳት ይበጽሑ።

22. ልቢ ዓሻ ከም ወርኂ ይጐድል፡ ሲራ. 43፡7-8።

23. ነዞም ኣርባዕተ ክፍልታት ዓመት ዚፈልዩ መራሕቲ ኣስማቶም እዚ ዚስዕብ እዩ። ሄኖ. 28፡21-22። ኢሳ. 40፡26-27። ምልክኤል፡ ናርኤል፡ ሕልመልመሌክ፡ ብርክኤል።

መግለጺ፡-እዚኣቶም ዓመት ምሉእ ምስ እሳት ተኻፊሎም ከመይ ገይሮም ይገዝኡ እንተበሉ፡ ካብ መጋቢት 26 ክሳዕ ሰኔ 25 መዓልቲ እንተቑጺሩ፡ ካብ ጳጉሜን ሓደ መዓልቲ እንተወሰኹ፡ 91 ይኸውን፡ ነዚ 91 ምልክኤል ይምግቦ። ወርኃቱ ፀደይ ይበሃል። ምግቡ ኸኣ መሬት እዩ፡ እዚ ኣብዚ ፀደይ ሠልጢኑ ዚቕነየ ዋዕይ፡ ናብ ታሕቲ ተቐቢሩ ዚቕነየ ቕሪ፡ ናብ ላዕሊ ኪብል፡ ካብ ላዕሊ እቲ ሙቑት፡ ካብ ታሕቲ ድማ ጠለለቱ ኪሃርማ ኸሎ ምድሪ ትልስልስ፡ ዚዘርኡላ ኸኣ ተብቕኦል፡ ሄኖ. 28፡25-27።

ካልኣይ ድማ፡- ካብ መስከረም 26 ክሳዕ ታኅሣሥ 25 መዓልቲ ካብ ጳጉሜን ሓደ መዓልቲ ወሲኹ 91 መዓልቲ ይኸውን፡ ብርክኤል፡ ይገዝእን ይምግብን፡ ዘመኑ መፀው (ቀውዒ) ፡ እቲ ሠልጢኑ ዚኸረመ ቕሪ ናብ ታሕቲ፡ ተቐቢሩ ዚኸረመ ዋዕይ ከኣ ናብ ላዕሊ ኪብል፡ ካብ ታሕቲ ሙቑቱ፡ ካብ ላዕሊ ጠለለቱ ኪስምየም ከሎ፡ በዓል ኣዝርእቲ፡ ኣትክልቲ ዕፀዋት የዓብዩ፡ ይገዝፉ፡ ይዕንብቡ፡ የፍርዩ። ሄኖ. 28፡25-29።

ሣልሳይ፡- ካብ ታኅሣሥ 26 ክሳዕ መጋቢት 25 መዓልቲ ፡ ካብ ጳጉሜን 1 መዓልቲ ወሲኽካ 91 መዓልቲ ይኸውን ናርኤል ይገዝእ፡ ይምግብ፡ እዚ ዘመን እዚ ሓጋይ ይበሃል። ምግቡ እሳት እዩ። እቲ ኣብዚ ሓጋይ ሠልጢኑ ዚቕነየ ቕሪ (ዛሕሊ) ፈጺሙ ኪጠፍእ ከሎ፡ እቲ ተቐቢሩ ዚነበረ ዋዕይ (ሙቑት) ፈጺሙ ናብ

ላዕሊ ይወፅእ እሞ ይሥልጥን። ሽዑ ኣዝርእትን ኣትክልትን ዕፀዋትን ይደርቁ፡ ተዓፂዶም፡ ተኸይዶም፡ ኣብ ቀፎኦም የኣትዉ። እታ ካብ ጳጉሜን ዚተረፈት ሓንቲ መዓልቲ "ዕለተ ምርያ" (መድኃኒት) ትበሃል። ሄኖ. 28፡20-22።

ኣብ ዓመት ዓመት ከኣ ኣብ ልደት ጐይታ ትውዕል፡ ጐይታ ቅድም ነዚ ዓለም እዚ ፈጠረላ። ካልኣይ ድማ ካብ ሰማየ ሰማያት ወሪዱ ካብ ድንግል ማርያም ተፀንሰላ። ሣልሳይ ኣብ መጋቢት 29 ሞይቱ ተንሥኣላ። ራብዓይ ነዚ ዓለም እዚ ዘኅልፈላ ዕለት ንሳ እያ። እዛ ዕለት እዚኣ እታ ካብ ጳጉሜን መበል ኃሙሽተ እያ።

እዞም ኣዝርእቲ ፡ ኣትክልቲ፡ ዕፀዋት፡ ምትካሎምን ምዝርኦምን ናይ ምጥናስና ምሳሌ እዮም። ምብቋሎም ናይ ምውላድና፡ ምዕባዮም ናይ ምዕባይና፡ ምፍራዮም ናይ ቤት ምሥራሕና ፡ ከብቲ ምግዛእና ውላድ ምውላድና፡ ኣምሳል እዮም። ምድራኞምን ምእራሳምን ምዕጻዶምን ናይ ሞትና፡ ተዓጺዶም ተኸይዶም ኣብ ቀፎ ምእታዎም፡ ሞይትና ናይ ምቕባርና ምሳሌ እዩ። እዞም ኣዝርእቲ፡ ኣትክልቲ፡ ዕፀዋት፡ ተዘሪኦም ምብቋሎም፡ ተዘሪኦም ምብስባሶም፡ በሲሎም ምብልያም። ንሕና ድማ ምስ ሞትና ብሓድሽ ሥጋ ተንሢእና ናይ ብሩህ መንግሥተ ሰማያት ምእታውና ኣምሳል እዩ። ዮሓ. 12፡24-25። ድጎር'ዚ ከምዚ ሎሚ ንመርዓዊ መርዓ ኪሰናዳእ ከሎ፡ ቅድም ስብሕቲ ኣስቢሕካ፡ ወይኒ ጸሚቕካ እንጀራ ኣቕሪብካ፡ ምንጻፍ ኣንጺፍካ፡ ደጎር እቲ ዕዱም ተጸዊዑ ዚመጽእ፡ እግዚኣብሔር ድማ ነዚ ዓለም እዚ ኪፈጥር ከሎ ፡ ብኣድማስ ደጊፉ፡ ብደመና ከፍኪፉ፡ ፀሓይን ወርኀን ከዋኽብትን ከም ፋኑስ ኣብሪሁ፡ ንዝናማት ኣብ ደመና ጽዒኑ፡ ንፋሳት ኣሰኪሙ፡ መባርቕትን ነጐድጓድን ኣዳልዩ ንመላእኽቲ ኣርኣዮም። ሄኖ. 11፡6-7።

24. ጥበብ ቤታ ሓነፀት፡ ሾብዓተ ኣዕኑድ ድማ ኣቐመት፡ ናታ ሰባብሕቲ ኸኣ ሓረደት፡ ወይናውን ቀዲሓ፡ ነቶም ኣገልገልታ ጸውዓቶም፡ ምሳ. 9፡1-4።

መግለጺ፡-መላእኽቲ ድማ "እ ጐይታና ነዛ ኸምዚ ዚበለት ዕፁብ ድንቅ፡ ንምንታይ ጋሻ ፍጥረት ፈጠርካላ፧ ንመንከ ክትህባ ኢኻ፧ " ኢሎም ሓተቱ።

25. እዛ ዓለም እዚኣን፡ እታ ኢየሩሳሌም ሰማያዊትን ዚረኣኽምዋን እዚ ኹሉ ንመሬታዊ ተዋሂቡ እዩ።

መግለጺ፡- እዛ ናይ ብርሃን ቁንጆ ነቲ ብሕጂ ዝፈጥሮ ኣዳም ክትኮኖ እያ" በሎም።

26. እዚ ድማ ፀሓይን ወርሃን ከዋኽብትን እዮም ዜብርሁሉ፡ እዚኣቶም ንኣዳም ዜብርሁ ፋኑሳት እዮም።
27. እዞም ንፋሳትን ደመናታትን ማይ ቀዲሑም ዝናም ዜዝንሙሉ እዮም። መባርኾትን ነጐድጓድን፡ ነቶም ዚበልያምን ዚሰትዮምን ኣዝርእቲ፡ ኣትክልት፡ ዕፀዋት ዓንቢቦም ከም ዜፍርዩ ዚገብሩ እዮም።
28. ገነት ግና ኣዳራሹን መናገሻኡን እያ በሎም። መላእኽቲ ድማ "ኦ ጐይታ እዚ ኣዳም እትብሎ ዘሎኻ መልክዑ ንመን እዩ ዚመስል፧ ቁመቱከ ክንዲ ምንታይ የኣክል፧" በልዎ።
29. እግዚኣብሔር ንመላእኽቲ ኣካሉ እኳ ካባኻትኩም ኣዝዩ ዚነኣሰ እዩ፡ ኣርኣያኡን ምስሉን ግና ብኣርኣያይን ምስለይን እዩ" በሎም። ዘፍ. 1፡26።
30. ሽዑ መላእኽቲ ንጐይታ ብድምፁን ብግብሩን ደኣ እምበር መልክዑ ኣይረኣይዎን ስለ ዚነበሩ፡ ባህ ኢልዎም እቶም ሾብዓተ ቅዱሳን መላእኽቲ "ኣርኣያኻን ምስልኻን ካብኡ ምእንቲ ክንርእስ ነዚ ኣዳም ቀልጢፍካ ፍጠሮ" በልዎ።
31. ሽዑ ሳጥናኤል ነዚ ቓል እዚ ምስ ሰምዐ፡ ፍርሃትን ራዕድን ጎዝዎ ኣብ ልዕሊ ኣዳም ዓቢይ ቅንኢ ቀንኡ።
32. ድጎር'ዚ ሳጥናኤል፡ ካብዚ መሬታዊ ኣዳም ቅንኣት ዚተላዕለ ንኣይ ብዙኅ መከራን ሽግርን ኬምጽኣለይ እዩ ኢለ እጥርጥር ኣሎኹ" በለ።
33. ሳጥናኤል ድማ "ካብዚ ኵሉ እታ ቐድም ብሕሊናይ ዝሓለንክዋ ነገር ክፍትና እሞ እንተተኻእለኒ ክፈጥር እየ፡ እንተዘይተኻእለኒ ኽኣ ቐድም ካብኣ ስለ ዝተፈጠርኩ እዛ እሳት እንታይ ኮን ትብለኒ ትኸውን፧" በለ።
34. ድጎር'ዚ ሳጥናኤል፡ ነዚ ኢሉ ንኺፈጥር ኢዱ ናብ እሳት ኣእተወ፡ ሽዑ ነደደ፡ ኵለንትናኡ ኽኣ ከም ሽምዓ መኸኸ። እታ እሳት ከም መጻወድያ ሕንቐ ኣቢላ ጎዛ ከምዚ ኣብ መቕሎ ዚቕሎ ቅብኢ ቀለወቶ፡ ከም ጅማት ድማ ኮምተረቶ።
35. ሽዑ ሳጥናኤል ብልዑል ድምፂ ጨደረ። ምኽንያቱ "በዛ እሳት እዚኣ ከም መፈንጠራ ተታጒዘ" ኢሉ ጨርሐ። እቶም 100 ነገድ መላእኽቲ ኽኣ ደንጊያም "እንታይ ኢኻ ኬንካ፡ እንታይከ ረኽበካ፧" በልዎ።
36. እግዚኣብሔር ድማ ንሳጥናኤል "እንታይ ኢኻ ኬንካ፡ እንታይከ ረኽበካ፧" በሎ።
37. ሳጥናኤል ከኣ "ነዛ እሳት እንታይ ከም ዝኾነት ክፍትና ኢለ

ብለውሃት እንተ ዳህሰስክዋ፡ እታ እሳት ኣንዲዳትኒ" በለ።
38. እግዚኣብሔር ከኣ ንሳጥናኤል ምምላሱ እምበር፡ ምውራዱ ስለ ዘይፈቱ ኣዝዩ ኃባእ ኣበሳ ብምኻኑ በኣርምሞ ፈወሶ።
39. ሳጥናኤል ድማ "እዚ ዝሃሰብክዎ ነገር እግዚኣብሔር ኣይፈለጠንን ኮይኑ እዩ እምበር፡ ፈሊጡ እንተዚኸውንሲ ካብዛ እሳት እዚኣ ኣይምፈወሰንን ነይሩ" በለ።
40. ሳጥናኤል ከኣ "እዚ ቅድም ዝሓሰብክዎ ነገር ንኣይ ዓቢይ ረብሓን ጥቕምን እዩ። ሕጂውን ኣይክገድፍን እየ" በለ።
41. ሳጥናኤል ድማ ብልዑል ድምፂ "ዋይ ኣነ፡ ወይለይ" ኢሉ ከም መብረቕ ጨደረ።
42. እቶም 100 ነገድ መላእኽቲ ድማ ደንጊያም "እንታይ ኬንካ፧ እንታይከ ረኸበካ" በልዎ።
43. ንሱ ኸኣ በዛ እሳት፡ ከም መጻወድያ ተታኒዘ ብገዛእ ኣካለይ ከም መቕሎ ቐለወትኒ፡ ከም ጅማት ኮምተረትኒ፡ ከም ሽምዓ ኣምከኸትኒ" በለ።
44. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ንሳጥናኤል "እንታይ ኬንካ፧ እንታይከ ረኸበካ፧" በሎ።
45. ሳጥናኤል ከኣ "እዛ ዚቐደመት እሳት ኣብ ልበይ ኣትያ ከም ጅማት ኣሕረረትኒ፡ ከም ሽምዓ ድማ ኣምከኸትኒ" በሎ።
46. እግዚኣብሔር ከኣ ንሳጥናኤል "ኣንታ ዓማፂ ኃጢኣትካ ደኣ ንገር፡ ዘይትነግር እንተኼንካ ኣነ ክነግረካ፡ እየ" በሎ።
47. ሳጥናኤል ድማ "ኣነ ደኣ ቅድም ክፍጠር ከሎኹ ንጹሐ ባህርይ ነበርኩ፡ ሕጂ እንተኾነ እንታይ ኃጢኣት ኣሎኒ ድዩ፧" በለ።
48. እግዚኣብሔር ንመላእኽቱ "እዚ መስሓቲ ዝሓሰቦ ክነግረኩም፡ ከማይ ኣምላኽ ኮይኑ ፍጥረታት ኪፈጥር፡ እዚ መስሓቲ፡ ስለ ዚነደደ፡ ምስ ኣኀወኽዎ 3 ጊዜ ንሓሳብ ልበይ እንተዚፈልጦስ ኣይመኀወየንን ነይሩ" በለ።

<u>መግለጺ</u>፡- እግዚኣብሔር ከኣ ከምዚ ኢሉ ኣይተረፈን፡ ንሳጥናኤል ኃጢኣቱን ክፍኣቱን ነገረሉ፡ ከመይ ኢሉ ነገረሉ እንተበሉ፡ ንመላእኽቲ "ክነግረኩም ስምዑኒ፡ እዚ ትዕቢተኛን ዓመፀኛን ቅድም ከማይ ኮይኑ ክፈጥር እየ ኢሉ ሓሰበ። ሓሲቡ ኸኣ ኣይተረፈን፡ ኢዱ ንኺፈጥር ኢሉ ናብ እሳት ሰደደ፡ እታ እሳት ድማ ከም ሽምዓ ኣምከኸቶ። ኣነ ድማ ብኣርምሞ ፈወስክዎ። ንሱ ግና እግዚኣብሔር ኣይፈለጠንን ኮይኑ እዩ እምበር፡ እንተዚፈልጠኒ ነይሩስ ፡ ካብዛ እሳት ኣይምፈወሰንን ነይሩ" በለ።

እታ እሳት ካብ ገዛእ ኣካሉ ከም ቀልዒ ተንሚኣ፡ ከም መቕሎ

ቐለወቶ፡ ከም ጅማት ኮምተረቶ፡ ከም ሽምዓ ኣምከኸቶ፡ ኣነ ድማ ምሕረት ልማደይ ስለ ዝኾነ ፈወስክዎ። እዚ ንሣልሳይ ጊዜ እዩ፡ እስኪ እንታይ ክገብሮ ፍረዱ" በሎም።

መላእኽቲ ድማ " ኦ ጐይታ ካብ ሠለስተ ጊዜ ንላዕልስ ምሕረት ኣይግብኦን እዩ፡ ካብቲ መጽሓፍ ሕይወት ፍሒኾኻ ደምስሶ" በልዎ።

49. እግዚኣብሔር ድማ ደጊም ካብ ፈጠርክዎስ፡ ነዚ ዓማፂ፡ ኵሉ በሊዓ በሊዓ ዘይትጸግብ እሳት ኣላትኒ እሞ ኣብኣ ኣእትየ ክቕጽየ እየ" በሎም።

50. ሽዑ እግዚኣብሔር ንሳጥናኤል ከምዚ ኢሉ ክሳዕ ፈጺሙ ዚኽሕድ ብኣርምሞ ፈወሶ።

51. ከምኡ ድማ እግዚኣብሔርን መላእኽቲ ሥነ ተፈጥሮኦም ምእንቲ ኪርእዩ ኢሉ 3 ባሕሪ መጽሔታት ፈጠረ።

መግለጺ፡-ድጎር'ዚ ኣብተን ሠለስተ ሰማያት፡ ኣብ ሃገር መላእኽቲ፡ ሥነ ጽባቐኦምን መልክያምን ተፈጥሮኦምን ዚፍረዱሉ፡ ሠለስተ መጽሔት ባሕሪ ሠሪሑ ኣዳለወ።

52. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ንመላእኽቲ ፡ ኣብ በቦታኹም እተዉ፡ በብመዓርግኩም ቁሙ ኢሉ ኣዘዞም። መላእኽቲ ድማ ኣብ በቦታኦም ኣትዮም፡ ከምዚ ሰብ መልክዑ ብመስትያት ዚርኢ፡ ኣብቶም ሠለስተ ናይ ባሕሪ መጽሔት ተፈጥሮኦም ምስ ረኣዩ፡ ኣዝዮም ተሓጉሶምን ባህ ኢልዎምን እልል በሉ፡ ፈጣሪኦም ኣመስገኑ፡ ተፈጥሮኦም ከኣ ፈለጡ።

53. ሽዑ መላእኽቲ ፈጣሪኦም ኬመገስግኑ ኸለዉ ሳጥናኤል ግና ኣሽምባይ ኬመስግን ሓንቲ ቓል እኳ ኣይተዛረበን።

54. መላእኽቲ ድማ ንሳጥናኤል "ነቲ ንዘለዓለማዊ ሕይወት ዘፈር ክዳንካ ከም መብረቕ ክሳዕ ዜንጸባርቕ ንሱ ድማ ከም ዓቢይ ማሕታን ከም መፍርሂ ፀዳል መብረቕን ገይሩ፡ ዚፈጠረካስ ስለ ምንታይ ኢኻ ዘይተመስግኖ፧" በልዎ።

55. ሽዑ ሳጥናኤል "ኣነ ኣብዚ ምስጋና እዚ ኣየእትወንን እዩ፡ ዕፀው ሕንፃ እየ" በለ።

56. መላእኽቲ ድማ "እንታይ ተሪፉካ፧ እንታይከ ጐዲሉካ፧" በልዎ።

57. ሳጥናኤል ከኣ "ነገሩስ ንስኻትኩም ትፈልጡ ኢኹም፡ ከነመስግኖን ከይነመስግኖንሲ ክነግረኩም፡ ግና ምሥጢር ከይተውፅኡለይ መሓሉለይ" በሎም።

58. ሽዑ እቶም ንሱ ዚገዝኦም 10 ነገድ፡ ነቲ ዚነግሮም ነገር ሰሚየም ከም ዘይኽሕድዎ መሓሉሉ።

59. ሳጥናኤል ድማ “ነታ ኢየሩሳሌም ሰማያዊትዶ ኣይረኣኽምዋን ኢኹም፧ ከምዚ ዚበለት ዕውብ ድንቂ ሓዳስ ፍጥረት ተፈጢራ ንመሬታዊ ኣዳም እያ” ኢሉና። ከምዚኣ እተንጸባርቐ ካብ ብርይሃን ፀሓይ ብልጫ ዘለዎም፡ ወርጎን ከዋኽብትን ካብ ሰማይ ንታሕቲ፡ ካብ ምድሪ ንላዕሊ ፡ ንዚተፈጥረ ዘበለ ኹሉ፡ ነቲ መሬታዊ ኣዳም እዩ” ኢሉና። እንተኾነ ንኣናስ ዘይንበልዕን ዘይንሰትን ገይሩ ፈጠረና፡ ስለምንታይ ኢና ቡቲ ኣዳም ዚበልያን ዚሰተዮን ነመስግኖ፧” በሎም።

60. ሽዑ መላእኽቲ ንሳጥናኤል “ሕራይ ከምዚ ዚተዛረብካዮ እንተኾይኑስ። ናትካ ድሌትካ እንታይ እዩ፧ እንታይከ ክንገብረልካ፧” በልዎ።

61. ድጎር’ዚ ሳጥናኤል “ንዑ ሰዓቡኒ፡ ካብዚ መሪር መግዛእቲ እንተኾኣልና ንከራኽር ናብ ኣርያም ድማ ንዕረግ” በሎም።

62. ሳጥናኤልን መላእኽቱን “ምኽረይ ሰሚዕኹም ፍቓደይ እትፍጽሙ እንተኼንኩም፡ ኣብ 4 መኣዝነ ዓለም ደው ኢልኩም ቅዱስ እግዚኣብሔር ኣብ ዋሕድ፡ ቅዱስ እግዚኣብሔር ወልድ ዋሕድ፡ ቅዱስ ሳጥናኤል ዋሕድ ዕሩይ ኣምላኽ ኢልኩም ኣመስግኑኒ” በሎም።

63. እቶም መላእኽቱ ድማ “ጎደግ ከምዝስ ኣይትበለና፡ ቅድም መንፈስ ቅዱስ ብኣምሳል ርግቢ ናባና ኣብ ዝመጽኣሉ ጊዜ፡ ክንፉ ካብ ምድሪ ክሳዕ ኣርያም ዘርጊሑ ስለ ዝረኣናዮ፡ ነቲ ናቱ ምስጋና ንኻልእ እንተሂብናዮ ደምሲሱ ኬጥፍኣና እዩ” በልዎ።

64. ሳጥናኤል “ኣጆኹም ነዚ ኣነ ኣሎኹልኩም፡ ንሱ እንተበዝጎ ሠለስተ እዩ፡ ካብኡ ዝተረፈ ሓደ እዩ፡ ንሕና ግና ስፍሪ ቕጽሪ የብልናን፡ እልፊ ኣእላፋት ኢና” ኢሉ ንመላእኽቲ በዚ እኩይ ግብሩ ልቦም ሰሊቡ ኣታለሎም።

65. እግዚኣብሔር ነዚ ዕብዳኖም ርእዩ ፡ ንሳጥናኤል ምስ ሠራዊቱ ብመዓቱ ከም ዚኹነኑ ናብ ገሃነመ እሳት ከም ዚወርዱ ስለ ዚፈልጥ ብልዙብ ቃል ሓተቶም።

66. እግዚኣብሔር ድማ ንሳጥናኤል “እንተደኣ ባህ ኢሉካስ፡ ምድሪ ትሰማምዓካ እንተኾይናስ ሠራዊትካ ጎዝካ ረኣያ” በሎ።

ካልኣይ ክፍሊ

1. ድጎር'ዚ ሳጥናኤል ሠራዊቱ ጎዙ ናብ ምድሪ ወረደ፡ ንገነት እንተረኣያ ኣዝያ ፍቕራን ጣዕማን ልምላሜኣን ኣህረፈቶ።
2. ሳጥናኤል ከኣ ንሠራዊቱ ነዛ ምድሪ እዚኣ ግዝኣትኩም ክትኮነኩም ክህበኩም ትደልዩ ዲኹም፧" በሎም። ላዕሊ ወፂእና ፡ ሃገር ብርሃን፡ ሃገር ሠረገላ ወሲኽ ክህበኩም እየ፡ ንኣይ እንተስዒብኩምኒ እንታይ ከይትስእኑ" በሎም።
3. እንተኾነ ግና ኣብ ልዕሊ ፀሓይን ወርኀን መንበር መንግሥተይ፡ ሠረገላ ክዝርግሕ ኢለ ሓሲበ ኣሎኹ እሞ ንዑ ተንሢእኩም ሰዓቡኒ ናብ ሰማይ ንውፃእ" በሎም። ኢሳ. 14፡13-14።
4. እግዚኣብሔር ከኣ ንሳጥናኤል "ነዛ ምድሪ እዚኣ ካብ ሰማይ መሪጽካያ እንተ ኴንካስ ክህበካ እፈቱ እየ" በሎ፡
5. ሳጥናኤል ከኣ "ኢደይክ እንታይ ኮይኑ እዩ ንስኻ እትህበኒ ነዚኣን ነቲኣን ኣይኃድግን እየ፡ ኢየሩሳሌም ሰማያዊትን መንበረ መንግሥትን ክውሰኽ እየ ኢለ እሓስብ ኣሎኹ" በለ።
6. እግዚኣብሔር ንሳጥናኤል "ንኣኻ ንፍጡር ሰማይን ምድርን ሓደ ጊዜ ምርኣይ ኣይከኣለካን እዩ፡ ሰማይ ዚደለየ ምድሪ ኣይረክብን እዩ፡ ምድሪ ዚደለየ ድማ ሰማይ ኣይረክብን እዩ" በሎ።
7. ድጎር'ዚ ልሕኵት፡ ግቡር፡ ፍጡር፡ ካይላ፡ ሳጥናኤል ነዚ ቓል እዚ ሰሚዑ ስኽ በለ፡ እንተኾነ ግና ኣንታ ሰብ እትምልስ መን ኢኻ፧ ፍጡር ንፈጣሪኡ ስለምንታይ ኢኻ ከምዚ ገርካ ዚሠራሕካኒ ይብሎ ድዩ፧" ሮሜ. 9፡20-21።
8. ድጎር'ዚ ሳጥናኤል ንመላእኽቱ፡ ናብ መላእኽቲ ብርሃን ንኼታልልዎምን ምስኦም ኃቢሮም ንእኡ ኣምላኽ ኪገብርዎን፡ እንደገና ክብርን ምስጋናን ኪህብዎ ኢሉ ኣብ ከባቢ ኣርያም ብኃባር ኪሕንሱ ለኣኾም።

<u>መግለጺ</u>፡- ሽዑ ሳጥናኤል ተቐጢዑ ኣይተረፈን፡ ከምዚ ሎሚ ሓደ ምስ ንጉሥ ዚተጻልኡ ዓመፀኛ ሽፍታ ኣብ ዱር ኣብ ጸድፊ ኮይኑ ናባይ ንዑ፡ ኣነ ክሸመኩም ክሽልመኩም እየ እናበለ፡ ንብዙኃት ጭፍራ ከም ዚእክብ፡ ንዓሳክርውን ከም ዚሓባብል፡ ሳጥናኤል ከኣ ንሠራዊቱ፡ ናባይ ንዑ ኣነ እጎሸኩም ኣብ ልዕሊ ሽመት ሽመት ክውሰኽኩም እየ ኢሉ ናብ ከተማ መላእኽቲ ብርሃን ሰደዶም (ለኣኾም)። ሠራዊት ሳጥናኤል ድማ፡ ናብ ከተማ መላእኽቲ ብርሃን ከይዶም ነዚ ነገር እዚ ኣብ ዘዙፋኖምን ደድንኳኖምን ዘይሮም ነገርዎም።

9. ቅዱሳን መላእኽቲ ብርሃን “ኣንቱም ጸለምቲ ምስቲ ጸሊም፡ ኣንቱም ጥፉኣት ምስቲ ጥፉእ ዚጠፋእኩም’ዶ ንኢስኩም እዩ፡ ንኣና ድማ ከተጥፍኡና ትደልዩ ኣሎኩም” ኢሎም ልክዕ ከምዚ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዚኣተወ ኽልቢ ኣባሪሮም ሰደድዎም፡ ካብ ቅድሚኦም ብድንጋፀ በሃማን ገይሮም ሰጐጕዎም።
10. ሽዑ ሠራዊት መላእኽቲ ብርሃን ፡ ንሠራዊት ሳጥናኤል “ንሕናስ ኑቲ ካብዘይ ምንባር ናብ ምንባርን ናብ ዘለዓለማዊ ሕይወትን ንዘምጽኣና ፈጣሪና ከምቲ ንስኻትኩም ዚጠፋእክምዎ ኣይንጠፍእን ኢና፡ ንፈጣሪና ኽኣ ኣይንኽሕዶን ኢና” በልዎም።
11. ሽዑ ሳጥናኤል ንሠራዊቱ ከምዚ ኢሎም ከም ዚጸረፍዎምን ከምዚሰጐጕዎምን፡ ንሱ ኽኣ ኪፈጥር ከም ዘይተኻእሎ ፈሊጡ ተቐጢዑ ብዓቢይ ሕርቃን ኣብ ባሕሪ ሕርቃን ጠሓለ።
12. ድጎር’ዚ ሳጥናኤል ሓሪቑ ጥራይ ኣይተረፈን፡ ምስ ኵሎም ሠራዊት መላእኽቲ ብርሃን ተጻብኦን ክርክርን ባእስን ገበረን።
13. ሽዑ እግዚኣብሔር ንሳጥናኤል “ኣንታ ዕቡይ ትዕቢትካን ዓመፅካን ግደፍ፡ ክሳዕ መዓስ እየ ክዕገሦካ፡ ሕጂ ድማ ክፍኣትካን ኃጢኣትካን ክፍሕቔልካን ክሠርየልካን ትዕቢትካ ግደፍ” በሎ።
14. ነዚ እምቢ እንተኢልካ ኽኣ፡ መዓተይን ምሕረተይን ማዕረ ከም ዝኾነ ፍለጥ” በሎ።
15. ሳጥናኤል “ኣነ ንኽትምሕረኒ ባህ ኣይብለንን እዩ፡ ሠራዊትካ በዲሎሙኒ እዮም እሞ፡ ንኣይ ኣብ ልዕሊኦም ኣብ ዘሠልጠንካኒ ጊዜ ከምቲ ዚጸረፉኒ ጸሪፈዮም፡ ከምቲ ዘሳጐጕኒ ኣሳዲደዮም፡ ኣብ ነፍስ ወከፍ ድንኳናቶም ደብየዮም፡ ይኹን ኣይኹን ድጎር’ዚ እንተኾይኑ እምበር፡ ብዘይበዝስ ኣይገብርን እየ” በሎ።
16. ሳጥናኤል ድማ “ስለምንታይ ዘይክእል፡ ኣነ ኣብኣቶም ከም ዓንዲ እየ፡ ንሳቶም ኣብ ቅድመይ ከም ጨቓዊት እዮም፡ ስደደለይ እሞ ክውድኦም እየ” በሎ። እግዚኣብሔር ከኣ “እንተኽኢልካስ ጽቡቕ እዩ” ኢሉ ስኾ በለ።
17. ሳጥናኤል ግና ነቶም ሠራዊቱ “ከምቲ ኣቐዲመ ዝነገርኩኹም፡ ኣብ 4 መኣዝነ-ዓለም ደው ኢልኩም ቅዱስ እግዚኣብሔር ኣብ ዋሕድ፡ ቅዱስ እግዚኣብሔር ወልድ ዋሕድ፡ ቅዱስ ሳጥናኤል ዋሕድ ዕሩይ ኣምላኽ ኢልኩም ኣመስግኑኒ” በሎም።

መግለጺ፡-ሳጥናኤል ንሠራዊቱ ከምዚ ኢልኩም ኣመስግኑኒ ምስ በሎም በዝን በትን ኮይኖም ተኽፋፈሎም ደኣ ኣመስገንዎ እምበር ኵሎም ብሓደ ኽይኖምሲ ኣየመስገንዎን። እዚኽ ስለምንታይ እዩ፧ እንተበሉ ኪፈጥር ከም ዘይከኣለ ርእዮም፡ እዝስ ኣምላኽ ኣይኮነን፡

ኣምላኽ እንተዚኸውን ነይሩስ፡ ምፈጠረ ነይሩ ኢሎም ናብቲ ናይ ቅድም ቦታኡም ኣተዉ። እዚ ንኺፍለጥ ከኣ ሰብ ኃጢኣትን ክፍኣትን ኪሠርሕ ጸኒሑ፡ እንተተነሲሑን እንተጣዒሱን ኣብቲ ናይ ቀደም ክብሩን መዓርጉን ይምለስ፡ ድኅር'ዚ ሳጥናኤል ኣብ ዕለት ረቡዕ ሠራዊት ሳጥናኤል ኣብ ሠለስተ ኾይኖም ተኸፊሎም ነበሩ። ይኸውን እዩ ኣይኸውንን እዩ ኢሎም ዚተጠራጠሩ ሣልሳይ ኣፍ እዮም። እቶም ሲሶ ድማ ንስኻ እንተፈጢርካስ ንሕናውን ክንፈጥር ኢና ዚበሉ እዮም። እቶም ሣልሳይ ሲሶ ኸኣ "ብሓቂ ፈጣሪ ኢኻ ኢሎም ኣሚኖም ዚሰገዱሉ እዮም። እቶም ብሓቂ ፈጣሪ ኢኻ ኢሎም ኣሚኖም ዚሰገዱሉ ናብትን ናብዝን ተኸፋፈሉ እምበር ብሓደ ኾይኖም ኣየመስገንዎን።

18. እቶም ሓደ ሲሶ "ቅዱስ እግዚኣብሔር ኣብ ዋሕድ፡ ቅዱስ እግዚኣብሔር ወልድ ዋሕድ፡ ቅዱስ ሳጥናኤል ዋሕድ ርእሱ ናብ ሥላሴ ምኻን ዚሓወሰ" ኢሎም ኣመስገኑ።

<u>መግለጺ</u>፡- እቶም ሓደ ሲሶ ነዚ ርእሱ ምስ ሥላሴ ዘመዓራረየ ሳጥናኤል፡ ጽንዓት፡ ኃይሊ፡ ቅዳሴ፡ ምስጋና፡ ውዳሴ፡ ግናይ፡ ግዝኣት፡ ይግብኦ እዩ ኢሎም ኣመስገንዎ።

19. ሸዑ ሳጥናኤል ነቶም 4 መላእኽቱ ኣርእስትኹም ኣድኒንኩም፡ እቲ ዘርዕደሉ ዘንቀጥቀጠሉ ሠረገላ መንግሥተይ ፁሩ" በሎም።

<u>መግለጺ</u>፡-ሳጥናኤል ከኣ ካብኣቶም "ብኣማን ብሓቂ ፈጣሪ ኢኻ" ኢሎም ዚሰገዱሉ መላእኽቲ ኣርባዕተ ኃያላን ጽኑዓን፡ መሪጹ ወሲዱ ከም ኪሩቤል ክሣውድኹም ናብ ታሕቲ እናደፋእኩም ኑቲ ዝፍርሃሉን ዝኸብረሉን ሠረገላ መንግሥተይ ተሰከሙ" በሎም። ሸዑ እቶም መላእኽቱ፡ ንናይ ሳጥናኤል ምትላልን ምጥባርን ርእዮም ሓቂ መሲልዎም ሠረገላኡ ተሰከሙሉ፡ እምበኣርከስ ፍቓደይ ካብ ፈጸምኩምለይ ምኽረይ እንተሰሚዕኹም ናበይ ንኺድ፡ናበይከ ንዝመት፡ በሎም። እቶም መላእኽቲ ኸኣ "ንስኻ እንታይ ትብል ኣሎኻ፡" ከም ኣምላኽነትካን ከም ፈጣሪነትካን ግለጸልና እምበር ንሕና እንታይ ፈሊጥና" በልዎ።

20. እንተኾነ ግና ንዑ ተንሢእኩም ናብ ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ንደይብ ኣብኡ ድማ ኵልና ፈጠርትን ተመለኽትን ተመስገንትን ንኸውን" በሎም።

<u>መግለጺ</u>፡-ሳጥናኤል ድማ ናተይ ድሌትስ ናብ ኢየሩሳሌም ወፂእና፡ ኣብ ዙፋን ተቐሚጥና እቶም ክትፈጥርዎም እትኽእሉ ንፈጥር፡ ምፍጣር ዘይተኻኣለኩም ኣብ ኣፍ ደገ መንበረ ስብሓት እልልታን ሓጐስን ንገብር በሉ ሰዓቡኒ ናብ ሰማይ ንውፃእ" በሎም።

21. ሽዑ እቶም 4 ኃያላን መላእኽቱ ባህ ስለ ዝበሎም ምስ ኵሎም ሠራዊቱ ናብ ኣርያም ሠረገላኡ ፆይሮሙሉ ደየቡ።

መግለጺ፡-ሳጥናኤል እቶም መላእኽቱ ሠረገላኡ ኪስከሙሉ ኽለዉ፡ ነጋሪት ውቓዕ፡ ክቱት ሠራዊት ኣሉ ጕዕዞኡ ናብ ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ገጹ ገበረ።

22. ንእኣቶም ድኻም ኮይንዎም፡ ናብቲ ተፈጥሮኦም ተመልሱ፡ ናብ ታሕቲ ወሪዶም ከኣ ናብ ቦታኦም ተመልሱ፡ ኣርያም ከኣ ናብ ቦታኣ ተመልሰት።

መግለጺ፡-ሳጥናኤል ድማ ናብ ኣርያም ኪግስግስ ከሎ፡ ኣርያም ካብቲ ናይ ጥንቲ ስፍራኣ ከይለቐቐት፡ ብፍቕድ እግዚኣብሔር ኾይኑ፡ ንሳጥናኤል ከምዚ ተመንቀሳ ሃዲማ ዚኽደት መሰለቶ። ሳጥናኤል ከኣ ኣሽምባይ ብእግሩ ብሕሊናኡውን ዘይበጽሓ ኾነ። ናይ ባህርይ ድኻም ኃደሮ። ኣርሃጸ፡ ጨነቐ፡ ደኸመ፡ ሳጥናኤል ድማ ፡ ደኺመ ፡ ርሂጸ፡ ምባል ኣጎፊርዎ "ንሱ ምስ ኣርያሙ ጠቐሊሉ ሃደመ፡ ንዑ ናብቲ ናይ ቀደም ቦታና ንመለስ" ኢሉ ኪምለስ ከሎ ከምዚ ሎሚ ዚረሃጸ ፡ ዚደኸመ ሰብ ብዘይ ልቡ ከምዚወድቐ፡ ሳጥናኤል ከኣ ናይ ባህርይ ድኻም ስለ ዝተሰምየ ከተማኡ ገዲፉ ናብ ከተማ ቅዱስ ሚካኤል ወሪዱ ተደረበ፡ ኣርያም ከኣ ናብቲ ናይ ጥንቲ ስፍራኣ ተመልሰት። ኣርያም ምህዳማ ንሳጥናኤል ኃፊራ፡ ወይ ፈሪሃ ድያ እንተበሉ ኃፊራቶ ፡ ወይ ፈሪሃቶ ኣይኮነትን። እንታይ ደኣ፡ ኣብ ሰማይ ዘይተሠርሐ ኣብ ምድሪ ስለ ዘይሠራሕ፡ ከምዚ ዝበለ ዓማፂ፡ ዕቡይ ኪመጽኣኩም ከሎ ኣይትቃወምዎ፡ ህደሙ ደኣ ኢሉ ንኺምህረና እዩ። ሮሜ. 12፡17-18።

ካልእ፡- ኣርያም ምህዳማ ንሳጥናኤል ጸሊኣቶን ተጻይፋቶን ከይረግጸኒ ኢላ እያ።

23. ሥርዓት ሰማይ ኣብ ምድሪ ተሠርዐ።

24. እዚ ነገር ዕብዳን ሳጥናኤልን ሠራዊቱን ፡ ኣብ እዝኒ ኵሎም ሠራዊት ብርሃን ተሰምዐ።

25. ቅድሚ እዚ ነገር ኣዚ፡ ብኢድ ሳጥናኤል እንተዘይኮይኑ ምስጋና ኵሎም መላእኽቲ ኣይቐርብን ነበረ። ትእዛዝ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ምስ ዓለወ ግና፡ ብኵሎም መላእኽቲ ብርሃን ንዑኾን ምኑንን ጽሉእን ሕሡርን ኮነ።

26. ከምቲ ሎሚ ካብ ኢድ ኃያል ጕበዝ ዚተወርወረት ቀስቲ፡ ላዕሊ ላዕሊ እናኃለፈት ከም እትከይድ፡ ምስጋና መላእኽቲ ብርሃን ድማ ንሳጥናኤል ስለ ዝተጸየፈቶ (ዝፈንፈነቶ) ብልዕሊኡ እናኃለፈት ናብ እግዚኣብሔር ክትኣቱን ክትከይድን ጀመረት።

27. እታ ምስጋና፡ ንሳጥናኤልን ንመላእኽቱን ከይኣትዉን ከይወፅኡን ከልኦም እናበለት ከሰሰቶ፡ ከመይ መስቴማ እኩይን፡ ክፉእን ከርፋሕ ጨና ዚሸትት ስለ ዝነበረ እዩ።

መግለጺ፡- እታ ምስጋና፡ ንሳጥናኤል ናብ እግዚኣብሔር ከይዳ ከሰሰቶ። እንታይ ኢላ ከሰሰቶ፧ እንተበሉ "እዚ ከርፋሕ፡ ኑቲሕ፡ ጨናዊ፡ ጨናኡን ሽታኡን ንመላእኽቲ ምውራድን ምድያብን ከልኦም።

ካልኣይ፡- "ንእኡ ኣጥፍኦ፡ እንተዘይኮነ ንኣና ኣጥፍኣና" ኢላ ከሰሰቶ፡ ጨናኡን ሽታኡንከ ከመይ እዩ እንተበሉ፡ ከምዚ ሎሚ ገምቢ ፊረስ፡ በቐሊ፡ ኣድጊ ኣብ ጥቓ መንገዲ ወዲቑ ንኃላፊ መንገዲ ዚሸትቶ ሳጥናኤል ከኣ ጨነወ፡ ሰተተ።

28. እግዚኣብሔር ድማ ምምላሱ እምበር ምውራዱ ስለ ዘይፈቱ ንኽሲ መላእኽቲ ብርሃን ኣይሰምየምን።

29. "ንስኻ ምምላስ ኃጥእ እምበር ሞቱ ኣይትፈቅድን ኢኻ" ሕዝ. 18፡23-24።

መግለጺ፡-እዚ ንኺፍለጥ ድማ፡ ሰብ ኣብዚ ዓለም እዚ ኪነብር ከሎ ብዙኅ ኃጢኣትን ክፍኣትን ሠሪሑ ናብ ንስሓ ኣይምለስን እየ እንተበለ፡ እግዚኣብሔር ክዳኑን ቐለቡን ሂቡ ደኣ የንብሮ እምበር፡ ብቐልጡፍ ተሃዊኹ ኣየጥፍኦን እዩ። ማቴ. 5፡45-46።

30. ሳጥናኤል ግና፡ ኣሽምባይ ኪምለስ ፡ ክፉእን ዓማጽን ስለ ዝኾነ ኣብ ልዕሊ ትዕቢት ትዕቢት ኣብ ልዕሊ ዓመጽ ከኣ ዓመጽ ኪውስኽ ጀመረ።

31.እግዚኣብሔር ንሳጥናኤል "ኣንታ ትዕቢተኛ ልቢ ክሳዕ መዓዝ ክዕገሦካ እየ፧ ንስኻ ዓመጽካን ትዕቢትካን ግደፍ፡ ኣነ ኽኣ ኃጢኣትካን ክፍኣትካን ክፍሕቔልካ እየ፡ እንተ ኣቢኻ ግና ዚተዘርግሐት እሳት ምስ ሠራዊትካ ክትኣትዋ ኢኻ" በሎ።

32. ድጎር'ዚ ሳጥናኤል ከም ብሓድሽ ምስ ኩሎም መላእኽቲ ብርሃን ባእስን ተጻብኦን ገበረ።

33. ሽዑ ሳጥናኤል ዓው ኢሉ ብልዑል ቃል "ሚካኤል መን እዩ፧ ገብርኤልከ መን እዩ፧ ሩፋኤል መን እዩ፧ ሱርያል መን እዩ፧ ሰዳክያል መን እዩ፧ ሰላትያል መን እዩ፧ ኣናንያል መን እዩ፧ እስከ ክንፋተን ምስ ሠራዊቶም ይምጽኡ። እቲ ጐይታኹም እኳ ከይረድኣኩም ኣርያሙ ጠቐሊሉ ሃደመ" ኢሉ ድምፁ ዓው ኣቢሉ ሓሰወሎም፡ ደንፍዓሎም።

34. ቅዱሳን መላእኽቲ ንሳቶም ድማ እቶም ኃያላን ሠራዊት ሚካኤል፡ ነዚ ምስ ሰምዑ ኣስይፍቶም መልሑ። እቶም ዓሠርተ ነገድ ኪሩቤልን እቶም ዓሠርተ ነገድ ሱራፌልን ድማ ምስ ሳጥናኤል

ንኽዋግኡ እቲ እሳታዊ ዝኾነ ጉጨታቶም ኣልዓሉ።

መግለጺ፦ ድጎር'ዚ ከምቲ ሎሚ ንፉዕ መንእሰይ፡ ጐይታኡ ብኻልኦት ኪነዓቕን ኪዋረድን ርእዩ ናይ መን ጐይታ እዩ ዚጽረፍ ኢሉ ክርክር ባእሲ ውግእ ኩናት ዚጅምር፡ ሳጥናኤል ድማ "እግዚኣብሔር ምስ ኣርያሙ ሃደመ" ኪብል ከሎ፡ ቅዱስ ሚካኤል ሰሚዕዎ ምስቶም ኃይላት ዚበሃሉ ሠራዊቱ ሴፍ እናመልሐ ኩናት ጀመረ። ድጎሪኡ ድማ ኪሩቤል ምስ ሠራዊቶም ምስቶም ዓሠርተ ነገድ፡ ሱራፌልውን ምስ ሠራዊቶም ምስቶም ዓሠርተ ነገድ እሳታዊ ጉጨታቶም ጎዞም ንኃይላት ረድእዎም።

35. ድጎር'ዚ ቅዱስ ገብርኤል ምስቶም ኣርባብ ዚበሃሉ ሠራዊቱ ንኃይላት ንኽረድእዎም ፡ እሳታዊ ገዘሞታቶም ጎዞም ናብ ኢዮር ዓረጉ።

36. ድጎር'ዚ ከምቲ ሎሚ መንእሰይ ምስ መንእሰይ ኪጻላእ ከሎ፡ ጫውጫው ዚስማዕ፡ ሳጥናኤል ምስቶም ኣብ ኢዮር ዘለዉ መላእኽቲ ኪዋጋኣ ኽሎ ኣብ ራማ ድምፂ ተሰምዐ። ሳጥናኤል ከኣ ንመላእኽቲ ሰዓሮም። ሽዑኡ ቅዱስ ሩፋኤል ምስቶም መናብርቲ ዚተባህሉ ሠራዊቱ ዋልታታት መብረቕን ዚነድድ ኩናታት ሓውን ጎዞም ንኃይላት ንምርዳእ ፈጢኖም ከዱ።

37. ድጎር'ዚ እቶም ኣብ ኢዮር ዘለዉ መላእኽቲ ነቶም ኣብ ራማ ዘለዉ መላእኽቲ ጭርሖ ኣስምዑ፡ እቶም ኣብ ራማ ዘለዉ መላእኽቲ ድማ ነዚ ጭርሖ እዚ ሰሚያም፡ ሱርያል ምስቶም ሥልጣናት ዚበሃሉ ሠራዊቱ ነጋሪቶም ጽዒኖም ሰዳክያል ከኣ ምስቶም መኳንንቲ ዚበሃሉ ሠራዊቱ እሳታዊ ዋልታታቶም ተሓንጊጦም፡ እሳታዊ ቀስቶም ገቲሮም፡ ሰላትያል ድማ ምስቶም ሊቃናት ዚተባህሉ ሠራዊቱ፡ ኣብ ፈረስ እሳት ተወጢሑ፡ ድርዒ እሳት ተደሪየም፡ ብኣምሳል ከዋኽብቲ ናይ ብርሃን ሠላጢን ጎዞም፡ ኣናንያልውን ምስቶም መላእኽቲ ዚበሃሉ ሠራዊቱ፡ ወንጭፍ መብረቕን ነጐድጓድን ካብ ሓጺን ዚጸንዕ፡ እምኒ እሳት፡ ጎዞም ጻት ንጻት ሰልፊ ገይሮም ንሳጥናኤል ገጠሙሉ።

መግለጺ፦ እንተኾነ ግና ሎሚ ዚሰዓር እቲ ኣቑዲሙ ዕርዲ ጎዙ ዚጸንሐ ከም ዚኾነ ሳጥናኤል ከኣ ነቲ ሰልፊ ኣጽኒዑ ንመላእኽቲ ሰዒሩ ኣሳደዶም። ድጎር'ዚ ኣብ ኢዮር ዘለዉ መላእኽቲ፡ ፍቕድካ ስለ ዘይኮነ እዩ ኢሎም ናብ ጐይታ ኣመልከቱ። ጐይታ ኽኣ ስለ ፍቕደይሲ ፍቕደይ እዩ። እቲ ምኽንያት ዚስዕረኩም ዘሎ ንኽትርድኡ ኢለ እየ" ኢሉ ናይ ብርሃን ትእምርተ መስቀል ሃቦም። ሽዑ ሳጥናኤል ነቲ ትእምርተ መስቀል ርእዩ ተሳዕረ።

38. ሽዑ ሳጥናኤል ከምቲ ኣብ እዋን ዝናም ጤልን ከምቲ ብመፈንጠራ ዚተታጎዘት ዑፍን "ኦ ንዅሉ እትጎዝ ንኣኻ ተገዛእኩልካ፡ እንሆ ንስካ ዘይኣዘዝካዮም ከም ዘጥፍኡና ኾኑ" በለ።

መግለጺ፡-ሳጥናኤል ከኣ ኣዝዩ ምስ ጨነቖ፡ መህደሚ መጎብኢ ስኢኑ፡ ከምዛ ብመጻወድያ ዚተታጎዘት ዑፍን ኣብ ማይ ዚወዓለት ጤልን እናኣንቀጥቀጠ ኣብ ማእከሎም ወዲቑ "ኦ ጐይታይ፡ ንስኻ ከይኣዘዝካዮም ከጥፍእይኒ እዮም፡ ሕጂ ድማ ኣነ ንኣኻ ተገዚኣ ኣሎኹ" ኢሉ ናብ እግዚኣብሔር ጸለየ።

39. ሽዑ ፈጣሪ ዅሉ ዓለም ፡ እቲ ነዚ ጎሱር ዚተንከዮ ንኣይ ከም ዚተንከየ እዩ እናበለ ኣንጐድጐደ። መላእኽቲ ድማ ነዚ ቓል እዚ ሰሚየም ኃደግዎ።

40. ሽዑ ሰማይን ምድርን ኪያርዎ ዘይኽእሉ መዓት እግዚኣብሔር ናብኡ ወረደ፡ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ድማ ካብኡ ተሰልበ።

መግለጺ፡-እግዚኣብሔር ንሳጥናኤል ናብኡ ከምዘይምለስ ስለ ዚፈልጥ ሰማይን ምድርን ኪያርዎ ዘይኽእሉ መዓት፡ መቐሠፍቲ፡ ኣውረደሉ።

41. ድጎሪኡ ሳጥናኤል ኣብቲ ዅሉ ስም እግዚኣብሔር ዚተጸውዓሉ ዘበለ ዚርዕድን ዚንቅጥቀጥን ዚበንን ኮነ።

42. ሣልሳይ ሳጥናኤል ኣእምሮ፡ ፍልጠት፡ ፍቐሪ፡ ትሕትና፡ ትዕግሥቲ ተጎድገ፡ ንሱ ድማ እንተተኻኢልዎስ ዘይምሕር ኮነ፡ ስሙ ኽኣ ሰይጣን፡ ዲያብሎስ ጋኔን ተባህለ።

43. እግዚኣብሔር ንዲያብሎስ "ምስ ሠራዊትካ ኪድ ናብ ምድሪ ውረድ፡ ነዞም ንጹሓን ሠራዊተይ ኣይተርክሶም" በለ።

መግለጺ፡-ጐይታ ንዲያብሎስ ነዞም ንጹሓን መላእኽተይ ከየርከስካዮም፡ ምስቶም ርኹሳን ሠራዊትካ ናብ ምድረ ፋይድ (ፍዳ) ኪድ ውረድ ኢሉ ብመዓትን ብቕጥዐን ኣዘዞ። ጐይታ ንዲያብሎስ ከምዚ ኢሉ ብቓል ቀጥዓ ምስ ኣዘዞ፡ ብየማነ ጸጋም ብቕድሚትን ብድጎሪትን ኮይኖም እናኣዳፍኡን እናኣጋፍዑን እልፍ ኣእላፋት መላእኽቲ ኣውሪዶም ደርበይዎ።

44.ድጎሪኡ ፀሓይ ኣብ መንገዲ ኣንቂጻ ከተምክኽ ምስ ደለየት፡ እግዚኣብሔር "ብዙኅ ሓሣር ስለ ዘለዎ ኣይተድክምዮ" በላ።

መግለጺ፡-ከምቲ ሎሚ ምስ ጐይታኡ ዚተጻልኣ ሰብ፡ ኵሎም ኣዝማዱ ከምዚጸልእዎን ከምዚፍንፍንዎን፡ ንዲያብሎስ ድማ ምስ ፈጣሪኡ ተጻሊኡ ናብ ምድሪ ኪወርድ ከሎ ፀሓይ ኣብ መንገዲ ጸኒሓ "እዚ ጎሡር ፡ ውርደተኛ ከም ሽምዓ ኣምኪኽ ከም ዕንጨይቲ ኣንቂጸ ክገድፎ እየ" በለት። እግዚኣብሔር ድማ ጎደጊ ከም ሽምዓ

መኺኹ ከም ዕንፀይቲ ነቒጹ እንተዚተርፍ ክፉእ ኣይኮነን ድሌቱ እዩ። ሰማይን ምድርን ዘይኽእልዋ እሳት ኣላትኒ፡ ኣብኣ ኣእትየ ክቕጽያ እየ" በላ።

45. ሽዑ ዲያብሎስ ከም እምኒ እናኣንከራረወ ከም ጕተቶ እናኣሽከርከረ ወሪዱ መካ ናብ ዚብልዎ ቦታ ወደቐ፡ መግለጺ፡- ቀዳም ኣብ ጊዜ ሠርኪ (ኣጋ ምሸት) ናብ ሰንበት ዘውግሕ ብዚተፈጥረ ጸልማት፡ ንዲያብሎስ ጠቕሊሉ ናብ ገሃነመ እሳት ኣውረዶ።

46. ኣብ ኣየር ዚወደቐ ኣለዉ፡ ናብ ምድሪ ዚወደቐ ኣለዉ፡ ናብ ጽልመት እንጦርጦስ ዚወደቐ'ውን ኣለዉ።

መግለጺ፡- ሠራዊት ዲያብሎስ ናብ ሠለስተ ተኸፍሉ፡- እቶም ብኣማን ፈጣሪ ኢኻ ኢሎም ኣሚኖም ዚሰገዱሉ ኃቢሮም ምስኡ ናብ እንጦርጦስ ወሪዶም። እቶም ንስኻ እንተፈጢርካስ ንሕናውን ክንፈጥር ኢና ዚበሉ ኸኣ ኃቢሮም መካ ናብ ዚተባህለ ቦታ ወሪዶም። ሎሚ ኣብ ምድሪ ንዅሉ ሰብ ስሒቶም ዜስሕትዎ ዘለዉ፡ ክሒዶም ኬኽሕድዎ ዚነብሩ ዘለዉ ንሳቶም እዮም።

እቶም ይኸውን እዩ ኣይኸውንን እዩ ኢሎም ዚተጠራጠሩ ኣብ ኣየር ጠልጠል ኢሎም ተሪፎም፡ ሎሚ ንነፍሲ ካብ ሥጋ ተፈልያ ክትዓርግ ከላ ነፍሲ ጻድቃን እናኣደንገፁ፡ ንነፍሲ ኃጥኣን እናቕጥቀጡ ዚነብሩ ኣጋንንቲ ኣየር ዚበሃሉ እዚኣቶም እዮም።

47. እዚ ሚካኤል መልኣኽ ኃይሊ በዓል ዚለዓለ ሥልጣን (መንበር) ልዑል እዩ። መንበሩ ድማ ካብ ናይ ኵሎም መላእኽቲ ልዕል ዚበለ እዩ፡ ሥዩምን ብጕይታኡ እሙንን እዩ።

መግለጺ፡- ድጎር'ዚ ቅዱስ ሚካኤል ናይ ተስዓን ትስዓተን (99) ነገድ መላእኽቲ ሓለቓ ኾነ፡ ልዑለ መንበር ድማ ተባህለ።

48. ቅዱስ ሚካኤል ከኣ ሓለቓ መላእኽቲ ኾይኑ ተሸመ። ሽመት ዲያብሎስን ዝፋኑን ደረበ። መላእኽቲ ኸኣ በቢነገዶምን በቢዖታኦምን ነናብ ቦታኦም ተመልሱ።

መግለጺ፡- ረቡዕ ማለት ንፍጥረት ራብዓይ ንቕመር ካልኣይ፡ ንፀሓይ ቀዳማይ ማለት እዩ። ረቡዕ ማለት ኣርባዕተ መዓልቲ ማለት እዩ። ኣርባዕተ መዓልቲ 25 ፍጥረት እዚ እዩ፡ እዚኽ ኣበየናይ ዕለት እዩ ተፈጢሙ፧ እንተተባህለ ሚያዝያ ዕለት ክልተ እዩ።

ኣክሲማሮስ ዘረቡዕ ኣብዚ ተፈጸመ።

ኣክሲማሮስ ዘኃመ·ስ

ቀዳማይ ክፍሊ

1. እግዚኣብሔር ማይ መንፈስ ሕይወት ዘለዎም ዚንቀሳቐሱን ኣብ ልዕሊ ምድርን ትሕቲ ሰማይን ዚነፍሩ ኣዕዋፍን ተውፅእ በለ። ከምኡ ድማ ኾነ። ዘፍ. 1፡20-21

መግለጺ፡- እግዚኣብሔር ኣብ ዕለተ ኃመ·ስ ፡ ረቡዕ ምሸት ናብ ኃመ·ስ ዘውግሕ ኣብ እዋን ሠርኪ (ምሸት) እንታይን እንታይን ፈጠረ፤ እንተበሉ ማይ ህያው ነፍሲ ዘለዎም ተንቀሳቐስቲ፡ ተውፅእ ኢሉ ምስ ኣዘዘ፡ ብእግሮም ዚሽክርከሩ፡ ብኽንፎም ዚነፍሩ፡ ብኣፍ ልቦም ተንፋሒኾም ዚኸዱ በብዓይነቶምን በብዓሌቶምን ስፍሪ ቕጽሪ ዘይብሎም ሠለስተ ፍጥረታት ተፈጥሩ። ዘፍ. 1፡20-21።

2. ሽዑ እግዚኣብሔር ንባሕሪ ምስ ኣዘዛ፡ ኵሉ ዓይነት እንስሳን ኣራዊትን ዓበይትን ነኣሽቱን ቕጽሪ ዘይብሎም ኣውፅኣት። ዘፍ. 1፡21-22።

መግለጺ፡-እግዚኣብሔር ኣንበሪታት ማይ ከከም ዓይነቱ ዘውፅኣቶም ተንቀሳቐስቲ ሕያዋን ፍጥረታት ኵሎም በብወገኖምን ዚበሩ ኣዕዋፍን ኵሉ ፈጠረ፡ ዘፍ. 1፡21-22። ድጎር'ዚ ኽኣ ኣብ የብሲ ንብሄሞት ኣብ ባሕሪ ንሌዋታን ኣስፈሮም፡ ዕዝራ. ሱቱ. 4፡49-53። ናይዚኣቶም ሥራሕ እንታይ እዩ፤ እንታይከ ይምገቡ እንተበሉ.....

3. ሻድሻይ ኢድ ንብሄሞት ወሃብካዮ።

መግለጺ፡- ብሔሞት፡- ካብቶም ኣብ የብሲ ዘለዉ ፍጥረታት ብዘይካ ሰብ ሓደ ሓደ ሺሕ ብጸጉሩ የኣትወሉ፡ ነዚ እናተመገበ ፈጣሪኡ እናኣመስገነ ኣብ የብሲ ይነብር። ሄኖ. 16፡13-14።

ለዋታን፡- ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ካብ ዚነብሩ ፍጥረታት ኵሉ ሓደ ሓደ ሺሕ ብጸጉራ ይኣትዉላ፡ ነዚ እናተመገበት ፈጣሪኣ እናኣመስገነት ኣብ ባሕሪ ትነብር። ሄኖ. 16፡12-13። ኢሳ. 27፡1-2። ናይዚኣቶም ኣቀማምጣኣም ከመይ እዩ እንተበሉ፡ ምድሪ ዙርያ ዙርያኣ ኣብ ሾብዓተ ከፊሉ ነቲ ናይቲ እቲ ሓደ ዕፃ ንብሔሞት ሂብዎ። ነቲ ናቱ ዕፃ ወይ ብጽሒትውን ኣብ ሠለስተ ከፊሉ እቲ ሓደ ንሱ ባዕሉ ደቂስዎ ይርከብ፡ ብኽልቲኣም ምግቡ ይመላለሰሉ።

4. ሻድሻይ ኢድ ንሌዋታን ሃብካያ፡

መግለጺ፡-እቲ ኻልኣይ ዕፃ ወይ ብጽሒት ንሌዋታን ሃባ፡ ነዚ ናይ ሌዋታን ዕፃ ድማ ናብ ሠለስተ ኽፊሉ ኣብቲ ሓደ ቦታ ንሳ ደቂሳ ኣላ፡ በቲ ኽልተ ዚተረፈ ኽኣ ምግባ ይመላለሰላ። ኣብቲ ሣልሳይ

ዕፃ ብድምፂ ዚቕትሉ ግሩማን ኣራዊት ኣስፈረ። ኣብቲ ራብዓይ ዕፃ ንእሳት ኣስፈሮ፡ ወይ ከኣ እሳት ኣስፈረሉ። ኣብቲ ኃሙሻይ ዕፃ በረድ ኣስፈረ፡ ኣብቲ ሻዱሳይ ዕፃ ኸኣ ንሰብ ሃቦ።

5. እቶም ንዓለም ከም ቀለቤት ተቕኒቶምዋ ዘለዉ፡ ዓለም ድማ ከም ኣፃብዕቲ ኾይናቶም ዘላ ግሩማን ኣራዊት ንሳቶም እዮም።

መግለጺ፡-እዛ ዓለም እዚኣ ኣብ ብሔሞትን ሌዋታንን ከመይ ኢላ ትነብር፧ እንተበሉ ብሔሞት ብሸነኽ የማን ኣብ ልዕሊ ንቑጽ መሬት፡ ሌዋታን ከኣ ብወገን ጸጋም ኣብ ባሕሪ ተቕኒቶም ወይ ከቢቦምን ዞይሮምን ተጠምጢሞምን ንሳቶም ከም ቀምሽ እዛ ዓለም ድማ ከም ክሣድ፡ ንሳቶም ከም ቀለቤት እዛ ዓለም ከም ኣፃብዕ ኮይኖም ይነብሩ። ቅዱሳን ጻድቃን ምስ በቕዑ ዚርእይዎም ግሩማን ኣራዊት ዚበሃሉ እዚኣቶም እዮም። ሚራክ ትርጓሜ 43፡33። ካብዚኣቶም ካብዞም ኣብ ባሕሪ ዚተፈጥሩ ፍጥረታት ዚብልዑን ዘይብልዑን ዚግዝኡን ዘይግዝኡን ፡ ካብኣታቶምውን ኣብ ባሕሪ ጸኒያም ዚነብሩ ኣለዉ። ብኽንፎም እናነፈሩ ዚኽዱ ኣለዉ፡ ሓደ ጊዜ ናብ ባህሪ ሓደ ጊዜ ናብ ንቑጽ መሬት እናተመላለሱ ዚነብሩውን ኣለዉ። እዚኣቶም ኵሎም ከኣ ምሳሌ እዮም። እቶም ዚብልዑን ዚግዝኡን ንእግዚኣብሔርን ንሰብን ተገዚኦም፡ ብፍቕሪ ብትሕትና፡ ብለውሃት ዚነብሩ ኣምሳል ጻድቃን እዮም። እቶም ዘይግዝኡን ዘይብልዑን ድማ ምሳሌ ኃጥኣን እዮም። ካብዚኣቶም ንእግዚኣብሔርን ሰብን ኣይንግዛእን ኢና ኣይንዳነን ኢና ኢሎም ብትዕቢት፡ ብኵርዓት ዚነብሩ ኸኣ ምሳሌ ኃጥኣን እዮም። ካብዚኣቶም እቶም ኣብ ውሽጢ ባህሪ ጸኒያም ዚነብሩ፡ ቤትናን ንብረትናን ኣይንገድፍን ኢና ፡ ካብ ዘመድ ኣይንፍለን እናበሉ ኪሰርቁ፡ ዚዕምጹ፡ ብሓሶት ኪምሕሉ ኪግዘቱ፡ ኪውገዙ ዚነብሩ ምሳሌ ኃጥኣን እዮም። ካልኣይ እዞም ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ጸኒያም ዚነብሩ ዚተባህሉ ኣብዚቕጽል ጥቕሲ ……

6. ንኽልቲኦም ከኣ ብሓንቲ በረኽት ባረኾም።

መግለጺ፡- ከምቲ ንኽልቲኦም ብሃንቲ በረኽት ባረኾም ዚተባህለ ጽዒሮም ግዒሮም ሓሪሶም ኵዒቶም ነጊዶም ምስ ቃል ኪዳኖም ጸኒያም ወሊዶም ከቢዶም ኣሥራት በኵራት ኣውፂኦም ቅዱስ ሥጋኡን ክቡር ደሙን በሊያም፡ ሰትዮም ሰንበት ኣኽቢሮም፡ ብሕጊ እግዚኣብሔር ጸኒያም ናይ ዚነብሩ ጻድቃን ኣምሳል እዮም። እቶም ብኽንፎም እናነፈሩ ዚኽዱ፡ ካብ ዘመድ ንና ካብ ዓዲ ምድረበዳ ይጎሸና ኢሎም ኣብ በረኻ ኽይዶም ኣብ እግሪ ገረብን በዓትን ሠር ጸድፍን ወዲቖም ናይ ዚነብሩ ጻድቃን ኣምሳል

እዮም። እቶም ሓደ ጊዜ ናብ ባሕሪ ሓደ ጊዜ ናብ የብሲ ኪመላለሱ ዚነብሩ ናይ መኮሳት ሰብኣ ዓለም ኣምሳል እዮም። ሓደ ጊዜ ድማ ናብ የብሲ ኪመላለሱ ዚነብሩ፡ ናይ መኮሳት ሰብኣ ዓለም ኣምሳል እዮም። ሓደ ጊዜ ናብ ሃይማኖት ሓደ ጊዜ ናብ ክሕደት ሓደ ጊዜ ናብ ሥርየት ሓደ ጊዜ ናብ ኃጢኣት ሓደ ጊዜ ናብ ዓለም ሓደ ጊዜ ናብ ገዳም ናይ ኪመላለሱ ዚነብሩ ኣምሳል እዮም። ካብዚኣቶም እቶም ብኽንፎም እናነፈሩ ወፂኦም፡ ወፂኦም ኣብተን 10 መዓርጋት ምስ በጽሑ ተመሊሶም ወሪዶም "አቡነ ዘበሰማያት" ጎድግ ለነ አበሳነ ወጌጋየነ' እናበሉ ናይ ዚነብሩ መኮሳት ኣምሳል እዮም።

ካልኣይ ክፍሊ

1. ንሳ እታ ከርከቤዴል ዚተባህለት ዑፍ ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ጉድጓድ ትፍንቅል ትፍሕር።.

ታሪኽ፡- ካብዞም ብኽንፎም ዚነፍሩ ከርከቤዴል እትበሃል ዑፍ ኣላ፡ ንሳ ክትጠንስ ከላ ኣብ ቀዳማይ ወርኂ ማለት ኣብቲ መጀመርታ ወርኂ ኣብ ሣልሳይ ወርኂ ኣብ ሻድሻይ ወርኂ ትጠንስ፡ እዚ ምሳሌ እዩ። እቲ ቐዳማይ ወርኂ ዚተባህለ ናይ ዘመነ አበው ምሳሌ፡ ሣልሳይ ወርኂ ዚተባህለ ናይ ዘመነ ኦሪት ኣምሳል፡ ሻድሻይ ወርኂ ዚተባህለ ናይ ዘመነ ወንጌል ኣምሳል እዩ።

2. ንሳ እታ ከርከቤዴል ዚተባህለት ዑፍ ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ጉድጓድ ትፍንቅል ትፍሕር።

መግለጺ፡- እዛ ከርከቤዴል ክትጠንስ ከላ ካብ ዘርኢ ተባዕታይ ኣይኮነትን እትጠንስ። ካብ ባሕሪ ወፂኣ ሠለስተ መዓርግ ልዕል ኢላ ፀሓይ ትጽሎ፡ ሕቐኣ ምስ ሞቼት ክንፋ ረቢባ ወሪዳ ኣብቲ ዓሚቕ ባህሪ ትኣቱ፡ ኣብዚ ጊዜ እዚ ረቢባ ወሪዳ ኣብ ባሕሪ ክትኣቱ ኸላ ካብ ፀዳል ፀሓይን ካብ ጠሊ ማይን ተኸፊሉ ኣብ ማሕፀና ይጥነስ። እዚኣ "ንጽሕት እምኣዕዋፍ" ተውፅእ። ቀጺላ ድማ ኃሙሽተ (5) ኣዕዋፍ ተውፅእ። ካብኡ ቐጺላ ዓሠርተው ኃሙሽተ (15) ኣዕዋፍ ተውፅእ። ቀጺላ ኣርብዓን ሽዱሽተን (46) ኣዕዋፍ ተውፅእ። ካብኡ ቐጺላ ሰብዓን ክልተን (72) ኣዕዋፍ ተውፅእ። ካብዘን ኣዕዋፍ ክሳዕ ኣርብዓ (40) መዓልቲ ብእግሮም ኬሽከርክሩ ቐንዮም ድጎሪ ኣርብዓ (40) መዓልቲ ብኽንፎም እናነፈሩ ይኸዱ።

ካልኣይ መግለጺ፡- ኣብቲ ቐዳማይ ዓሠርተው ክልተ (12) ካብ የማናይ ማሕፀና ክልተ ዕንቁኣት ተውፅእ፡ ቀጺላ ሠላሳን ኃሙሽተን (35)

ዕንቊታት ተውፅእ፡ ቀጺላ ሰብዓን ክልተን (72) ዕንቊታት ተውፅእ። ኣብ መጠረሽታ ክቡር ዕንቊ ተውፅእ። ነዚ ዕንቊ እዚ ድማ ዓሣ ተቐቢሉ ይውሕጦ። ካብ ዕንቊ ብርሃን ሕቆ እቲ ዓሣ ንዕምቈት እቲ ባህሪ ሰንጢቑ ወፂኡ ነቶም ኣብ ጫፍ እቲ ባሕሪ ዘለዉ ሰባት ይርኣ። ድጎር'ዚ ፍላስፋታት ክኢላታት ብርሃን ዘይኽልክል፡ ማይ ዘየእቱ ኽዳን ተኽዲኖም ናብቲ ባህሪ ኣትዮም ኣውፂኦም ንነጋዶ ይሸጥዎ።

<u>ሣልሳይ መግለጺ፡-</u> እቲ ዓሣ ምግቡ ደልዩ ናብ ጫፍ ባሕሪ ይወፅእ። ሰባት ከኣ ብየማነ ጸጋም ኣጉዶ ሠሪሐም ይከታተልዎ፡ ምግቡ ኪደሊ ኢሉ ምስ ወፅኡ፡ ብፍላጻ ነዲፎም ቀቲሎም ነቲ ዕንቊ ኣውፂኦም ንነጋዶ ይሸጡሎም። እዚ ዕንቊ እዚ ካብ ነጋዳይ ናብ ነጋዳይ እናተዘዋወረ ናብ ቤት መንግሥቲ ይበጽሕ። እዚውን ኣምሳል እዩ፡-

1. ቀዳማይ ወርኂ ዚተባህለ ምሳሌ ዘመነ ኣበው እዩ።
2. ሣልሳይ ወርኂ ዚተባህለ ምሳሌ ዘመነ ኦሪት እዩ።
3. ሻድሻይ ወርኂ ዚተባህለ ድማ ምሳሌ ዘመነ ወንጌል እዩ።

ጸጋም ድኹም እዩ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ዘመነ ኦሪት ድኻም ነፍሲ እምበር ኃይሊ ነፍሲ ኣይነበረን።

ኣብ ቀዳማይ ወርኂ ካብ ጸጋማይ ማሕፀና ሠለስተ ኣዕዋፍ ምውፅኣ ኣምሳል ኣብርሃም ይሰሓቅ፡ ያዕቆብ እዩ።

ቀጺላ ኃሙሽተ ኣዕዋፍ ምውፃኣ ምሳሌ ኃሙሽተ መጻሕፍቲ ሙሴ እዩ። ቀጺላ ዓሠርተው ኃሙሽተ ኣዕዋፍ ምውፃኣ ምሳሌ ዓሠርተው ኃሙሽተ እዩ። ቀጺላ ኣርብዓን ሽዱሽተን ኣዕዋፍ ምውፃኣ ምሳሌ ኣርብዓን ሽዱሽተን መጻሕፍተ ብሉያት እዩ።

ቀጺላ ሰብዓን ክልተን ኣዕዋፍ ምውፃኣ ምሳሌ ሰብዓን ክልተን ሊቃውንቲ እዩ። እቶም ክሳዕ ኣርብዓ መዓልቲ ብእግሮም ከሽከርክሩ ጸኒሖም ድጎሪ ኣርብዓ መዓልቲ ብኽንፎም እናነፈሩ ምኻዶም መጻሕፍቲ ብሉያት ኣብ ዘመን ኦሪት ሥጋዊ ኮይኖም ኪንገሩ ጸኒሖም፡ ኣብ ዘመን ወንጌል ግና መንፈሳውያን ኮይኖም ኪንገሩን ኪትርጕሙን ናይ ምንባሮም ምሳሌ እዩ።

<u>ካልኣይ</u>፡- የማናይ ማሕፀና ምሳሌ ዘመነ ወንጌል እዩ። የማን ኃያል እዩ። እንተ ወቕዐን እንተ ሃረመን ይሃሲ። እንተደርበየውን የርሕቕ፡ እንተኃዘ የጥብቕ፡ ከምዚ ዅሉ እዚ ድማ ኣብ ዘመን ወንጌል ኃይሊ ነፍሲ እምበር ድኻም ነፍሲ የልቦን።

<u>ካልኣይ</u>፡- ካብ የማናይ ማሕፀና ኣብ ቀዳማይ ወርኂ ዓሠርተው ክልተ ዕንቊታት ምውፃኣ ምሳሌ ዓሠርተው ክልተ ሓዋርያት እዩ። ቀጺላ ሠላሳን ኃሙሽተን ኣዕናቕዉ ምውፃኣ ምሳሌ ሠላሳን ኃሙሽተን መጻሕፍቲ ሓዲሳት እዩ።

ቀጺላ ሰብዓን ክልተን ኣዕናቑ ምውፃኡ፡ ምሳሌ ሰብዓን ክልተን ኣርድእቲ እዩ።
ኣብ መጠረሽታ ክቡር ዕንቁ ምውፃእ ምሳሌ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። እቲ ነቲ ኽቡር ዕንቁ ዚወሓጠ ዓሣ ኽኣ ምሳሌ ሸሞንተ ሺሕ ማኅበር እስጢፋኖስ እዩ።
እቶም ነቲ ዓሣ ብፍላጻ ነዲፎም ዚቕትልዎ ክኢላታት (ጠቢባን ምሳሌ ደቀ መዛሙርት እዩ። ክኢላታት (ጠቢባን) ደቀ መዛሙርት ልቡና መምህሮም፡ ብፍቕሪ፡ ብትሕትና ፡ እናወግኡ (እናነደፉ ኪመሃሩን ኪምህሩን ይነብሩ። እቶም ነዚ ዕንቁ ካብቶም ጠቢባን ዚገዝእዎ (ዚተሻየጥዎ) ሰባት፡ ካብ ሓዋርያት ዚተማህሩ፡ ብትምህርቶም ድማ መምህራን እናኣፍረዩ (እናኣብዝኑ) ኪምህሩ ናይ ምንባሮም ኣምሳል እዩ። እዚ ዕንቁ ካብ ነጋዳይ ናብ ነጋዳይ ኪዘዋወር ጸኒሑ ናብ ቤተ መንግሥቲ ምብጽሑ መምህራን እናመሃሩ ተመሃሮ እናተማህሩ ክሳዕ ዕለተ ምጽኣት ናይ ምጽንሖም ምሳሌ እዩ። ከርከቤዴል ናይ እግዝእትነ ማርያም ኣምሳል እያ። ከምቲ ከርከቤዴል ንጽሕት እም ኣዕዋፍ ዚኾነት እግዝእትነ ማርያም ድማ ንጽሕት እም ልማደ ኣንስት ትበሃል።
ከምቲ ከርከቤዴል ብዘይ ዘራኢ ዚጠነሰት፡ እግዝእትነ ማርያም ድማ ብዘይ ዘርኢ ንኣምላኽ ጠነሰት፡ ከምቲ ከርከቤዴል ልዕል ኢላ፡ ሠለስተ መዓርግ ደዪባ ፀሓይ ከም ዚተጸልወት፡ እግዝእትነ ማርያም ከኣ ሠለስተ መዓርጋት ትውልዲ ኃሊፋ ኣብ ራብዓይ መዓርግ ትውልዲ ኣምላኽ ወሊዳ።
ዕንቁ፡- ምሳሌ መለኮት እዩ። እቲ ዓሣ ኣምሳል ትስብእት እዩ። እቶም ነቲ ዓሣ ብፍላጻ ነዲፎም ዚቕትልዎ ጠቢባን ምሳሌ ኣይሁድ እዮም። ከምዚ ዅሉ ድማ ኣይሁድ ነቲ ምስ ሥጋ ዚተዋሓደ መለኮት ሰቒሎም ወጊኦም ቀቲሎም እዮም። እቲ ዕንቁ ካብ ነጋዳይ ናብ ነጋዳይ እናተዘዋወረ ናብ ቤት መንግሥቲ ምብጽሑ መለኮት ዚተወሓሓደ ነፍሲ ዚተፈልዮ ሥጋን ደምን ኢየሱስ ክርስቶስ እናተቐበሉ (እናበልዑን እናሰተዩን) ናይ ዚነብሩ ምእመናን ኣምሳል እዩ።
ክሳዕ እዚ ናይ ዕለት ኃሙስ ሥነ ፍጥረት እዩ። ኃሙስ ማለት ኃሙሽተ ዕለት ማለት እዩ። ኃሙስ ንፍጥረት መበል ኃሙሻይ ንቀመር ድማ ሣልሳይ ንፀሓይ ካልኣይ ማለት እዩ። ዕለት ኃሙሽተ (5) ሥነ ፍጥረት .....(18) እዚ እዩ። እዚኽ ኣበየናይ ዕለት እዩ ተፈጺሙ እንተበሉ ሚያዝያ ዕለት ሠለስተ (3) እዩ ተፈጺሙ።

ናይ ኃሙስ መጽሓፈ ኣክሲማሮስ ኣብዚ ተፈጺሙ።

አክሲማሮስ ዘዓርብ

ቀዳማይ ክፍሊ

1. እግዚኣብሔር ነታ የብሲ ምስ ኣዘዛ፡ ብዘለዉ ኵሎም እንስሳታትን ኣራዊትን ኣዕዋፍ ዓበይትን ደቀቕትን ቀጽሪ ዘይብሎም ኣውፅኦት። ዘፍ. 1፡24-26።

መግለጺ፡-እግዚኣብሔር ኣብ ዕለት ዓርቢ ፡ ኃሙሽ ምሸት፡ ናብ ዓርቢ ዜውግሕ እንታይ እንታይ ፍጥረት ፈጠረ፧ እንተበሉ ምድረ ሕያዋን ፍጥረታት ከከም ዓሌቶም፡ እንስሳታትን ተንቀሳቐስትን ፡ ኣራዊት ምድርን በብወገኑ ተውፅእ ኢሉ ምስ ኣዘዘ ሠለስተ ፍጥረት ፈጠረ። ሽዑ እንስሳት፡ ኣራዊት፡ ኣዕዋፍ በብወገኖም በብዓይነቶም፡ በብዘመዶም ተፈጥሩ። ዘፍ. 1፡24-25።

2. ነዚኣቶም ኪፈጥሮም ከሎ ድማ ተባዕታይን ኣንስታይን ገይሩ ፈጠሮም።

መግለጺ፡-ነዚኣቶም ኪፈጥሮም ከሎ ተባዕታይን ኣንስታይን እናገበረ ፈጠሮም፡ ንሳቶም ድማ ኣራዊት ቤት፡ ኣራዊት ኣፍኣ፡ ኣራዊት ቤት ከም በዓል ከልቢ፡ ድሙ እዮም። ኣራዊት ኣፍኣ ዚበሃሉ ከም በዓል ነብሪ ፡ ኣንበሳ ዚመሳሰሉ ኵላቶም። እንስሳ ቤት ከም በዓል ብዕራይ፡ ላም፡ በጊዕ፡ ጤል፡ ደርሆ እዮም። እንስሳ ኣፍኣ (እንስሳ ገዳም) ከም በዓል ሓርማዝ፡ ድኩላ፡ ዓጋዘን፡ ጠለበዱ ሰስሓ ዚኣምሰሉ እዮም። ኣዕዋፍ ቤት (ኣዕዋፍ ዘቤት) ዚበሃሉ ከም ርግቢት፡ ደርሆ ዚኣምሰሉ እዮም። ኣዕዋፍ ገዳም (ኣዕዋፍ ዘኣፍኣ) ዚበሃሉ ኸኣ ከም በዓል ቆጃሕ፡ ዛግራ፡ ዚኣምሰሉ እዮም።

ረቡዕ ምሸት ኣብ ጊዜ ሠርክ፡ ናብ ኃሙስ ዜውግህ፡ እንስሳት፡ ኣራዊት፡ ኣዕዋፍ ተፈጥሩ ካብ በልና፡ እዚኣቶም ደኣ ሓደዶ ኣይኮኑን፧ ብምንታይ ይፈላለዩ እዮም፧ እንተበሉ፡ ብግብሮም ይፈላለዩ፡ እቶም ካብ ባሕሪ ዚተፈጥሩ ናብ የብሲ ወፂኦም እንተወዓሉ እንተኃደሩ ፡ ዋሂ ፀሓይ (ሙቹት ሃሩር) ምስ ኣቃጸሎም ይሞቱ፡ ይውድኡ።

እቶም ካብ የብሲ ዚተፈጥሩ ድማ ኣብ ባሕሪ ኣትዮም ውሂሎም እንተ ኃዲሮም ዛሕሊ ውርጪ ምስ በርትዖም ሞይቶም ይውድኡ፡ ይሃልቁ፡ እቲ ብግብሮም ይፈላለዩ ዚተባህለ ነዚ እዩ።

ቅድሚ እዚ ሥላሴ ንኵሎም ፍጥረታት ምሸት ምሸት ኪፈጥሩ ቐንዮም፡ ኣብ መንጎ ዓርቢ ግና “ንግበር ሰብኣ በአርኣያነ ወበአምሳሊነ” ዘፍ. 1፡26-27። እግዚኣብሔር “ሰብ ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንፍጠር በለ” ዘፍ. 1፡26-27።

3. እግዚኣብሔር ንፋስ፡ እሳት፡ ማይ፡ መሬት ወሲዱ ብናቱ ኣርኣያን ኣምሳልን ንወዲ ሰብ ፈጠሮ።

መግለጺ፡- ንኣዳምከ ካብ ምንታይ እዮም ፈጢረምዎ፧ እንተበሉ ካብ መሬት፡ ማይ፡ እሳት፡ ንፋስ ከም ዘንጊ መልሚሎም፡ ከም ሰዊት ፈልፈሎም፡ ብኣርኣያኦምን ብኣምሳሎምን ፈጠርዎ።

4. ንወዲ ሰብ (ኣዳም) ፈጠሮ ማለቱ።

መግለጺ፡-ዕጓለ እመሕያው ፈጠረ ማለት፡ ንኣዳም ካብ ህያው እግዚኣብሔር ኣብ ፡ ካብ ሕያው እግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ ኣደ ዚተረኽበ፡ ዚተፈጥረ ውላድ ማለት እዩ።

ካልኣይ፡- ዕጓል ዚተባህለ ኣዳም እዩ። “እም” ዚተባህለት ምድሪ እያ። ሕያው ዚተባህለ ድማ እግዚኣብሔር እዩ። ካብ ሕያው እግዚኣብሔር ኣብ ፡ካብ ሕትምት ምድሪ ኣደ ዚተረኽበ ፡ ዚተፈጥረ ውሉድ ንኪብል “ዕጓለ እመ ሕያው” በሎ። ወገብሮ ማለት ድማ ፈጠሮ ማለት እዩ። እዞም እሳትን ንፋስን ኣብ ኣዳም ዚተፈጥሩ ደመ ነፍስ እዮም። እዞም እሳትን ንፋስን ደመ ነፍስ ከምዚኾኑ ዜረድእ እንታይ ነገር ኣሎ፧ እንተበሉ።

5. ነፍሲ ኣብ ደም ስለ እትኃድር፡ ሥጋ ምስ ደሙ ኣይትብልዎ ከመይ ደም ነፍስኹም እያ።

መግለጺ፡-ስለምንታይ እዩ ዘይበሰለ ሥጋ ኣይትብልዎ ዚበለ እንተበሉ፡ ዝሕላ ሥጋ እንተዘይተጠቢሱ እንተዘይበሲሉ ደም ኣይፍለዮን እዩ። ደም እንተዘይተፈልይዎ ኽኣ ነፍስኹም ሓዊስኩም ትበልዎ ኣሎኹም ኪብል ዘይበሰለ ሥጋ ኣይትብልዎ በለ። ዘፍ. 9፡4-5። እዚ ንኺፍለጥ ድማ ንሰብ ሕይወቱን ድኅነቱን ብምቑቱን ብእስትንፋሱን ብምንቅስቓሱን እዩ ዚፍለጥ። እሳትን ንፋስን እንተተፈልይዎ ግና ሞተ ይበሃል እምበር፡ ድኅር’ዚ ሕይወት ኣለዎ ኣይበሃልን እዩ።

6. እሳትን ነፋስን ነፍስ እዮም። መሬት ከኣ ጅማትን ጸጉርን ጽፍርን እዩ። ማይ ድማ ደም ፡ ምራቕ፡ ንብዓት እዩ። እቶም ኣብ ነፍስና ዘለዉ ኣርባዕተ ባህርያት እዚኣቶም እዮም።

መግለጺ፡-እሳትን ንፋስን ደመ ነፍሲ እዮም ካብ በልና፡ ናይ ማይን መሬትንከ እንታይ እዩ ግብሮም፧ እንተበሉ፡ ናይ መሬት ግብሩ፡ ግዝፊ፡ ዕብየት፡ እዩ። ሥጋ ጅማት፡ ጸጉሪ፡ ጽፍሪ፡ ግዙፍ ኣካል ዚኸውን መሬት እዩ። ናይ ማይ ግብሪ ርቀት እዩ። ደም ፡ ምራቕ፡ ንብዓት፡ ኮይኑ ዚፈስስ እዩ።

ብዘይካ መላእኽቲ ካብዞም 22 ሥነ ፍጥረት ብደመ ነፍስ ሕያው ዘይኮነን ካብዞም ኣርባዕተ ባህርያት ዘይተፈጥረን የልቦን። እዝስ

ሕራይ ይኹን እሞ እንስሳት፡ ኣራዊት ይበልዑ፡ ይሰትዩ፡ ይድቅሱ፡ ይትንሥኡ፡ ደመ ነፍስ ኣለዎም ንበል። በዓል ኣዝርእቲ፡ ኣትክልቲ፡ ዕፀዋትከ ደመ ነፍስ ኣለዎምዶ፧ እንተበሉ፡ እወ ኣለዎም። ዅሉ በብግብሩ ዘይዋለድን ፡ ዘይራባሕን የልቦን። ኣዝርእትን ኣትክልትን ዕፀዋትን ምስተዘርኡ ምስተተኽሉ ኣብ እግሮም ክሳዕ 40-50 ዚኾኑ ሠራውር ይወልዱ። ኣብ ርእሶም 100-200 የፍርዩ፡ ኣብ ነፋስነቶም ከኣ ይወዛወዙ። ብእሳትነቶም ዕንፀይቲ ንዕንፀይቲ እንተተሰሓስሑ ሓዊ የውዕኡ። ብማይነቶም ድማ ብሓጺን እንተወጋእካዮም ደም፡ ማይ፡ ጸባ ይውጎዝ። ብመሬትነቶም ከኣ የዓብዩ፡ ይገዝፉ፡ ይዕንብቡ፡ ይፈርዩ። ብምሳር ተቈሪጾም እንተወደቑ ድማ ይነቕጹ፡ ይፈርሱ፡ ይብስብሱ፡ ሓመድ፡ ደሮና፡ ሓምዅስቲ ይኾኑ።

7. ብዘይካ መላእኽቲ በይኖም፡ ካብዞም ኣርባዕተ ባህርያት ዘይተፈጥረ የልቦን።

መግለጺ፡-ብዘይካ መላእኽቲ ካብዞም 22 ሥነ ፍጥረት ብደመ ነፍስ ሕያው ዘይኮነን ካብዞም ኣርባዕተ ባህርያት ዘይተፈጥረን የልቦን ማለት ነዚ እዩ። እዚኣቶም ድማ ሓደ ኾይኖም ተዋሒዶም፡ ሓደ ኣካል፡ ሓደ ባህርይ ይኾኑ። ንኣዳም ግና ካብዞም 4 ባህርያት ጥራይ ኣይኮኑን ፈጢሮምዎ። ዘይትብላዕ፡ ዘይትስተ፡ ዘይትድቅስ፡ ዘይትታኽስ ሠለስተ (3) ግብሪ ዘለዋ ነፍሲ ወሲኾም እዮም ፈጢሮምዎ። ንኣዳም ብኣካለ ነፍሱን ብኣካለ ሥጋኡን ምቅድዳምን ምክትታልን ኣለዎ ድዩ እንተበሉ፡ መልሱ የብሉን። ኣብ ኣካለ ነፍሱን ኣካለ ሥጋኡን ምቅድዳምን ምክትታልን እንተዚነብሮ ነይሩ፡ "ንግበር ሥጋ ወንግበር ነፍሰ" ምበሉ ነይሮም። እንተኾነ ግና ንዅሉ ፍጥረታት ኪፈጥሩ ኽለዉ ብእግሮም ከይዶም ፡ ብኢዶም ቁሪጾም ሓኒያም፡ ይፈጥሩሉ እዮም ማለት ኣይኮነን። ንኣዳም "ንግበር ሰብኣ " ኢሎም ምስ ኣዘዙ፡ 4 ባህርያተ ሥጋ፡ 3 ባህርያተ ነፍስ፡ ሓደ ኮይኖም ተዋሒዶም ወዲ ሠላሳ (30) ዓመት ጐበዝ ኮይኑ ሓደ ጊዜ ተረኽበ።

8. ከመይ ቍጽሪ ሾብዓተ ብዕብራውያን ፍጹም እዩ፡ ከም ዝበለ ኣቡሳህር።

9. እዚ ሰብ ማለት ሾብዓተ ማለት ነፍስን ሥጋን ማለት እዩ።

መግለጺ፡-ሰብእ ማለት 4 ባህርያተ ሥጋ፡ 3 ባህርያተ ነፍስ እዞም ሾብዓተ ባህርያት ዘለውዎ ሾብዓተ ማለት እዩ።

ኣዳም ማለት ከኣ ኣደመ፡ መልክዐ፡ ዚብል ቃል ግእዝ ዚወፅእ ኮይኑ፡ ነውሪ፡ ነቐፋ፡ ዘይብሉ ሥግው እመሬት፡ ካብ መሬት ዚተረኽበ ሰብ፡ ፍጹም፡ ጽቡቕ ማለት እዩ። ድጎር'ዚ ሥላሴ፡ ንኣዳም ምስ

ፈጠሩ ድኻም፡ ዕረፍቲ፡ ንዋም፡ ድቃስ፡ ትኽስ፡ ንቕሓት፡ ትግሃት፡ ዚሰማምየ ገይሮም ፈጠርዎ። ዕረፍትን ድኻምን ንዋምን ናይ ሥጋ ግብሪ (ባህርይ) እዮም። ትግሃትን ንቕሓትን ድማ ናይ ነፍስ ግብሪ (ባህርይ) እዮም።

ድጎር'ዚ ኣዳም ኣብ ከምዚ ዚበለ ባህርይ ኪነብር ከሎ፡ ኵሎም እንስሳት ተባዕታይ ኣንስታይ እናኾኑ ኪወፅኡ ፡ ኪወርዱ፡ ኪድይቡ ረኣዮም እሞ ሥላሴ ብዘይካ ንመላእኽቲ ፡ ነዞም ኵሎም ፍጥረታት ኪፈጥሩ ኽለዉ ተባዕታይን ኣንስታይን እናገበሩ ፈጠርዎም። ንምንታይ ኮን ይኽውን ንኣይ ንበይነይ ዚፈጠሩኒ፧" ኢሉ ሓሰበ። ሥላሴ ድማ ንሓሳብ ኣዳም ከም ጸሎት ገይሮም ሰምዕዎ።

ሔዋን ካብ ጸጋማይ መሰንገለ ኣዳም ከም ዝተፈጥረት

10. እትራድኦ ብጸይቲ ደኣ ንግበረሉ እምበር ወዲ ሰብ ኣዳም ንበይኑ ኪነብር ኣይግባእን እዩ። ዘፍ. 2፡18-19።
11. ድጎር'ዚ እግዚኣብሔር ካብ ጸጋማይ መሰንገለ ዓጽሚ ኣዳም ሓደ ወሰደ፡ ነታ ዓጽሚ ድማ ሥጋ መልኣ፡ ሰበይቲ ክትከውን ከኣ ነደቓ (ፈጠራ)። ዘፍ. 2፡21-23።

መግለጺ፡-ድጎር'ዚ ኣብ ኣዳም ድኻም፡ ንዋም (ድቃስ)፡ ትኽስታ፡ መጽኣ፡ ኣዳም ከኣ ኣጸቢቑ ከይደቀሰን ኣጸቢቑ ከይነቅሐን ኣብ ማእከል ድቃስን ንቕሓትን ከሎ ካብ ጸጋማይ ጐድኑ ሓደ ዓጽሚ ወሲዱ፡ ንሔዋን ንእኡ እትመስል ገይሩ፡ ክንዳኡ ኣእኪሉ ጓል 15 ዓመት ጐርዞ ገይሩ ፈጠራ። ዘፍ. 2፡21-23።

12. ካብ ጐድኒ ኣዳም ዓፅሚ ምውሳድ ክንደይ ይገርም፡ ካብ ሰበይቲ ፈጠረ። ከምቲ ቅዱስ ኤፍሬም፡ ናይ ዅሉ ፍጥረት ፈጠረ ከምዝበለ (ውዳሴ ማር. ዘኃመስ)።
13. ምስኡ ምስ ኣዳም ድማ ማዕረ ገበራ።

መግለጺ፡- ንሰበይቲ ኪፈጥራ ኽለ፡ ብኣርኣያ፡ ብኣምሳል፡ ብብርሃን ንኣዳም ኣምሲሉ ፈጠራ። ብኣሥራውን (ብሠራወ ደም)ን ብኃይልን ግና ኣንኢሱ ፈጠራ። እዚስ ከመይ እዩ እንተበሉ፡ ናይ ተባዕትዮ ሠር ደም 666 እዩ። ተባዕታይ ጉልበቱን ኃይሉን ብርቱዕ ዚኽውን ስለ'ዚ እዩ።

14. ከመይ ኣንስቲ ድኹማት እየን። ከም ሰብኡትሲ ጽኑዓት ኣይኮነን። 1ይ ጴጥ. 3፡7-8።

መግለጺ፡-ናይ ኣንስቲ ሠራውር ደም (ኣሥራው) 333 እዩ። ናይ ሰበይቲ ኃይላን ፡ ጉልበታን ድኹም ምኻኑ ስለዚ እዩ።

እዞም ኣሥራው እዚኣቶም ንእንበልያን ንሰትዮን ኣብ ሰብነትና ዘወሓሕዱልና እዮም። እዚስ ከመይ እዩ፧ እንተበሉ እንበልያን እንሰትዮን ፡ እቲ መሬትነትና ይቕበሎ፡ ማይነትና ይብጽብጾ (የቕጥኖ)፡ እሳትነትና የፍልሖ፡ ንፋስነትና ሓሠሩን ቅጥራኑን ፈልዩ ኑቲ ሓሠር ገዲፉ፡ ኑቲ ቅጥራን ኣብ ጭንቅላትና (ርእስና) 6 ኣሥራው ኣለዉ። ናብኣታቶም የእትዎ። እዞም 6 ኣሥራው ናብቶም 60 ናይ ደም ሠራውርና የመጎላልፉ። እቶም 60 ሠራውር ደም ድማ ናብቶም 600 ኣሥራው የመጎላልፉ" ከምዚ እናበለ እቲ እንበልያን እንሰትዮን ብ666 ኣሥራው ተዋሒዱ ካብ ጽፍሪ እግርና ክሳብ ጸጉሪ ርእስና ይበጽሕ።

እዚ ኪፍለጥ ሎሚ ሰብ ጥዑም በሊዑ፡ ጥዑም ሰትዩ፡ እንተጎደረ መልኪዑ፡ ለስሊሱ ይርኣ። ናይዚ ምሳሌ ኣዝርእት፡ ኣትክልት፡ ዕፀዋት ብሥሮም ዚኣተወ ጠሊ ክሳብ ጫፎም ተዋሒዱ ይለምዑ፡ ይዕንብቡ፡ ይፈርዩ። እቲ ምሳሌኡ ብኽምዚ የረድእ።

ሥላሴ ኪፈጥሩ ኽለዉ ስለምንታይ እዮም ንተባዕታይ ብጎይልን ብጕልበትን ብርቱዕ ገይሮም፡ ንሰበይቲ ኽኣ ብጎይልን ብጕልበትን ድኽምቲ ገይሮም ዚፈጠሩ፧ እንተበሉ እዝስ ጥንቲውን ኪፈጥሩ ኽለዉ ተባዕታይ ንኺመልኽ፡ ኣንስተይቲ ንኺትምለኽ እዩ። ንሰበይቲ ብጎይልን ብጕልበትን ብርትዕቲ ገይሮም እንተዚፈጥርዋ ነይሮም፡ ኣይምተኻእለን ነይሩ። እዚ ኪፍለጥ፡ ሎሚ እኳ ሓደ ሓደ ጠንካራታት ደቂ ኣንስትዮ ምስ ጐበዝ ወዲ ተቓሊሰን ከውድቕ ይረኣያ እየን። ስለ'ዚ ቀጺዑ፡ ሃሪሙ፡ ንኼንብራ ኢሎም፡ ንሰበይቲ ብጎይልን ብጕልበትን ድኽምቲ፡ ንተባዕታይ ድማ ብጎይልን ብጕልበትን ብርቱዕ ገይሮም ፈጠሩ። ኣዳም ንግሆ ተፈጢሩ ካብ በለ፡ ሔዋንከ ኣበየናይ ጊዜ ተፈጥረት እንተበሉ፡ ኣዳም ዓርቢ ንግሆ ተፈጥረ። ሰበይቲ ኽኣ ኣብ ሰዓት ሠለስተ (3) ተፈጥረት።

ሥላሴ ካብ ሰንበት ኣትኒዞም ክሳዕ ዓርቢ ዚፈጠርዎም ፍጥረታት ዕሥራን ክልተን (22) እዮም። ኣብ ሻብዓይ መዓልቲ ግና ካብ ምፍጣር ዓሪፎም። እዚ ድማ ዕለቱ ቀዳም እዩ።

15. እግዚኣብሔር ኣብታ ሻብዓይቲ መዓልቲ ካብቲ ዅሉ ኪፈጥሮ ዚቕነየ ኣዕረፈ። ዘፍ. 2፡2-3።

ካልኣይ ክፍሊ

1. ኣዳም ካብ ድቃሱ ሃብታም ኣእምሮን ትንቢት ምሉእ ጸጋን ሞገስን ኮይኑ ተንሢኡ። "እዛ ሰበይቲ ሥጋኣ ካብ ሥጋይ፡ ነፍሳ ካብ

ነፍሰይ፡ ዓጽማውን ካብ ዓጽመይ እያ እሞ ሰበይተይ ትኹነኒ" በለ።
መግለጺ፡-ድጎር'ዚ ኣዳም ካብ ድቃሱ እንተነቐሐ፡ ሔዋን ክንዳኡ ኣኺላ፡ ንእኡ መሲላ ኣብ ጥቓኡ ኮፍ ኢላ ረኸባ። ሽዑ ኣዳም ትንቢት ተገሊጹሉ "እዛ ሰበይቲ ሥጋኣ ካብ ሥጋይ፡ ዓፅማ ካብ ዓፅመይ ተኸፊሉ ዚተፈጥረት እያ፡ ንሳ ካብ ተባዕታይ ስለ ዝተረኽበት ሰበይቲ ትበሃል። ሥላሴ ሰበይቲ ትኹንካ ኢሎም ሂቦሙኒ እዮም" ኢሉ ትንቢት ተናገረ። ዘፍ. 2፡22-24።
ኣዳም ከኣ ንሰበይቱ ሔዋን ኢሉ ስም ኣውፅኣላ፡ ከመይ ኣደ ኵሎም ሕያዋን ስለ ዝኾነት።
እዝስ ይኹን እሞ ሥላሴ ንሔዋን ካብ ጐድኒ ኣዳም ፈጠርዋ፡ ስለምንታይ ልዕል ኢሎም ካብ ርእሱ ትሕት ኢሎም ካብ እግሩ ዘይፈጠርዋ እንተበሉ፡ ልዕል ኢሎም ካብ ርእሱ እንተዚፈጥርዋ፡ ሰበይቲ ኵርዕቲ እያ፡ ዚገደደ ድማ ምኽርዐት ነይራ። ትሕት ኢሎም ካብ እግሩ ፈጢሮምዋ እንተዚኾኑ ነይሮም ሰበይቲ ትሕትቲ እያ ዝገደደ ኸኣ ምተሓተትን ምተናዕቐት ነይራ። ኣዝያ ልዕል ኣይትበል፡ ኣዝያ ኸኣ ትሕት ኣይትበል ኢሎም ካብ ማእከል ጸጋማይ (ቀሌ. 2፡2) ጐድኑ ፈጠርዋ።
መግለጺ ካልኣይ፡-ጐድኒ ብኽዳን ይኽደንን ይሸፈንን እዩ፡ ንኣንስቲ ድማ ኪኽደናን ኪሸፈናን ይግብኣን እዩ ንምባል ካብ ማእከል ጐድኑ ፈጠርዋ። "ወባሕቱ ኣንስትሰ ይትገልበባ ርእሶን" ኣንስቲ ግና ርእሰን ይጐልበባ 1ይ ቆሮ. 11፡6-7(መቅድመ ተኣምረ ማርያም)።
መግለጺ ሣልሳይ፡- እግሪ ምሳሌ ኣዝማድን ስድራን እዩ፡ ጐድኒ ምሳሌ ሰበይቲ፡ ርእሲ ምሳሌ በዓል ቤት እዩ። ከምዚ ድማ ሰበይቲ ኣብ ትሕቲ በዓል ቤት ክትእዝዝ ልዕሊ ኣዝማድ ክትእዝዝ ይግብኣ እዩ ኢሎም ማእከላይ ገይሮም ካብ ጐድኑ ፈጠርዋ።
2. ኣዳም ኣብቲ ዚተፈጥረሉ ቦታ ኣርብዓ (40) መዓልቲ ገበረ፡ ኩፋ.4፡9-10።
3. ኣብ ገጽ ኣዳም መንፈስ ሕይወት ኡፍ በለ። ዘፍ. 2፡7-8።
መግለጺ፡-ኣዳም ምስ ተፈጥረ ኣብ ኣርብዓ (40) መዓልቱ፡ ብንፍሓት መንፈስ ቅዱስ ኣጎደረሉ። ኣዳም ካብ ሥላሴ ናይ ጸጋ ውልድነት ተወሊዱ ናይ ጸጋ መንግሥቲ ነገሠ። እዚ ኪፍለጥ ድማ ነቲ ሥላሴ ብባህርይ ዚገዝእዎ ንሱ ብጸጋ ገዝኣ። ሥላሴ ብባህይር ንዚኣዘዝዎ፡ ኣዳም ብጸጋ ኣዘዘ።
4. ሽዑ መላእኽቲ ንኣዳም ካብ ናይ መንፈስ ቅዱስ ክዳን ብርሃን ኣልቦሲም ናብ ገነት ተድላ ኣእተውዎ።

መግለጺ፡-ድጎር'ዚ መላእኽቲ ንኣዳም ናይ ብርሃን መጐናጸፍያ፡ ኣጐናጺፎም፡ ናይ ብርሃን ሣእኒ ኣውድዮም፡ ናይ ብርሃን ዝናር ኣዕጢቐም፡ ናይ ብርሃን ኣኽሊል ኣብ ርእሱ ደፊኦም ኣብ ሠረገላ ብርሃን ኣወጢሖም "ቅዱስ እግዚኣብሔር ዘፈጠሮ ለአዳም" "ንኣዳም ዚፈጠሮ እግዚኣብሔር ምስጉን እዩ" እናበሉ፡ ብእልልታን ብሓጐስን ናብ ገነት ኣእተውዎ። ኩፋ. 4፡9-10።

5. ሔዋን ኣብቲ ዚተፈጥረትሉ ቦታ ንበይና መላእኽቲ እናሓለውዋ ሰማንያ (80) መዓልቲ ገበረት። ኩፋ. 4፡9-10።
6. ንሔዋን ድማ ከምኡ ካብቲ ኽዳን ብርሃን፡ ናይ ጸዳል መንፈስ ቅዱስ ከዲኖም መላእኽቲ ናብ ገነት ሓጐስን ፍሥሓን ኣእተውዋ። ኩፋ. 4፡9-10። ዘሌ. 12፡4-7። ሉቃ. 2፡22-25።

መግለጺ፡-ንሔዋን ከኣ ከምኡ ምስተፈጥረት ኣብ መበል 80 መዓልታ ከምቲ ናይ ኣዳም ገይሮም መላእኽቲ ኣብ ገነት ምስ ኣዳም ሓወስዋ። እዚ ኪፍለጥ ሎሚ ወዲ ምስ ተወልደ ኣብ ኣርብዓ (40) መዓልቱ፡ ጓል ምስተወልደት ኣብ ሰማንያ (80) መዓልታ ጥምቀተ ክርስትና ምቕባሎም፡ ናብ ቤተ ክርስቲያን ምእታዎም በዚ ምስላ እዚ እዩ። በዚ ናይ ኣዳምን ሔዋንን ኣንጻር ምሳሌ ኣዳምን ሔዋንን ገነት ምሳሌ ቤተ ክርስቲያን፡ ቀራንዮ ናይቲ ዚተፈጥሩሉ ቦታ ምሳሌ እዩ። ኩፋ. 4፡9-10። ዘሌ. 12፡4-7። ሉቃ. 2፡22-25። እቲ ቕድም ኣዳምን ሔዋንን ዚተቐበልዎ መንፈስ ቅዱስ ሎሚ ኸኣ ወዲ ኣብ ኣርብዓ (40) ጓል ኣብ ሰማንያ (80) ኣብ ክርስትናኡም ይቕበልዎ ኣለዉ። ሥላሴ ነዚ ዅሉ እንስሳትን ኣራዊትን ኪፈጥሩ ኸለዉ። ክሣውዶም ንታሕቲ እናደፍኡ፡ ብኣርባዕተ እግሮም ከም ዚኸዱ እናገበሩ ዚፈጠርዎም፡ ንኣዳም ግና ከም ዘንጊ መልሚሎም፡ ከም ሰዊት ፈልፈሎም ንላዕሊ ከም ዚርኢ ገይሮም ፈጠርዎ፡ እንተበሉ ንእንስሳትን ኣራዊትን ኸምዚ ገይሮም ምፍጣሮም፡ ጐይታ ንግዙኡ፡ እመቤት ንገረዳ ከዳሚታ ንመልእኽቲ ኣብ ዚጸውዕዎም፡ ግዙኣት ኢና ኢሎም ደኒኖም ፡ ክሣዶም ደፊኦም ነገሮም ድማ ብትሕትና ኸም ዚሰምዑ፡ እንስሳትን ኣራዊትን ከኣ ናይ ኣዳም ግዙኣት ኢኹም ኢሎም፡ ክሣዶም ንታሕቲ እናደነኑ ብኣርባዕተ እግሮም ከም ዚኸዱ እናገበሩ ፈጠርዎም።

ንኣዳም ድማ "ንስኻ ገዛኢኦም ኢኻ" ኢሎም፡ ከም ዘንጊ መልሚሎም ከም ሰዊት ፈልፈሎም ኣንቃዕሪሩ ከም ዚርኢ ገይሮም ፈጠርዎ። ሥላሴ ነዚ ዅሉ ፍጥረታት ኪፈጥሩ ኸለዉ ኣብ ምሽት ምሽት ፈጢሮም ንኣዳም ግና ዓርቢ ንግሆ ፈጠርዎ እንተበሉ እንስሳትን

ኣራዊትን ኣብ ኢጋ ምሸት ተፈጥሩ። ንምሸት ጸልማት ደድጎሪኡ ይስዕቦ፡ ከምኡ ኸኣ ንሞትኩም ጽልመት ሞት ይስዕቦ እዩ። ደኃር ከኣ ኣብ ጽልመት ምድሪ ፈሪስኩም በስቢስኩም ክትተርፉ ኢኹም ኢሎም ንእንስሳትን ኣራዊትን ምሸት ምሸት ፈጠርዎም።

ንኣዳም ግና ዓርቢ ንግሆ ምፍጣሮም ንንግሆ ደድሪኡ ብርሃን እዩ ዚስዕቦ። ከምኡ ድማ ንኣዳም ኣብ ጽቡቕ ሥነ ምግባርን ኣብ ጽቡቕ ሃይማኖትን ጸኒዕካ እንተተረኺብካ ብርህቲ መንግሥተ ሰማያት ክትስዕበካ እያ ኢሎም ዓርቢ ንግሆ ፈጠርዎ። ሥላሴ ነዚ ኹሉ ፍጥረት ኪፈጥሩ ኸለዉ "ለይኩን ብርሃን፡ ለይኩን ጠፈር፡ ለታብቍል ምድር፡ ለይኩኑ ብርሃናት፡ ለታውዕእ ባህር፡ ለታውዕእ የብስ" እናበሉ ኪፈጥሩ ከለዉ ንኣዳም ግና "ንግበር ሰብእ በአርኣያነ ወበአምሳሊነ" ኢሎም ፈጠርዎ እንተበሉ እዝስ ናይ ዲያብሎስ ጸርፌ እዩ። ጸርፉኸ ከመ እዩ፤ እንተበሉ ዲያብሎስ ዝፋኑ፡ ሽመቱ ልዕሊ ኹሎም ነበረ እሞ፡ ብልጫ ኽብሩ ርእዩ "ነዚ ኹሉ ፍጥረት ኣነ እየ ፈጢረዮ" ኢሉ ተላዕለ።

ሥላሴ ድማ ተቈጢያም ኣውሪዶም ናብ ካመ ደርበይዎ።

ዲያብሎስ፡ "እግዚኣብሔር ከማይ ዝበለ ዕፁብ ድንቅ ሓድሽ ፍጥረት ኣይርክብን እዩ እሞ፡ መሓረኒ እንተ ኢለዮ ናብ ሃገረይ ኪመልሰኒ እዩ" ኢሉ ተዛረበ። ሥላሴ ክንፉጥር ከሎና ከማካ ዝበለ ከርፋሕ ጨናዊ ኣይንፈጥርን ኢና። ንሕና ብባህርይ ንዝገዛእናዮ ብጸጋ ዚገዝእ፡ ንሕና ብባህርይ ንዝኣዘዝናዮ ንሱ ብጸጋ ዚእዝዝ ክቡር ፍጥረት ኢና እንፈጥር እምበር ከማኻ ጽዩእ ኣይኮነን" ኢሎም ንኣዳም "ንግበር ሰብእ በአርኣያነ ወበአምሳሊነ" ኢሎም ፈጠርዎ።

7. ንስኻ ነቲ ካብ ሃልሃልታ ሓውን ንፋስን ዚፈጠረካ ስለ ዘየመስገንካዮ፡ ኣብ ክንዳኻ ካብ ማይን ካብ መሬትን ዘመስግን ሰብ ፈጠረ። 3ይ መቃ. 4፡8-11።

መግለጺ፡-ከማኻ ዚበለ ፍጥረት ምፍጣር ዘይክኣሎ መሲሉካ ንስኻ ነቲ ዚፈጠረካ እግዚኣብሔር ምስጋና ምምስጋን ምስ ኣበኻ፡ መበል ዓሥራይ ነገድ ገይሩ ዚፈጠረካ እግዚኣብሔር ምስጋናኡ ንስኻ ምስ ብጸትካ ብሓድነት ምስተፈሌኻ እቲ ምስጋና ምእንቲ ከይጐድል ኣብ ክንዳኻ ንኣዳም ፈጠረ። ንስኻ ግና ብትዕቢት ልብኻ ነቲ ዚፈጠረካ እግዚኣብሔር ምስጋና ምቕራብ ኣበኻ፡ ሸለል በልካ፡ ንሱ ድማ ተቈጥዓካ፡ ተላገጸልካ፡ ኣሲሩ ኸኣ ምስ ሠራዊትካ ኣብ ገሃነመ እሳት ኣእተወካ፡ ሽዑ በቶም ክቡራት ኣእዳዉ ካብ መሬት ሓመድ ኣምጺኡ እሳትን ማይን ንፋስን ወሲኹ ብናቱ ኣምሳልን መልክዕን ንኣዳም ፈጠረ።

8. ኣብ ኣካልና ብህላዌኣ ዘይትመውት ነፍሲ ኣላትና፡ ንሳ ድማ ኣርኣያ እግዚኣብሔር እያ" ከም ዝበሉ (318 ሊቃውንቲ ኣብ መጽሓፍ ኣመክንዮ)።
9. ኣንታ ዅሉ እትፈልጥ ተረዳእ። ነፍሲ ብኃጢኣት እንተዘይረኺሳ ኣይትድምንን ኣይትጽልምትን እያ" ከም ዝበለ ኣረጋዊ መንፈሳዊ።
10. እግዚኣብሔር ንኣዳምን ሔዋንን "ካብቲ ዅሉ ኣብ ገነት ዘሎ ዕፀዋት ብልዑ፡ ካብታ ሓንቲ ዕንፀይቲ ኣብ ማእከል ገነት ዘላ፡ ክፉእን ጽቡቕን እተፍልጥ ግና ኣይትብልዑ፡ ካብታ ዕንፀይቲ እቲኣ እንተበሊዕኹም ሞት ክትሞቱ ኢኹም" በሎም። ዘፍ. 2፡16-18።

መግለጺ፡- እግዚኣብሔር ንኣዳምን ሔዋንን ብነፍሲ ኣኽቢሩ፡ ናይ ጸጋ መንግሥቲ ኣንጊሡ ኣብ ገነት ዘለዉ፡ ኣዝርእቲ፡ ኣትክልቲ፡ ዕፀዋት ዅሉ ብልዑ ስተዩ፡ ዅሉ ግዝኡ፡ ዅሉ ኣዝዙ፡ ልዕሊ ምድሪ ትሕቲ ሰማይ ዚተፈጥረ ፍጥረት ዘበለ ዅሉ ይገዛእኩም፡ ይተኣዘዘኩም ኢሉ ሃቦም። እንተኾነ ግና ክፉእን ጽቡቕን እተፍልጥ ሓንቲ ዕንፀይቲ ኣላ እሞ፡ ንእኣ ኣይትተንክይዋ፡ ንእኣ እንተተንኪፍክምዋ ግና፡ ናይ ሞት ሞት ክትሞቱ ኢኹም ካባይ ከኣ ክትፍለዩ ኢኹም፡ ናብ ገሃነመ እሳት ድማ ክትወርዱ ኢኹም" በሎም። ዘፍ. 3፡16-18። ጐይታ ንኣዳምን ሔዋንን ከምዚ ምስ በሎም

11. እግዚኣብሔር ንሥጋውያን ናብቲ መስፍን ዅሉ ዓለም ዝኾነ ኣዳም ዘለዎ ዝደለየ ይብላዕኩም ዝደለየ ይሕለብኩም፡ ዝደለየ ይወጣሕኩም" በሎም።

መግለጺ፡- እግዚኣብሔር ንእንስሳታትን ኣራዊትን "ኣብ ገነት ኣዳም ጐይታኹም ተሸይምልኩም እዩ እሞ፡ ኪበልዓኩም እንተደልዩ እናሓረደ ይብላዕኩም፡ ኪውጥሓኩም እንተደለ እናጸዓነ ይወጣሕኹም፡ ጸባኹም ኪሰቲ እንተድለየ'ውን እናሓለበ ይስቴኹም፡ ኣይትነቕንቕዎ፡ ኣይትተንክፍዎ፡ ኣይተቐይምዎ" በሎም።

እቶም እንስሳታትን ኣራዊትን ድማ፡ እግዚኣብሔር ከምዚ ምስ በሎም ወፂኦም ናብ ኣዳም ኪኾዱ ኾለዉ።

12. ዲያብሎስ ኣብ መንገዲ ጸኒሑ ነቶም ሥጋውያን "ናበይ ትኾዱ ኣሎኹም፧ ናበይ ኢኹምከ ትምለሱ፧" በሎም።

መግለጺ፡- ዲያብሎስ ኣብ መንገዲ ጸኒሑ "ኣቱም ሥጋውያን ናበይ ትኾዱ ኣሎኹም፧ ናበይከ ኢኹም ክትበጽሑ፧" በሎም። እንስሳትን ኣራዊትን ድማ "ኣዳም ጐይታኹም ኣብ ገነት ተሸይሙ ኣሎ እሞ ኺዱ ተገዝእዎን ተኣዘዝዎን" ኢሉና በልዎ።

13.ዲያብሎስ ነቶም ሥጋውያን “እዚ መስፍንኩም ኣዳም፡ ንመን እዩ ዚመስል፧ ክንዲ ምንታይከ ይኸውን፧” በሎም።
14. እቶም ሥጋውያን ድማ ንዲያብሎስ “መልክዑ እሞ ኸመይ ኢልና ክንገልጸልካ፧ ከመይ ብመልክዕ ፈጣሪኡ እዩ ተፈጢሩ። ኪርአ ብዘይክእል ብርሃን ከኣ ተሸሊሙ እዩ” በልዎ።
15. ሽዑ ዲያብሎስ “ኦ ጐይታይ፡ ካብ ነዚ ዜና እዚ ዝሰምዕሲ፡ ነዚ መሬታዊ መጠን ክንድዚ ዚኣክል ክብሪ ረኪቡ፡ እንተ ተጥፍኣኒ ምኻሸኒ” በለ።
መግለጺ፡- ካልኣይ ድማ ዲያብሎስ ንእንስሳታትን ኣራዊትን “በጃኸኩም ነኣይ ከኣ ምሳኻትኩም ተማልኡኒ”በሎም። እቶም እንስሳታትን ኣራዊትን “ኣዳም ብሩህ ንጹሕ እዩ፡ ንስኻ ግና ሕሡር፡ ክፉእ፡ ጸሊም ኢኻ፡ ኣዳም ንኣኻ ከመይ ገይሩ ኪርእየካ፧” በልዎ። ድጎር’ዚ መፍለስ እናጐየየ ኣብኡ በጽሐ። ዲያብሎስ ድማ “በጃኻ ነኣይ ምሳኻ ውሰደኒ” በሎ።
16. እቲ መፍለስ ንዲያብሎስ ንኪነኽሶ ኢሉ ጐየዮ።

ሳልሳይ ክፍሊ

ዲያብሎስ ድማ “እዞም ኵሎም ዚኸዱ ዘለዉ ብእግሮም’ዶ ኣይኮኑን ዚኸዱ ዘለዉ፧ ኣነስ ርእሲ ርእሶም እናረኣኹ ተኸቲለዮም ከይደ፡ እንተተኻእለኒ ኣስሒተዮ፡ ምስ ፈጣሪኡ ኣባኢሰዮ እመጽእ” ኢሉ ኸደ።
1. ሽዑ ዲያብሎስ ፈሪሁን ርዒዱን ከሎ፡ ከይዱ ኣብ እግሪ ገነት ምስ በጽሐ፡ “እቲ ሰብ ብኣምሳል ፈጣሪኡ እዩ ተፈጢሩ ኢሎሙኒ፡ እሞኸደኣ ኣእምሮኡን ጠባዩን ከይሓተትኩ፡ እንተኸድኩ ጎዙ ኸጥፍኣኒ እዩ” ኢሉ ካብ ቀደሙውን ፈራህ ስለ ዝኾነ፡ ፈሪሁ ኣብ እግሪ ገነት ደው በለ።
2. ዲያብሎስ “ምኽንያት ከይረኸብኩስ ናብኡ ኣይኸይድን እየ” በለ።
መግለጺ፡-ዲያብሎስ ድማ “እዞም እንስሳታትን ኣራዊትን በጺሖም ኪምለሱ ኸለዉ ኣእምሮኡን ጠባዩን ሓቲተ እንተዘይከይደ፡ ወይ ከኣ ተመሳሲለ ዚወፅኣሉ ምኽንያት እንተዘይረኺቡ፡ ናብዚ ይኹን ናብቲ ኣይኸይድን እየ” ኢሉ ቆይሙ ኪሓስብ ጀመረ።
3. ንሰብ እቲ ሓላዊኡ መልኣኽ ምስ ኃደጎ ሰይጣን ተቐቢሉ መከራ ይረኽቦ፡ ሓሚሙ ይመውት።
መግለጺ፡-ንዅሉ ፍጡር ሓላዊ መልኣኽ ኣለዎ። እቲ ሓላዊኡ መልኣኽ እንተዘይተፈልይዎ ሰይጣን ኣይቐርቦን እዩ። እቲ

ሓላዊኡ መልኣኽ እንተርጎቕዎ ግና፡ ሰይጣን ቀሪቡ ይራኸቦ እሞ የሓምምን ይመውትን።

4. እዚ ልማድ እዩ እንተደኣ ንእሽቶ ክንዲ ዓይኒ መርፍእ እትኣክል መእተዊ ምኽንያት ረኺቡ ባዕሉ ክንዲ ጽዑን ገመል ዘጎልፍ ኣፍ ደገ ክሳዕ ዚኸውን ባዕሉ የግፍሖ፡ ድጎሪኡ ኸይዱ ካብኡ ዚኸፍኡ ሾብዓተ ኣጋንንቲ ጸዊዑ ኣብታ ነፍሲ የኃድሩ። ማቴ. 12፡43-46።

<u>መግለጺ</u>፡-እዚ ድማ ልማድ ኮይኑ ተረፈ። ሎሚ ክንዲ ዓይኒ መርፍእ እትኸውን ነኳል ምኽንያት ኃጢኣት ካብ ሰብ ምስ ረኸበ ፡ ወይ እንተ ረኺቡ ንእኣ ናብዝን ናብትን ኣግፊሑ ከምዚ ዚተጻዕነ ገመል ዘውፅእ ኣፍ ደገ ገይሩ የኃድሮ። ንሱ ኣብኡ ኃዲሩ ከብቅዕ እንተ ጥሚምዎ፡ ኻልእ ካብኡ ዚገድዱን ዚኸፍኡን ሾብዓተ ኣጋንንቲ ጸዊዑ "ንዑ ኣብዚ ጽቡቕ ቤት ኣሎኩም" ኢሉ የጎደረሉ። ንሳቶም ከኣ ካብቲ ዚኃድርዎ ንደኃር ኃጢኣት ደኣ እምበር ብዛዕባ ጽድቂስ ኣየሕስብዎን እዮም። ማቴ. 12፡43-44።

እዚ ንኺፍለጥ ድማ ሰብ ኣብዚ ዓለም እዚ ኪነብር ከሎ ኣዳራሹ ኣስፊሑ ከብቲ ኣብዚኑ፡ ሠራሕተኛታት ገይሩ፡ ዓሳክርን ሓለውትን ቁጺሩ ተጠንቂቑ ኪነብር ከሎ፡ ጸላኢኡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ተንሚኡ ተዋጊኡ እንተስዒርዎ ኢዱ ኣሲሩ ምስ ኃዞ ኣብ ገዛእ ንብረቱን ቤቱን እቲ ጸላኢኡ ኾይኑ ዚሰዓሮ እዩ ዚእዝዝ እምበር፡ እቲ ተታጊዙ ዘሎ በዓል ንብረት ኣይእዝዝን እዩ። ማቴ. 12፡24-30። ሰይጣን ድማ ኣብ ዅሉ ዕድል ዚረኽበሉ ሰብነት ቡቲ ጽቡቕ ግብሩ፡ ብሃይማኖቱ፡ ዘይኮነስ ቡቲ ሰይጣን ዚመርኖን ዚኣዘዞን እዩ ዚነብር።

5. እዚውን ልማድ እዩ። ኣብታ ብዅለንትናኣ ብሃይማኖት እግዚኣብሔርን ብግብሪ ጽድቅን ዚተኃትመት ንእሽቶ መእተዊ ነኳል እንተዘይረኺቡ፡ ክሳዕ መእተዊ ዚረክብ ደኣ ኣብ ኣፍ ደገ ኾይኑ ይከታተላ እምበር፡ ናብኣስ ኣይኣቱን እዩ።

<u>መግለጺ</u>፡-ሰይጣን ነታ ነፍሲ ብምግባርን ብሃይማኖትን ተኃቲማ እንተ ርእይዋ ምናልባሽ ነቅኣ ኃጢኣት እንተረኽብኩላ ኢሉ ፍንትት ኢሉ ቆይሙ ይሕልዋ እምበር ኣይቕርባን እዩ። ድጎር'ዚ እንስሳታትን ኣራዊትን ኣብቲ ኣዳም ዘለዎ ገነት በጺሖም ፡ ኣ ጐይታና ንእትበልዓና እናሓረድካ ብልዓና ፡ ንእትሰትየና እናሓለብካ ስተየና፡ ንእትጽዕነና እናጸዓንካ ተጸዓነና ከም ዝደለኻ ግበረና' በልዎ።

6. ድጎር'ዚ እቶም ሥጋውያን ናብ ገነት ኣተዉ። በብኣስማቶም ድማ ሰመዮም። ኣዳም ከምቲ መንፈስ ቅዱስ ዘዛረቦ "ካብ ኮኾብ ሰማይ

የብዝጎኩም፡ ካብ ሑጻ ባሕሪ የብዝጎኩም፡ ኪዱ ብሰላም እተዉ" ኢሉ መረቖም።

መግለጺ፡-ኣዳም ድማ ኣነስ እቶም ኣብ ገነት ዘለዉ ኣዝርእቲ፡ ኣትክልቲ፡ ዕፀዋት፡ የኣኽሉኒ ንስኻትኩምሲ ካብ ኮኾብ ሰማይን ሑጻ ባሕርን ካብ ዕፀዋት ምድርን የብዝጎኹም፡ የርብሕኩም፡ ነናብ ቦታኹም ኬድኩም ኽበዱ፡ ተዋለዱ፡ ርብሑ፡ ስብሑ ኢሉ መሪቑ ኣፋነዎም።

ድጎር'ዚ እንስሳታትን ኣራዊትን በጺሖም ኪምለሱ ኽለዉ ፡ ዲያብሎስ ኣብ መንገዲ ጸኒሑ "ኣቱም ሥጋውያን እንቋዕ ብደኃን ኣትኹም፡ እቲ መሬታዊ ጐይታኹም እንታይ እንታይ ኢሉኩም፧ ንእኡኽ እንታይ ሃቦ፧ እንታይከ ኣጎዲግዎ፧" በሎም።

7. ንኣዳም ብዘይካ እታ ኣብ ማእከል ገነት ዘላ ሓንቲ ዕንፀይቲ ፡ ኣብ ትሕቲ ሰማይን ኣብ ልዕሊ ምድርን ዚኽልኡ የልቦን።

መግለጺ፡- እቶም እንስሳታትን ኣራዊትን ፡ እግዚኣብሔር ይመስገን ካብ ብዝጎና ኣይጐደልናን፡ ካብ ቍጽርናውን ኣይጐደልናን፡ ንሱ እቲ ጐይታና ኣብ በቦታኹም ኬድኩም ክበዱ፡ ተዋለዱ፡ ርብሑ፡ ስብሑ፡ ኢሉ መሪቑ፡ ሰደደና፡ ንስኻስ ብዘይክእለትካ ንዘይብጻይካ ከምዚ ዝበለ ዘረባ ምዝራብዶ ይግብኣካ እዩ፧ ንሱስ ልዕሊ ኑቲ ኣብ ምድርን ትሕቲ ሰማይን ንዚተፈጥረ ዘበለ ኵሉ ፍጥረት ግዛእ፡ ንዳእ፡ ብላዕ፡ ስተ፡ ኢሉ ሂብዎ እዩ፡ ብዘይካ ሓንቲ ዕንፀይቲ በለስ ዚኽልከሎ የብሉን።

ዲያብሎስ ከኣ ካብታ ዕንፀይቲ እንተበላዕኩም እንታይ ክትኾኑ ኢኹም ኢልዎም፧" ኢሉ ብተንኰል መርመሮም። እቶም እንስሳታትን ኣራዊትን ከኣ "ካብታ ዕንፀይቲ እንተበሊዕኩምሲ ናይ ሞት ሞት ክትሞቱ ኢኹም፡ ካባይ ክትፍለዩ ኢኹም፡ ገሃነመ እሳት ክትወርዱ ኢኹም" ስለ ዝበሎሲ ኣይትንክፍዋን እዮም" በልዎ።

8. ዲያብሎስ "ከምቲ ኣነ ካብ ብጾተይ መላእኽቲ ዝተሰጐጕክዎ፡ ምእንቲ ኪስጐጕሲ ፡ ካብዛ ቐጽሊ እዚኣ መን ኮን ኣብ ኣፉ መእተወሉ፧" በለ።

መግለጺ፡- ዲያብሎስ "ኣብ ጽላል እታ ኦም ዕርፍ ኢሉ፡ ኣብ እዝኑ ሕሹኹ ኢሉ መን ምነገረለይ እሞ ከምቲ ኣነ ወፂኡ ዝተሰጐጕኩ ንሱ ድማ ወፂኡ እንተዚስጐጐለይ።

ካልኣይ እንስሳታትን ኣራዊትን ክንዋጋእ ኢና ኢሎም እንተዘሳድድዎ፡ እሞ ወዲቑ እንተዚስበረለይ፡ ህቦብላ ንፋስ ገፊዑ እንተዚድርብዮ ፡ ትንሣኤ ብዘይብሉ ኣወዳድቓ እንተዚወድቀለይ" እናበለ ኬደይብን ኬውርድን ጀመረ።

9. ዲያብሎስ ከምዚ ኢሉ እናሓሰበ ኸሎ ኣርዌ ምድር ናብ ኣዳም ጐይታኣ ንኽትበጽሕ ብኣርባዕተ እግራ እናጐየየት ኣብኡ በጽሐት።
10. ዲያብሎስ ንኣርዌ ምድሪ “ናበይ ደኣ ትኸዲ ኣሎኺ፧” ኢሉ ሓተታ።
11. ንሳ “ንኽባረኽን ስም ንኽስመን ናብ መስፍን ዅሉ ዓለም ኣዳም ዘለዎ እኸይድ ኣሎኹ” በለቶ።
12. ኣርዌ ምድሪ፡ ንዲያብሎስ “ብኽፍኣት ንኣኻ ዚመስለካ ስለ ዘይብልካስ ኣዳም ደኣ ከመይ ገይሩ ክርእየካ እዩ፧” በለቶ።
13. ዲያብሎስ ድማ ንኣርዌ ምድሪ “ኣነ ኸኣ ካብ ኣራዊት ንኣኺ ዚመስል ጽቡቕ ኣይረኣኹን፡ እንተደኣ ክልቴና ኃቢርና እቲ መልክዐይ በቲ ጽቡቕ መልክዕኺ ኪበርህ እዩ፡ ኣሰር ክፍኣተይ ከኣ ኣይኪፍለጥን እዩ” በላ።
14. ሸዑ ኣርዌ ምድር በዚ ውዳሴ ከንቱ ተጠሊፋ “እንተደኣ ከምዚ ንስኻ እትብሎ ዘሎኻ ዚኸውን ኮይኑስ እስከ ንኽድ፡ እንተኾነ ግና እቲ ምስ ጽሉእ ዚተደመረ ጽሉእ እዩ ዚኸውን” በለቶ።
15. ንሱ ድማ “ከም ዚጸልኣኒዶ ርኢኽ፧ ወይስ ጠርጠርክኒ ኢኽ፧” በላ።
16. ኣርዌ ምድሪ ድማ ንዲያብሎስ “ንዘለዓለም ኣብ መንጎኹም ፍቕሪ የልቦን” በለቶ።

<u>መግለጺ</u>፡- ንሳ ምስማዕስ ኣይሰማዕኹን፡ እንተኾነ ግና፡ ጸልማትካ ካብ በርባሮስ ይጽልም፡ ብርሃንን ጸልማትን ዶ ይሰማምዑ እዮም፧ ከምኡ ድማ ምስ ኣዳምሲ ንዘለዓለም ስምምዕ የብልኩምን” በለቶ።

17. ዲያብሎስ ከኣ ንኣርዌ ምድሪ “እዚ እትብሊዮ ዘሎኺ ዝንግዐስ ጎደጊ፡ ከመይሲ ፍቕርና ክሳዕ ንዘለዓለም ኣይውዳእን እዩ” በላ።

<u>መግለጺ</u>፡-ንሱ እኳ እንተጸልኣኒ ኣነዶ ግዲ ኣሎኒ እዩ፧ ጥራይ ናተይን ናትክን ምውህሃድ ግና ክሳዕ ምጽኣት ኣይውዳእን እዩ” በላ እሞ እዚ ጎቦ እዚ ክንወፅእ ከሎና፡ ንስኺ ተሰከምኒ ወይስ ኣነ ክስከመኪ፧” በላ።

18. ኣርዌ ምድሪ ንዲያብሎስ “ኣነ እደክም እየ፡ ክፆረካ ድማ ኣይክእልን እየ እሞ ንስኻ ደኣ ፀረኒ” በለቶም።
19. ድጎር’ዚ ኣርዌ ምድርን ዲያብሎስን በቲ ዚተሰማሞዎ ስምምዕ ጎቦ ገኑት ወዲኦም ኣብ ማእከል ገኑት ኪበጽሑ ኸለዉ፡ ዲያብሎስ “ሰዓት ምብርራይና ስለ ዝበጽሐ፡ ንዒ ግዴኺ ፀርኒ” በላ (መቅድመ ወንጌል ገጽ. 23)።
20. ኣርዌ ምድሪ፡ ንዲያብሎስ “ተራይ ካብ በጽሐስ በል ነዓ ክፆረካ፡

እንተኾነ ግና ከይትኽብደኒ ቀልጢፍካ ክትወርደለይ ኢኻ" ኢላ እንተፈቐደትሉ፡ ዝል ኢሉ ኣብ ሕቐኣ ተወጥሐ፡ ኣብ ምሉእ ሰብነታ ድማ ተዋሒዱ ኃደረ።

21. ሽዑ ዲያብሎስ ንኣርዌ ምድሪ "ኣነ ንኣኺ ከም ነፍሲ ኮይነልኪ እየ፡ ንስኺ ድማ ንኣይ ከም ሥጋ ኮንካኒ ስለዚ ካብ ሕጂ ንንየው ንስኺ ኣይትዛረቢ፡ ኑቲ ምስፍን ዅሉ ዓለም ኣዳም ኣነ ባዕለይ ቅድም ባህ ዜብሎ ደኃር ግና ካብ ገነት ዜስጉኅ ክዛረቦ እየ" በላ።

ራብዓይ ክፍሊ

1. ብኽምዚ ዚበለ ኵነታት ተመንን ዲያብሎስን ተሰማሚያም ኣብ እዋን ቀትሪ (ሰዓት 6) ኪኽውን ከሎ ኣዳም ኣብ ዘለዎ ቦታ በጺሑም፡ ኣዳም ድማ ናብ ጸሎት ኪኽይድ ኢሉ ኪህወኽ ከሎ። ጸሎቱኽ እንታይ እንተበሉ መላእኽቲ ሰዓታት ርእዮም ደወል ይድውልሉ እሞ ድጎሪ እቶም ኣብ ገነት ዘለዉ ኣዕዋፍን ኣንስርትንውን ምስ ኣዳም ኣብ ገነት ጸሎተ ማኅበር የብጽሑ ነበሩ።
2. ድጎር'ዚ ዲያብሎስ ንኣዳም ኣብታ ተመን ተጻዒኑ ኽይዱ ብኣፍ ተመን "ኦ ኣዳም ፈጣሪ ዅሉ ዓለምን ንጉሥ ዅሉ ዓለምን፡ ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ፡ ኣብ ታሕቲ ኽኣ ኣብ ምድሪ ብዘይካኻ ካልእ ኣምላኽ የልቦን፡ ሰላም ንኣኻ ይኹን። ኣነ ድማ ስም ከተውፅኣለይ ኢለ ናባኻ መጺእኩ" በሎ።
3. ኣዳም ከኣ ንዲያብሎስ "ስምካ ከይሲ ይኹን፡ እንተኾነ ግና ኣነ መሬታዊ ደኣ እምበር ኣምላኽሲ ኣይኮንኩን፡ ሰማይን ምድርን ነኣይን ንመላእኽትን ዚፈጠረ ኣምላኽ ኣሎ" በሎ።

መግለጺ፡-ንሰማይን ምድርን ንኣይን ንመላእኽትን ዚፈጠረ ኣምላኽ ኣሎ ምስ በሎ፡ ዲያብሎስ ንኣዳም "ዘይፈለጥካዮ ደኣ ኳንካ ኢኻ እምበር ኣምላኽነትስ ተዋሂቡካ ነይሩ እዩ። ንምኳኑ ብጻይዶ ኣሎካ ወይስ በይንኻ ኢኻ ተፈጢርካ፧ በሎ። ኣዳም ከኣ "ሔዋን ኣላትኒ እምበር" በሎ።

4. ዲያብሎስ ንኣዳም "በል እታ ንግሥቲ ዅሉ ዓለም ሔዋንከ ኣበይ ኣላ፡ ሰላም ክብላ" በሎ። ኣዳም ድማ "ንሳስ ኣገልጋሊት እግዚኣብሔር ደኣ እያ እምበር ንግሥትስ ኣይኮነትን ፡ ኣብ ትሕቲ እታ ዕፀ ሕይወት ኣላትካ" በሎ።
5. ሽዑ ዲያብሎስ ንሔዋን ብኣፍ ከይሲ "ኦ ሔዋን ንግሥቲ ዅሉ ዓለምን ፈጣሪት ዅሉ ዓለምን ፡ ሰበይቲ ንጉሥ ዅሉ ዓለም፡

ሰላምታ ንኣኺ ይኹን” በላ።

መግለጺ፡-ዲያብሎስ ብኣፍ ከይሲ ኣብ ከይሲ ተፃዒኑ መጺኡ “ኦ ሔዋን ከመይ ኢልኪ ኣሎኺ፧ ኣነ ድማ እዚ ኵሉ ንግሥነትኪ ሰሚዐ እየ ክሰግደልክን ከመስግነክን መጺአ” ኢሉ ብሓሶት ውዳሴ ከንቱ ኣቕረበላ፡ ደረሰላ። ንሳ ኸኣ ነገሩ ባህ በላ። ከመይ ኣንስቲ ናእዳ ይፈትዋ እየን፡ ንሳ “ኣነስ ንግሥቲ ኣይኮንኩን ሰማይን ምድርን ንኣናን ንመላእኽትን ዚፈጠረ ኣምላኽ ኣሎ” በለቶ። ዲያብሎስ ድማ “ዘይፈለጥም ኴንኩም እምበር ኣምላኽነትስ ሂቡኩም ነይሩ እዩ። እንተኾነ ግና ኣብዚ ዓለም እንታይ ሃበኩም፧ እንታይከ ኣጎደገኩም፧ ናብራኹምከ ከመይ ከመይ እዩ፧” በላ።

6. ሔዋን ፡ ንዲያብሎስ “ንሕናስ ኣብ ፍጹም ሓጐስ ኣሎና። ብዘይካ እታ ኣብ ማእከል ገነት ዘላ ሃንቲ ዕንፀይቲ ዋላ ሓንቲ ኣይከኣልናን” በለቶ። ዘፍ. 3፡1-3።
7. ዲያብሎስ ድማ ንሔዋን “ብዛዕባ መብልዕ ዚሞተ መንዶ ኣሎ እዩ፧ መብልዕሲ ኣይቕትልን እዩ። እንታይ ደኣ ከምዚ ዝበለኩምሲ፡ ኣማልኽቲ ከይትኾኑ ጽቡቕን ሕማቕን ምእንቲ ከይትፈልጡን ካልእ ፍጥረት ምእንቲ ከይትፈጥሩን ኢሉ እዩ እምበር፡ ካልእ ኣይኮነን” በላ። ዘፍ. 3፡4-7።

መግለጺ፡- ዲያብሎስ ንሔዋን “እዝስ የድጎን እምበር ኣይቕትልን እዩ፡ ኣንቲ ዓሻ መብልዕ ንመን ቀቲሉ ይፈልጥ፧ እንተኾነ ግና ካባይ ብዝበለጸ ሓድሽ ፍጥረት ፈጢሮም ንኵሉ ፍጥረት ኬስንቕዎ እዮም ኢሉ ተመቕንዩኩም እዩ እምበር ብሓቂ መብልዕ ዚቕትል ኮይኑ ኣይኮነን። ሔዋን ድማ እቲ ኦም ንምብልዑ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ንዓይኒውን ከም ዘተሃራርፍ ንጥበብ ከኣ ሠናይ ከም ዝኾነ ረኣየት። ዘፍ. 3፡6-7።
8. ዲያብሎስ ንሔዋን “ናብ ሰብኣይኪ ደኣ ውሰዲዮ እምበር ካብዛ ቈጽሊ ንበይንኺ ኣይትብልዒ፡ ኸኡ ንሱ ንኣኺ የኽልስኪ፡ ንስኺ ድማ ንእኡ ኣኽልስዮ። ተጠንቀቒ ንሱ ከይቕድመኪ ንስኺውን ከይትቅድሚዮ” በላ።

መግለጺ፡-ኣማልኽቲ ንኸውን እንተ ኴንና ደኣ ሕጂ ዘይንበልዮ፧ በለቶ። ዲያብሎስ ብልባ ከም ዚበልዓቶ ፈሊጡ ክትበልዒ ከለኺ ኸኣ ንበይንኺ ኣይትብልዒ፡ ቀንጢብኪ ጎዝኪ ኬድኪ ብየማናይ ኢድኪ ንእኡ ብጸጋማይ ኢድኪ ድማ ንኣኺ ብሓንሳእ ብልዑ። ንሱ ቕዲሙኪ እንተበሊዑ ንሱ ኣምላኽ ኪኸውን እዩ። ንስኺ ቕዲምኪ እንተበሊዕኺ’ውን ንስኺ ኣምላኽ ክትኮኒ ኢኺ። እዚ ይትረፍ እሞ ክልቴኹም ብሃንሳእ ደኣ ብልዑ” በላ።

9. ኣዳምን ሔዋንን ትእዛዝ እግዚኣብሔር ኣምላኾም ምስ ዓለዉ ጸጋ እግዚኣብሔር ተፈልዮም፡ እቲ ኃዲርዎም ዚነበረ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ካብኣታቶም ተኣልየ። ዘፍ. 3፡7-8።

መግለጺ፡-ንሳ ቐንጠባ ጎዛ ኽይዳ ብየማናይ ኢዳ ንእኡ ብጸጋማይ ኢዳ ንእኣ ሓደ ጊዜ ኩሊሶም ሒኾም ከይወሓጥዎ ኽለዉ፡ ከም ነጮዳ ኽረምቲ ዚመስል ኣንጮድጉዱ ጸጋኡም ተቐንጠጠ፡ ክብሮም ኃለፈ፡ እቲ ኣብ ኣርብዓን ሰማንያን ዚተቐበልዎ ውሉድነት ተወስዶም፡ ዕርቃን ንዕርቃን ድማ ተረኣኣዩ። ዘፍ. 3፡7-8።

10. ኽዑ ኣዳም ንሔዋን "ኣንቲ ሰበይቲ፡ እንታይ ኢኺ ገርኪ ግዲ፧ ወይለና ወይለና ንዘለዓለም ኃዘን ረኽበና" በለ።

መግለጺ፡-ንኣዳም እቲ ዅላሶ ጐረርኡ ሕንቐ ኣቢሉ ምስ ኃዞ፡ "ዋይ ኣነ ኣንቲ ሰበይቲ እንታይ ኮን ኢኺ ኣብሊዕኽኒ፧" ኢሉ በኸየ። እቲ ኽዕኡ ንኣዳም ጐረርኡ ዚሓነቐ ዕፀ በለስ፡ ሎሚ ኣብ ክሣድ ወዲ ተባዕታይ ምልክት ኮይኑ ይርከብ።

11. ኣዳም ንሔዋን ኪሃርማ ኢሉ ካብ ዕፀ ገነት ኣልዒሉ ሰዓባ፡ እንተኾነ ከይሃረማ ቐልጢፉ ተመልሰ።

መግለጺ፡- ኣዳም ተመልሰ ደኣ እምበር ንሔዋን ኣብ ኣትክልቲ ገነት ከይዳ ምስ ሃደመት ስዒቡ ኽይዱ ኣይሃረማን። እዚ ልማድ ኮይኑ ተረፈ። ሎሚ ኣንስቲ ምስ ሰብኡተን ተባኢሰን ናብ ውሻጠ እንተኣትየን ፡ በቲ ናይ ኣዳምን ሔዋንን ልማድ ተመሊሰ ይወፅእ እምበር ተኽታቲሉ ኣትዩ ኣይሃርማን እዩ። እምቢ ኢሉ ኣትዩ እንተሃረማ ድማ ንሱ ደኣ ይፍረድ እምበር ንሳ ኣይፍረዳን እዩ።

ኣብዚ እዋን እዚ ኣዳም ንሔዋን ወቒዕዋ እንተዚኽውን ነይሩ፡ ሔዋን ከኣ ብበደለይ እየ ኢላ ተቐቢላቶ እንተትኽውን ንኽልቲኦም ንስሓኦም ምቐለለሎም ነይሩ። ታሪኽ፡- ነዚ ድማ ምሳሌ የረድኣ። ከመይ ኢሉ እንተበሉ፡ ሙሴ ንእስራኤል ካብ ባርነት ግብጺ ኣውፂኡ ኣብ ምድረበዳ ኣስፈሮም። ንሱ ኽኣ ናብ ደብረ ሲና ደየበ። እስራኤል ግና ንኣሮን "ሙሴ እንታይ ከም ዝረኽቦ ኣይንፈልጥን ኢና፡ ጠፊኡ ይኹን ኣይኹን ንስኻ ግና ኣማልኽቲ ግበረልና" በልዎ። ኣሮን ከኣ እስራኤል ክፉኣት እዮም ብዳርባ እምኒ ኪቐትሉኒ እዮም" ኢሉ ሕራይ እቲ ዘሎኩም ወርቅን ብሩርን ካብ ግብጺ ዘምጻእክምዎ ኣኪብኩም ኣምጽኡለይ" እንተበሎም እስራኤል ዅሉ ሳዕ ፈተውቲ ገንዘብ እዮም ዚነበሩ፡ እንተኾነ ግና ሰይጣን ኣትጊሀዎም፡ ወርቅን ብሩርን ብዘሎ ዅሉ መሣርሒኡምን ኣኪቦም ኣምጽኡሉ። ኣሮን ከኣ ሓዊ እንተበልዩ ኣነ ኣንታይ ክገብር እየ ክብሎም እየ ኢሉ ሓዊ ኣንዲዱ ኣብቲ ሓዊ ደርበዮ፡

ኣብቲ እዋን እቲ እቲ ወርቂ ብኣምሳል ዝራብዕን ምራኽን ኣቕርንቶም ወርቂ፡ ጭራታቶም ከኣ ብኣምሳል ሃሪ ዘለዎም ክልተ ዕንላት ጣያት (ምራኽ ዚመስሉ) ሰይጣን ኣቐመሎም። ሽዑ እስራኤል እቶም ተባዕትዮ ነቲ ተባዕታይ ጣያት፡ እተን ኣንስትዮ ኸኣ ነታ ኣንስተይቲ ጣያት ኪሰግዱ ጀመሩ። እግዚኣብሔር ድማ "ሙሴ ሙሴ"ኢሉ ጸዊዑ "እስራኤል ሕዝብኻ በዲሎሙኒ እዮም እሞ መቐሠፍቲ ኣምጺእ'ዶ ክውድኦም፧" በሎ። ሙሴ ኸኣ ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ስለ ዝነበረ "ኦ ጐይታይ ንስኻ ንእስራኤል እንተኣጥፋእካዮም ደኣ መን የትርፎም፧ ሕጂ ድማ ነኣይ እሞ ለኣኸኒ ነቲ ዚበደለ ክቐጽ፫" በሎ። ጐይታ ድማ "እንተቐጺዕካዮም ደኣ እርእየካ እንድየ ዘሎኹ ኢሉ ክልተ ጽላት ሂቡ ሰደዶ። ሙሴ ኣብቲ እስራኤል ዘለውዎ እንተበጽሐ፡ ስቡሕ ሓሪዶም፡ ሜስ ኣውሪዶም ንጣያት ኪሰግዱ ኸለዉ ረኸቦም። ዘፀ. 32፡1-20። ሙሴ ኸኣ ተቐጢዑ በተን ክልተ ጽላታት ነቶም ክልተ ጣያታት ወቕየም፡ እተን ጽላታትን፡ እቶም ጣያታትን ድማ ተሰብሩ። ሽኡ ሙሴ ነዚ ነገር እዚ ዚጀመሮን ዚገበሮንሲ መን እዩ፧" በለ። እስራኤል ድማ ሓሰውቲ ስለ ዝኾኑ "ንሕናስ ዋላ ሓንቲ ነገር ኣይገበርናን" በልዎ። ሙሴ ግና ብኣዋጅ ነጊሩ ሰብኡትን ኣንስትን ኣኪቡ "ነቲ ጣያታት ኣድኪሙ ጥሒኑ በጽቢጹ ኣብቲ ገባሪ የውዕሎ ኢሉ እንተነጸገሎም፡ እቶም ፍቕሪ ጣያት ዚኃደሮም ሰባት ኣብ ከናፍሮም ናይ ወርቂ ለምጺ እናተቐርጸሎም ረኸቦም። ሽዑ ሙሴ ንፈጣሪኡ ቀኒኡ ካብቶም ሕዝቢ 3000 ብሰይፊ ቀጽየም። ዘፀ. 32፡28-29።

12. ኣዳም ሽዑ ንሔዋን ወቒዕዋ እንተዚኸውን ነይሩ፡ ከምቲ እግዚኣብሔር ንሙሴ ነቶም ጣያት ዘፍቀሩ 3000 ምስ ቀተሎም ንልቢይ ባህ ኣበልካዮ ዚበሎ ንኽልቲኦም (ኣዳምን ሔዋንን) ንስሓ ምኾኖም ነይሩ። ዘፀ. 32፡28-30።

<u>መግለጺ</u>፡- ጐይታ ድማ ንሙሴ ንልቢይ ኣዝሓልካያ፡ ሕጂ ድማ ነዞም ዚተረፉ ምሒረልካ ኣሎኹ ኢሉ፡ ነቲ ሓሲብዎ ዚነበረ መቐሠፍቲ መሊስዎ። ዘፀ. 32፡28-30። ከምዚ ድማ ኣዳምን ሔዋንን ወቒዕዋ እንተዚኸውን፡ ንሳ ድማ ብኣበሳይ እየ ኢላ እንተትቕበሎ፡ ንስሓኣም ምቐለለሎም ነይሩ።

13. እቲ ኸይሲ ዚግበር ዘበለ ምእንቲ ኪርኢ ኢሉ ወፂኡ ደው በለ።
14. ኣጋ ምሸት ምስ ኮነ፡ እግዚኣብሔር ምስ ሠራዊቱ ወሪዱ "ኣዳም ደኣ ኣበይ ኣሎ፧" በለ" ዘፍ. 3፡9-10 ዮሓ. 4።
15. ኣዳም ድማ "ኦ ጐይታ ፈሪሀ ድምፅኻ ምስ ሰማዕኹ ቈጽሊ በለስ

ተኽዲነ፡ ኣብ ተክሊ ገነት ተኃባእኹ” በለ። ዘፍ. 3፡8-11።

16. እግዚኣብሔር ንኣዳም “እንታይ ኢኻ ኴንካ፧ እቲ ዝሃብኩኻ ኽዳን ብርሃንካ መን እዩ ቐንጢጡካ፧” በሎ። ወይሲ ነታ ነኣይትብልዓያ ዝበልኩኻ ዕፀ በለስዶ በሊዕኻ ኢኻ፧ በሎ።
17. ኣዳም ድማ “እታ ንስኻ ምሳይ ክትነብር ኢልካ ዝሃብካኒ ሰበይቲ ኣስሓተትኒ፡ ቁጽሊ በለስ ድማ ኣብልዓትኒ” በሎ። ዘፍ. 3፡12-13።
18. እግዚኣብሔር ነታ ሰበይቲ “ብሓቂ ንስኺ ዲኺ ዚገበርኪ፧ ወይስ ካልእ እዩ ዚነገረኪ፧” በላ። ዘፍ. 3፡13-14።
19. ሔዋን ድማ “ኣርዌ ምድሪ (ተመን) እያ ኣስሒታትኒ” በለት። ዘፍ. 3፡13-14።
20. ተመን ቀደም ብኣርባዕተ መሓውራ እያ ትኽይድ ነይራ፡ ክንዲ ዒሉ ገመል ከኣ ትኣክል ነበረት። መልክዓ’ውን ኣዝዩ ዕጹብ እዩ ነይሩ።
21. ካብ ኵሉ ኣራዊት ምድሪ ርግምቲ ኹኒ፡ ብኣፍ ልብኺ ሓፊፍ እናበልኪ ኺዲ፡ መሬት ከኣ ብልዒ። ዘፍ. 3፡14-15።
22. ኣነ ኣብ መንጎኽን ኣብ መንጎ ዘርኢ ሰብን ጽልኢ ክተክል እየ፡ ንሱ ርእስኺ ይቕጥቅጥኪ፡ ንስኺ ድማ ሸኹናኡ ሓልዊ። ዘፍ. 3፡15-16።
23. እግዚኣብሔር ንሔዋን “ከምዚ ነታ ዕንፀይቲ ዘድመኽያ ንስኺ ድማ ኣብ ነፍስ ወከፍ ወርኂ መጽአ ድመዪ፡ ብሕማምን ብጻዕርን ድማ ውለዲ፡ ምስ ወለድኪ ኽኣ ናብ በዓል ቤትኪ ተመለሲ፡ ንዘለዓለም ድማ ንሱ ይግዛእኺ” በላ።። ዘፍ. 3፡16-17።

መግለጺ፡-እግዚኣብሔር ቅድም ንተመን ረገማ፡ ደኃር ከኣ ንሔዋን ረገማ፡ ንሔዋን እንታይ ኢሉ ረገማ፧ እንተበሉ፡ ከምቲ ነታ ዕፀበለስ ቀንጢብኪ ደም ዘውፃእኪያ፡ ንስኺ ኽኣ ወርኂ ወርኂ ደምኪ ይፍሰስ። ብሕማምን መከራን ውለዲ፡ ወሊድኪውን ናብ ሰብኣይኪ ተመለሲ” ኢሉ ረገማ።

ካብዚ ቐጺሉ እግዚኣብሔር ንሔዋን ምስ ረገማ፡ ንኣዳም ድማ መርገምካ ተቐበል” በሎ። ኣዳም ከኣ “ኦ ጐይታይ፡ ኣነ ኣብቲ ነገር ዘይነበርኩ ኣብቲ ምኽሪ ዘይወዓልኩን ዘይተሓወስኩን፡ በቲ ሔዋን ዘምጽኣቶ ዕዳ ኣነ ከመይ ኢለ መርገም ክቐበል፧” በሎ። ጐይታ ድማ “ኦ ኣዳም ሔዋን እኮ ሥጋኣ ካብ ሥጋካ፡ ዓፅማ፡ ካብ ዓፅምኻ ፡ ነፍሳ ካብ ነፍስኻ ተኽፈሉ ስለ ዝተፈጥረ፡ ኣይተርፈልካን እዩ ተቐበል” በሎ። ኣዳም ከኣ “ኦ ጐይታይ! ጐይታን ኣገልጋልን ተማጉቱ እምንን ሓምሓምን ተፈራኺቱ” ከምዚብሃል ኣነዶ ምሳኻ ተማጉተ እኽእል እየ” ኢሉ መርገሙ ብትሕትና ተቐበለ።

24. “አ ኣዳም ንስኻ መሬት ኢኻ፡ ናብ መሬት ድማ ክትምለስ ኢኻ” ዘፍ. 3፡19-20።

መግለጺ፡- ኪረግሞ ኽሎኽ እንታይ ኢሉ ረገሞ፧ እንተበሉ “ኣዳም ኣነ ቅድም ብመንፈስ ቅዱስ ኣኽቢረ ብብርሃን ሰሊመ ፈጢረካ እምበር ካብ ቅድም መሬት ኢኻ ኔርካ፡ ሕጂውን ተመሊስካ ናብ መሬት እቶ” ኢሉ ረገሞ ዘፍ. 3፡18-20።

25. እንጌራኻ ብረሃጽ ገጽካ ብላዕ፡ እሾኽን ተኾርባን ይብቁልካ፡ ምድሪ ኽኣ ብግብርኻ ርግምቲ ትኹን” ዘፍ. 3፡17-19።

መግለጺ፡-እግዚኣብሔር ንኣዳም “ኣነ ንስኻ ኽይትደክምን ከይትወርድን ከይትድይብን ኢለ እትበልያን እትሰትዮን ሓደ ጊዜ ኣዳልየ እንተፈጠርኩኻ ንስኻ ግና ኣምላኽነተይ ካብ ተመነኻ፡ እናወረድካን፡ እናደየብካን እናደኽምካን ብላዕ፡ ሓሳብካ ብዛዕባ መግብኻ ይኹን፡ ምድርኻ እሾኽን ኣሜከላን የብቀ፡ ከብድኻ ድማ ጐንደራን ኮሶ የብቀ፡ እግርኻ እሾኽ ይጋእካ፡ እናተሸገርካ ንበር” ኢሉ ረገሞ፡ ዘፍ. 3፡17-18።

26. ነዛ መራር ጽዋእ ሞት ክትጥዕማ ከሎኻ፡ ሰብነትካ ከም ኽምዓ ትምከኽ፡ እግዚኣብሔር ንኣዳም እዚኣ ምስ በሎ፡ ኣካሉ ረዓደ፡ ኩለንትናኡ ድማ መኽኽ።

መግለጺ፡-ከም ብሓድኽ “ኣዳም ነዛ ጽዋእ ሞት ክትጥዕማ ከሎኻ፡ ኣካልካ ይርዓድ፡ ኢድካን እግርኻን የንቀጥቅጥ” በሎ። ኽዑ ኣካሉ ረዓደ፡ ኢዱን እግሩን ተንቀጥቀጠ፡ ከም ኽምዓ መኽኽ፡ ቅድም ኣካሉ ከምኡ ኣይነበረን፡ ከም ፋና ብሩህ፡ ከም ብርለ ጽሩይ፡ ኽንቲ ቀልቀል ዘየውዕእ ጽሩይ ኣካል ነበሮ።

ዚበልያን ዚሰትዮን ድማ፡ ከምዚ ብሃዊ ዘብሰልዎ፡ ኣብ ሰብነቱ እናመከኸ ይተርፍ ነበረ። እዚ ኪፍለጥ፡ ቅዱሳን ኣብዚ ዓለም እዚ ኪነብሩ ኽለዉ በቂያም እናበልዎን እናሰተዩን ኽንቲ ቀልቀል የብሎምን።

እግዝእትነ ማርያም ኣብዚ ዓለም እዚ ንስሳን ኣርባዕተን (64) ዓመት ክትነብር ከላ፡ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስውን ክብርን ምስጋናን ይኹኖ፡ ኣብዚ ዓለም እዚ ሠላሳን ሠለስተን ዓመትን ሠለስተ ወርሃን ኪነብር ከሎ፡ እናበልዎን እናሰተዩን እዚ ኹሉ ኣቐዲሙ ዚተጠቕሰ ኣይነበሮምን።

27. ብዘይካ ሓንቲ ኃጢኣት ንበይና ከማና ድማ ሰብ ኮነ። (ከምዝበለ ቅዱስ ኤፍሬም ኣብ ውዳ. ማ.)።

28. እግዚኣብሔር ንኣዳም “አ ኣዳም ወይለኻ ናብ መቓብር ክትወፅእ ከሎኻ፡ ነፍስኻ ናብ ሲኦል ትወርድ፡ ኣገልጋሊ ዲያብሎስ ወይ

ድማ ግዙእ ዲያብሎስ ድማ ትኸውን፡ ኣብኡ መከራ ክትጸግብ ኢኻ፡ ጊዜኡ ከይኣኽለ ኽኣ ኣይትወፅእን ኢኻ” በሎ።

መግለጺ፡- ክሳዕ እዚ ናይ ሥጋኡ መርገም እዩ። ካብዚ ቐጺሉ ግና ናይ ነፍሱ መርገም እዩ። እግዚኣብሔር ንኣዳም ብነፍሱ እንታይ እንታይ ኢሉ ረገሞ፧ እንተበሉ፡ “ኣዳም እዝስ መከራ ሥጋ ኃላፊ፡ ተወዳኢ እዩ። ብነፍስኻ ዘይውዳእ ብዙኅ መከራ ኣሎካ እሞ መርገምካ ተቐበል” በሎ።

ኣዳም ድማ “ኦ ጐይታይ፡ ነፍሰይ እሞ ናትካ ዕድል፡ ጽዋእ’ዶ ኣይኮነትን፡ ከመይ ኢለ መርገም ክቐበል፧ በሎ። ጐይታ ኽኣ “ኣዳም ኣነ ነፍስን ሥጋን ሓደ ኾይኖም እንተመጽኡኒ፡ ሓደ ገይረ እቐበል እምበር፡ ነንበይኑ ኣይቐበልን እየ፡ ስለዚ መርገምካ ተቐበል” በሎ። ኣዳም ድማ መርገሙ ብኣኩቴት ወይ ከኣ ብጸጋ ተቐበለ። ኪረግሞ ኽሎኽ እንታይ ኢሉ ረገሞ፧ እንተበሉ “ኣዳም ሥጋኻ ናብ መቓብር ክትኣቱ ኽላ፡ ነፍስኻ ድማ ናብ ሲኣል ክትወርድ እያ። ኣብኡ ኽኣ ብኢድ ዲያብሎስ ትተጎዝ፡ ኣብ ሲኣል ትሕየር፡ ብዙኅ መከራን ሥቓይን ትቐበል፡ ባርያ ዲያብሎስ፡ ግዙእ ዲያብሎስ፡ ትኸውን፡ ካብኡ ድማ ብዘይመዓልታ ኣይትውፃእ” በሎ።

እግዚኣብሔር ንኣዳም ከም ብሓድሽ “ኣነ ብመንፈስ ቅዱስ ኣኽቢረ፡ ብብርሃን ሸሊመ እንተፈጠርኩኻ፡ ንስኻ ግና ኣምላኽነተይ ካብ ደለኻ፡ ክዳንካ ዳባ ይኹን። ንሱውን እናኣረገ ፡ እናረስሐ ንዘለዓለም ክትጣቐ ንበር” ኢሉ ረገሞ። ከምዚ ኢሉ ምስ ረገሞ፡ ሓደ ኣራዊት ዚሰበሮ እንስሳ ነበረ ናቱ ቈርበት ከደኖ፡ እዝስ ሓሶት እዩ፡ ኣብቲ እዋን እቲ ዳባ ተፋሒቑ፡ ቈርበት ተቐሊጡ ኣይነበረን ግምጃ እዩ ዘልበሶ። ስለምንታይ ኑቲ ግምጃ ዳባ በሎ እንተበሉ በቲ ቐዳማይ ክዳኑ ፡ ኣብኡ ናይ ብርሃን መጐናጸፍያ ርእዩ ደኣ እምበር ዳባ ኢልዎ፡ ዘልበሶስ ግምጃ እዩ። ኣብቲ ጊዜ እቲ ግምጃ ስፉይ ኣይነበረን። ዳባ ዚበሎ እቲ ናይ ገዛእ ርእሱ ቈርበቱ እዩ። ስለምንታይ ኑቲ ናይ ገዛእ ርእሱ ቈርበት ዳባ በሎ እንተበሉ፡ ኣካሉ ከምዚ ኣይነበረን። ከም ፋኑስ እናበርሀ፡ ከም ብርጭቆ እናጸረየ፡ ዘይውጋእን ዘይብጣሕን ተሪር ሽንትን ቀልቀልን፡ ደምን ረሃጽን ዘይወፅእ ጽሩይ ኣካል ነበሮ።

29. ክዳንካ ድማ ቈርበት ይኹን። ዘፍ. 3፡21-23።

ድኅሪኡ ቈርበት ማእሲ ኽደኖም፡ ኩፋ. 4፡24-25።

ክፍሊ ኃሙሻይ

1. እግዚኣብሔር ንኣዳም “ካብ ገነት ተድላ ወፂእኻ ናብቲ እንስሳታትን ኣራዊትን ዚበኣሱኻ፡ መከራ እምበር ዕረፍቲ ዘይብሉ፡ ንሓንቲ ሰዓት እኳ ብዘይ ጓሂ ፡ ሓጐስ ዘይብሉ ናብ ምድሪ ውረድ” በሎ።

መግለጺ፡- እግዚኣብሔር ንኣዳም ከምዚ ኢሉ “ክብርኻን ካብ ኃለፈ፡ ጸጋኻን ካብ ተገፈፈ ኣብዛ ክብርን ጸጋን ዘለዋ ገነት ክትነብር ኣይግብኣካን እዩ። ውረድ” በሎ። ካብዚ ወሪድካ ምስ እንስሳታትን ኣራዊትን ኣጋንንትን ተበኣስ፡ ተዋጋእ፡ ተጻላእ ጸላእትኻ ይኹኑኻ” በሎ።

2. ኣዳም ድማ “ኦ ጐይታይ፡ ከመ ኢሉ ይከኣለኒ፧ ምስቶም ረቀቕቲ ኣጋንንቲ ከመይ ገይረ ክበኣስ፧ ሚዕሪዶ ምስ ሓዊ ኪበኣስ ይክእል እዩ፧ ሓዊኽ ምስ ማይዶ ኪበኣስ ይኽእል እዩ፧”

3. እግዚኣብሔር ከኣ ንኣዳም “እዚ ገነት ርስትኻ ኢሉ ኣቦኻ ዚኃደገልካዶ መሲሉካ፧ ወይስ ብወርቅኻ ዝተሻየጥካዮ፧ ቅድም ኣነዶ ኣይኮንኩን ዝሃብኩካ፧” በሎ።

4. እግዚኣብሔር ንኣዳምን ሔዋንን ካብ ገነት ተድላ ከውፅኦም ከሎ፡ ኣዕዋፍን ኣንስርትን ዕፀዋት ገነትን “ወይለና፡ ጐይቶትናን ገዛእትናን ካብ ማእከልናስ መን መሓወኩም፧ ንሕናስ ካብ መዓርን ሽኮርን ዚጥዕም ሕላብ ኣጥባትና ኣቕሪብናልኩም ኔርና፡ ንስኻትኩም ግና ነዚ መነንክምዎ፡ ካብ ፍረ ዕንፀይቲ ሞት ክትበልዑ ድማ መረጽኩም፡ መን መኽረኩም፧ ነዚኽ መን ነገረኩም” እናበሉ በኽዩ።

መግለጺ፡-ድኅር’ዚ ኣዳምን ሔዋንን ካብ ገነት ወፂኦም ኪኽዱ ኽለዉ ፡ ቈጽሊ ተኽዲኖም ቈጽሊ ተዓጢቖም ፡ ኣእዳዎም ኣብ ኣራእሶም ሰቒሎም “ዋይ ሃገርና ዋይ ተድላና” እናበሉን እናበኽዩን ኪወርዱ ኽለዉ ኣብ ገነት ዚነበሩ ኣዕዋፍን ኣንስርትን “ዋይ መኳንንቲ ገነት፡ መሳፍንቲ ገነት፡ ካብዚ መጋረጃ ብርሃን መን ኣውፅኣኩም፧ ካብ ማእከልናኽ መን እዩ ዚፈለየኩም፧” እናበሉ ሰዓብዎም፡ ኣፋንዮምዎም ከኣ ተመልሱ።

5. እንተኾነ ግና፡ እግዚኣብሔር ብምሕረቱ ይምሓርኩም ብሃብቱ ድማ የጽግብኩም፡ ኣብቲ ናይ ዘለዓለም ርስቱ ኽኣ የእትኹም።”

6. ሽዑ እግዚኣብሔር ነቲ ኣብ ኢዱ መስመስ እትብል ሰይፊ እሳት ዚኃዘ ሱራፌ መልኣኽ ኣዳም ኣታሊሉ ምእንቲ ከይኣቱ ኣብ ዓንቀጽ ገነት ኣዚዙ ኣቒሞ። ዘፍ. 3፡24።

7. ኣዳም “ወይለይ ወይለይ፡ ኣነ ንጉሥ ክንሰይ ሥዑር ኮንኩ፡ ኣነ ሃብታም ክንሰይ ድኻ ኾንኩ፡ ጻድቕ ክንሰይ ኃጥእ ኮንኩ፡ ኣነ ካብ

ክዳን ብርሃን ዚተላዕለ ልዑል ከሎኹ ዕሩቕ ኮንኩ" ኢሉ ኃዘነ።
መግለጺ፡-እቲ ቕድም እንስሳታትን ኣራዊትን ኣብ መንገዲ እናጸንሑ "ብልዓና ስተየና" ኢሎም ዚሰግዱሉ ዚነበሩ፡ "ክንበልዓካ ኢና፡ ክንወግኣካ ኢና" እናበሉ ኪደልይዎ ጀመሩ። ኣዳም ከኣ መከራ ምስ በርትዖ ክንዲ ዝናም ክረምቲ ዚኸውን ንብዓት ብምውፃእ እናበኸየ፡ ካብ ሓደ ዱር ናብ ሓደ ዱር፡ ካብ ሓደ ዋሻ ናብ ሓደ ዋሻ ኪዘውር ከሎ፡ እግዚኣብሔር ርእዩ፡ መልኣኽ መጺኡ "ኣዳም ግደፍ፡ መከራ ከምዚ ኢሉ ብቕልጡፍ ዚውዳእ ኣይኮነን" ኢሉ ናብ ደብር ቅዱስ ዚበሃል እምባ ወሲዱ ኣብኡ ኣንበሮ።

8. እግዚኣብሔር ኃዘን ኣዳም ርእዩ፡ ንመላእኽቱ "ዋላ እኳ ልቡ ክንዲ ሰማይን ምድርን እንተኾነ ነኣይ ድማ ሠለስተ ሰማያት ዘይክእልዎ ሓዊ ኣላትኒ" በሎም።
9. እግዚኣብሔር ድማ "ንዲያብሎስ ክፍኣቱ ትርእይዎ ኣሎኹም፡ ካብቲ ቕድም ዚሠርሖ ናይ ሕጂ ይገድድ፡ እዚ ዅሉ ናብ ኣዳም ዝመጽኦ መከራ ብናቱ እዩ። ነቶም ኣርባዕተ ጽኑዓትን ኃያላትን መላእኽቲ ብኃሙሽተ ሚእቲ እልፊ ሰንሰለታት ሓዊ፡ ብኃሙሽተ ሚእቲ እልፊ መዋቕሕ እሳት፡ ብኃሙሽተ ሚእቲ መሃፒለ እሳት ብኃሙሽተ ሚእቲ እልፊ ስጕንጥረ እሳት ኣእዳዉን ኣእጋሩን ምስ ክሣዱ ኣሲርኩም ንዘለዓለም ምእንቲ ኸይወፅእ መንጸፍ ገሃነመ እሳት ግበርዎ" ኢሉ ኣዘዞም።
10. ከም ብሓድሽ ከኣ እግዚኣብሔር ነቶም ኣርባዕተ ጽኑዓትን ኃያላትን መላእኽቲ ፡ ንሠራዊት ዲያብሎስ ኣሲርኩም ምስኡ ደምርዎም ኢሉ ኣዘዞም።
11. ሽዑ ዲያብሎስ ናብ እግዚኣብሔር "እቶም ዘፍቅሩንን ትእዛዘይ ዚገብሩንሲ፡ ሕጂውን ካብ ደቂ ኣዳም ፡ ምሳይ ኃቢሮም ከምዚወርዱ ግበረለይ ኢሉ ለመነ። 3ይ መቃ. 1፡17-18።

መግለጺ፡-ዲያብሎስ "ኦ ጐይታ ኣነ ካብ ናይ ኣዳም ዚበልጽ በደል እንታይ በዲለ፧ ንበነይ ናብ ገሃነመ እሳት ተውርደኒ ኣሎኻ፡ ሕጂ ድማ ካብ ደቂ ኣዳም ንኣይ ዚፈትዉ ዘበሉ ምሳይ ከምዚወርዱ ግበረለይ" ኢሉ ለመነ 3 መቃ. 1፡17-18።

12. እግዚኣብሔር ንዲያብሎስ "እቶም ንኣኻ ዜፍቀሩስ ይስዓቡኻ፡ ከይተስሕቶምን ከይትሸፍጦምን ግና ብስመይ ክረድኦም እየ" በሎ። 3ይ መቃ. 1፡22-23።
13. ዲያብሎስ ድማ ንእግዚኣብሔር "ኣነ ኣብዚ ኾይነ ንኸይፈታተን ብእሳት ሲኦል ተኣሲረ ወዲቐ ኣሎኹ። ሕጂ ግና እቶም ሓደ ነገድ ፍትሓለይ እሞ ኣባኡ ኾይኖም እናተፈታተኑ፡ ነቶም ጸላእተይ

ናትካ ፈተውቲ መላእኽትኻ ናባኻ የምጽኡልካ፡ ነቶም ፈተውተይ ንኣኻ ጸላእትኻ ሠራዊተይ ናባይ የምጽኡለይ” በሎ።

14. ድጎር’ዚ ዲያብሎስ ነቶም ጸላእቲ እግዚኣብሔር ኪጓስይዎምን ኪፋተኑን ንሠራዊቱ ናብዚ ዓለም እዚ ለኣኾም።

መግለጺ፡-ብዕለት ረቡዕ ሠራዊት ዲያብሎስ ኣብ ሠለስተ ተኽፈሎም ነይሮም። እቶም ሓደ ሲሶ “ይኽውን እዩ ኣይኽውንን እዩ” ኢሎም ዚተጠራጠሩ እዮም። እቶም ካልኣይ ሲሶ ኸኣ “ንስኻ ካብ ፈጠርካ ንሕናውን ክንፈጥር ኢና” ዚበሉ እዮም።

እቶም ሣልሳይ ሲሶ ድማ “ብኣማን ፈጣሪ ኢኻ” ኢሎም ኣሚኖም ዚሰገዱሉ እዮም። ድጎርዚ እግዚኣብሔር ነቶም ብሓቂ ፈጣሪ ኢኻ ኢሎም ዚሰገዱሉ ፈትሓሉ፡ ንሳቶም ኣብዚ ዓለም እዚ ኣብ ሣዕሪ ኣብ ዕንፀይቲ ኣብ እምኒ’ ኣብ ኣዝርእቲ ኣብ ኣትክልቲ ብሰሜን ብደቡብ በብሓለቓኡም ሸይሙ ኣዋፈረ። እዚኣቶም ድማ ናብዚ ዓለም መጺኦም ክሒዶም ዜኽሕዱ ስሒቶም ዜስሕቱ ኣጋንንቲ እዮም።

15. ነቢይ ስለዚ እዩ “እቶም ከም ብሩር ንጡፍን ፍቱንን ሾብዓተ ኢድ ዘጽረይዎ ከም ዘይዕፀዉ” ዝበለ ። መዝ. 21፡6-7።

መግለጺ፡- ሎሚ ንብሩርን ወርቅን ኣብ ሓጐዶ ኾይኑ ብሓዊ ተፈቲኑ ጽሩይነቱ ምስ ተፈልጠ ናብ ንጉሥ ከም ዚቕርብ ደቂ ኣዳም ድማ ስም ሥላሴ ሓጋዚ፡ ረዳኢ፡ ተጣባቒ፡ ገይሮም ጎዞም ካብ ጸብኣ ኣጋንንቲ ተዋጊኦም ከይሰዓሩ ንመንግሥተ ሰማያት ዚኣትዋ የልቦን፡ ኢሉ ነቢይ ተዛሪቡ ኣሎ” ጥበ. 3፡5-7።

16. ከምቲ ወርቂ ብሓዊ ዚፍተን ፈተኖም፡ ከም ጽንሓሕ መሥዋዕቲ ድማ ተቐበለኦም፡ እዚ ብዛዕባ እቶም ጥበብ ዚግብኦም ጻድቃን እዩ። ጥበ. 3፡5-7፡ መጽሓፈ ድጓዓ ያሬድ።

17. ካብ ደቂ ኣዳምን ሔዋንን ብዘይካ ሕፃናት ንበይኖም ተዋጊኡ ከይሰዓረ ናብ መንግሥተ ሰማያት ዚኣቱ የልቦን።

18. ዲያብሎስ ንእግዚኣብሔር “እቶም ዘፍቀሩኒ፡ ካብ ደቂ ኣዳም እንተ ሂብካኒ ፡ ካብኣቶም ብኣይ ዘይተፈተነ ዘበለ መንግሥተ ሰማያት ኣይእቶ። ከመይሲ ኣባኻ ኣድልዎ ዚበሃል የልቦን” ኢሉ ነቲ ነገር ኣጽንዩ።

19. እግዚኣብሔር ንኣዳም “በል ሰሚዕኻ ጸላኢኻ ዲያብሎስ ዚብሎ ዘሎዶ፡ ምሉእ ዕድሜኻ ኣዚኻ ጸኒዕካ ተጋደል” በሎ።

መግለጺ፡- “ሕጂውን ኣባይ ክልተ ነገር ኣድልዎ ስለ ዘየልቦ ኣጽኒዕኻ ተጋደል” በሎ።

20. ኣዳምን ሔዋንን “ኦ ጐይታና ንሕናስ ዝሃብካና እኽሊ በሊዕና፡

ዝሃብካና ማይ ሰቲና ምንባር እንተዘይኮይኑ እንታይ ንፈልጥ፤ ኣሞራ ይምንጥለና፡ ኣንበሳ ይሰብረና፡ ነብሪ የሓንቀና እምበር ኣይንኽእልን ኢና በልዎ።

ክፍሊ ሽዱሽተ (6)

1. ከም ብሓድሽ ከኣ ኣዳምን ሔዋንን " ኦ ጐይታና እንሆ ንኣና ምልኣት ሲኦል ውሂጡና ፡ ኣፍ ደገ ሲኦል ተኽፊቱና፡ ንስኻ ግና እዚ ኹሉ መከራና ርኢኻ፡ ቐልጢፍካ ይቕረ በለልና እናበሉ ክሳዕ ኣዕፅምቶም ዚኽስከስ ፡ ሥጋኦም ክሳዕ ዚቕረጽ ፡ ደሞም ክሳዕ ዚፈስስ እናበኸዩ ኣብ ደብር ቅዱስ ተቐመጡ።

መግለጺ፡- ኣዳም ንሔዋን "ካብዚ እኽሊ እዚ እናበላዕና ካብዚ ማይ እናሰተና ዝጸለናዮ ጸሎት ናብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣይበጽሓልናን እዩ እሞ፡ ካብ እኽልን ማይን ተፈሊና ነንበይንና ኴንና 40 መዓልቲ ሱባዔ ንእቶ" በላ። ሔዋን ድማ "ሕራይ ኢላ ንሱ ኣብ ሓደ ባሕሪ ፡ ንሳ ኣብ ሓደ ባህሪ ኣተዉ። ምስኣተዉ ኣብ መበል 35 መዓልቶም

2. ሰይጣን ብኣምሳል መልኣኽ እግዚኣብሔር ተመሲሉ መጺኡ፡ ንኣዳም "እንሆ እዚ ኹሉ ጸሎትካን ገዓርካን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ተሰሚዑ እዩ እሞ ናብ ገነት ኣእትዎም ኢሉ እግዚኣብሔር ልኢኩኒ" በሎ።
3. ኣዳም ከኣ ንዲያብሎስ "ኣነ መብፅዓይ ስለ ዝኾነ እተን 40 መዓልተይ ከይፈጸምኩ ኣይወፅእን እየ" ኢሉ ተኽራኽሮ።
4. ዲያብሎስ ንኣዳም " እግዚኣብሔር እንተመሓረካስ ንስኻ ርእስኻ ኣይትምሕርን፤ ቅድም ካብቲ እግዚኣብሔር ዘይኣዘዘካ ዕንፀይቲ በሊዕኻ ንመከራ ጸገብካ፡ ሕጂ ድማ ትኣቢ ኣሎኻ፤

መግለጺ፡-ዲያብሎስ ድማ "ንስኻ እኮ ቅድም ትዕቢተኛ፡ በደለኛ ኢኻ። ቅድም ኣይትብላዕ ዝበለካ በለስ በሊዕኻ ካብ ገነት ወፂእኻ፡ ካብ ክብርኻ ተዋሪድካ፡ ሕጂ ድማ ንሱ እንተ መሓረካ ንስኻ ንርእስኻ ኣይምሕርን" ትብል ኣሎኻ።

ሕጂ ድማ ኣነ ኃዲገኩም ክኸይድ እየ። ንስኻትኩም ከኣ መጻወቲ ሰይጣን ኴንኩም ክትተርፉ ኢኹም። እንተኾነ ግና ሔዋንከ ኣበይ ኣላ፤ ኣርእየኒ እሞ ሰላም ኢለያ ክኸይድ እየ" በሎ። ኣዳም ድማ "ኣነ ድኽነትን መከራን እንተበዝኃኒ ፡ ክብርን ጸጋን ይበዝኃለይ እምበር እንታይ ከይተርፈኒ። ሔዋን ከኣ እንሆትልካ ኣብዚ ኣላትካ" በሎ።

5. ሽዑ ሰይጣን ናብ ሔዋን ኣትዩ “ንዒ ውፅኢ፡ ምስ በላ ቀልጢፉ ወፅኣት፡ ከመይ ንሳ ግራቱ እያ፡ ከም ክንፊ ሽላ ገይሩ ድማ ወሰዳ።
መግለጺ፡- ዲያብሎስ ናብቲ ሔዋን ዘላቶ ባሕሪ ከይዱ”ሔዋን ሔዋን” ኢሉ ጸውዓ፡ ንሳ ኸኣ ናይ ጥንቲ ግራቱ ስለ ዝኾነት ኣይተኸራኸረቶን። ከም ሽላ መሰስ ኢላ ወፅኣት።
ሽዑ ዲያብሎስ ክትወፅኣሉ ኸላ “ትርኢዶ ኣሎኺ ናይ ሰብኣይኪ ነገር፡ ቅድም ካብታ ኣይትብላዕ ዝበሎ በለስ በሊዑ ካብ ክብሩ ተዋሪዱ ካብ ገነት ወፂኡ፡ ሕጂ ድማ ኪድ ናብ ገነት ኣእትዎም ኢሉ እንተለኣኸኒ “ኣይከውንን እዩ” በለ። ኣነ ደጊም ካብ ሕጂ ንንየው ኣይመጽኣኩምን እየ፡ ገዲፈኩም ክኸይድ እየ። ንስኻትኩም ድማ መጻወቲ ሰይጣን ኴንኩም ክትተርፉ ኢኹም። ስለ’ዚ ነዚ ነገር እዚ ተረድኢዮ’ በላ።
ንሳ ድማ “ኣይትፈልጠን ኢኻ እምበር ኣዳምሲ ለዋህ እዩ። ሕጂ ድማ ናቱ ነገር ኣይጐድእን እዩ” ኢላ ጎዛቶ ናብ ኣዳም ከደት። ከይዳ ኸኣ “ኣዳም ስለምንታይ ከምዚ ዝበለ ነገር ትገብር፧ ቅድሙ ሱባኤ ምእታውናስ ንኽምሕረና ኢልናዶ ኣይኮንናን፧ ኣሽምባይ ብ35 መዓልቲ ብሥለስተ፡ ኣርባዕተ መዓልቲ ኪምሕረናዶ ኣይከኣሎን እዩ ትብል ኣሎኻ፧ ሕጂ ድማ በጃኻ ካብዚ መልኣኽ እዚ ተፈሊና ኣይንትረፍ” በለቶ። ኣዳም ከኣ ብመንገዲ ሔዋን ምስዓሩ ልማዱ ስለ ዝኾነ ሕራይ ከምቲ ዝበልኪዮ ይኹን” በላ።
6. ዲያብሎስ ንኽልቲኦም ወሲዱ ኣብ እግሪ ገነት ኣብጺሑ፡ “ፈሊጥኩምኒዶ፧ መን እየ ኣነ፧” በሎም።
7. ሽዑ ኣዳም ንዲያብሎስ “ኣነ መልኣኽ እግዚኣብሔር እየዶ ኣይበልካናን፧ ንሕናስ ኣይንፈልጠካን ኢና” በሎ።
8. ዲያብሎስ ንኣዳምን ሔዋንን እቲ ካብ ገነት ተድላ ዘውፃእኩኹም ብኣፍ ከይሲ ድማ ዝተዛረብኩኹም ኣነ እየ። ሕጂ ድማ ነታ ንስሓኹም ደምሲሰያ ጥፉኣት ከኣ ኮንኩም፡ ናይ ዘለዓለም ተስፋ ኸኣ ቐበጽኩም።

መግለጺ፡-ዲያብሎስ ፡ ኣነ እቲ ቐድም ካብቲ ኣይትብላዕ ዝበለካ ዕፀ በለስ ኣብሊዐ ካብ ክብርኻ ኣዋረድኩኻ፡ ካብ ገነት ኣውፃእኩኻ። ሕጂ ድማ ንፈጣርየይ ደልየ ክረኽቦ እየ ኢልካ ቀኖና እንተ ኣቶኻ፡ ነዓ ኢሉካ ኢለ ኣተጋንዮልኩኻ፡ ካብ ሕጂ ንንየው ምንም ተስፋ የብልካን” ኢሉ እቲ ክፉእ ሽታኡ ኣጭነዎ። ጸዋግ፡ ክፉእ ጽዮእ፡ ዝኾነ መልክዑ ኣርኣዮ። ኣዳም ከኣ ደንጊፁ ወደቐ። ሽዑ ዲያብሎስ እዚ ጸላእየይ ከይተንሥኣኒ ኸሎ ኢሉ ሓደ ክንዲ ቤት ዚኣክል እምኒ ኣልዒሉ ጸዓኖ።

9. እታ እምኒ ድማ ከም ድንኳን ተተርቲራ ተዘርጊሓትሎም፡ ኣዳም ከኣ ኣብ ውሽጣ ሠለስተ መዓልትን ለይትን ቀነየላ። ኣዳም ደንጊፁ ወደቐ፡ ክሳዕ ሠለስተ ሰዓት ድማ ኣይተንሥኣን።

መግለጺ፡-እታ እምኒ ከም ድንኳን ተተርቲራ ተዘርግሓትሉ፡ ኣዳም ከኣ ኣብ ውሽጣ ሠለስተ መዓልትን ሠለስተ ለይትን ቐነየ። ኣዳም ኣብ መበል ሣልሳይ መዓልቲ እንተ ተንሣእ፡ ሥጋኡ ተቒሪሱ፡ ደሙ ፈሲሱ፡ ኣዕፅምቱ ተኸስኪሱ፡ ረኸቦ። ኣዳም ካብ ፍሬ ዕፅ ኣምጺኡ ብደሙ ለዊሱ፡ ሥርናይ ብእትመስል እብነ በረድ ብትእምርተ መስቀል ንፈጣሪኡ መሥዋዕቲ ኣቕረበ፡ ኣዕረገ።

10. ድጎር'ዚ ሕያው እሳት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዚለኣኽ መጺኡ ክሳዕ መሬት ዚልሕስ ነቲ መሥዋዕቲ ምስ ኣእማኑ በልያ።

መግለጺ፡-ድጎር'ዚ ካብ እግዚኣብሔር ዚተኣዘዘ እሳት ወሪዱ ነቲ መሥዋዕቲ ምስ እምኑ በሊዑ፡ ነቲ መሬትውን ወሲኹ ለሓሶ። ጐይታ ድማ ኣብ ደመና ብርሃን ተጻዒኑ ወሪዱ "ኣዳም ኣዳም" ኢሉ ጸዊዑ፡ "እንታይ ኸንካ፧ እንታይ ረኺቡካ፧" በሎ። ኣዳም "ኣነ ዘይኮንኩ ደኣ መን ክኸውን፧ ንሱ እቲ ናይ ቅድም ጸላእየይ ዲያብሎስ፡ ቅድም ካብታ ኣይትብላዕ ዝበልካኒ በለስ ኣብሊዑ ካብ ገነት ኣውፂኡኒ፡ ካብ ክብረይ ኣዋሪዱኒ። ሕጂ ድማ ንኣኻ ክረክብ ኢለ ቀኖና ካብ ዝኣተኽዎ ነዓ ኢሉካ እዩ ኢሉ ኣውፂኡኒ፡ ሥጋይ ተቒርሰ፡ ደመይ ፈሰሰ፡ ኣዕፅምተይ ተኸስከሰ፡ ኣነ ግፍዐይ ይረኣኻ ኢለ ደመይ መሥዋዕቲ ገይረ ኣዕረግኩልካ" በሎ።

11. እግዚኣብሔር ንኣዳም "ከምቲ ንስኻ ብደምካ ጌርካ መሥዋዕቲ ዘዕረግካለይ ኣነ ድማ ከምኡ ንኣቦይ ብደመይ መሥዋዕቲ ከዕርግ እየ፡ ብመስቀለይን ብሞተይን ድማ ክብጀወካ እየ" በሎ።

12. ኣዳም ንእግዚኣብሔር "ጐይታይ እዚ ክምሕረካ እየ እትብለኒ ዘሎኻ ክሳዕ መዓስ ክትፍጽመለይ ኢኻ፧ በሎ።

13. እግዚኣብሔር ንኣዳም "ብኃሙሽተ መዓልትን ብፈረቓ መዓልትን ካብ ጓል ጓልካ ክውለድ ኣብ ከባቢኻ ክንፈሓኹ ምእንታካ ሕፃን ክኸውን ብመስቀለይን ብሞተይን ድማ ክብጀወካ እየ" በሎ።

መግለጺ፡-ጐይታ ንኣዳም ብኃሙሽተ መዓልትን ፈረቓን ካብ ሰማየ ሰማያት ወሪደ፡ ካብ ጓል ጓልካ ተወሊደ .... ሥጋይ ቈሪሰ ፡ ደመይ ኣፍሲሰ .... ካብ ዲያብሎስ ጸላኢካ ሓራ ኣውፂኡ ካብ ሲኣል ከውፅኣካ እየ፡ ናብ ገነት ከኣ ከእትወካ እየ፡ ኢሉ ውሱን ቈጸራኡ ነገሮ።

14. ንሱ ድማ እዚ ኃሙሽተ መዓልትን ፈረቓን ዚበሎ ኃሙሽተ ሽሕን ኃሙሽተ ሚእትን ዓመት እዩ። ከመይሲ ብእግዚኣብሔር

ሓንቲ መዓልቲ እትበሃል፡ ብኣና 1000 እያ። መዝ. 89፡4-5። 2 ጴጥ. 3፡8። ቀሌ.

ብዛዕባ 1000 ዓመት መብርሂ

ብሰብ ሽሕ ዓመት ፡ ብእግዚኣብሔር ሓደ መዓልቲ ከም ዚኾነ ኣቐዲሙ ተገሊጹ ኣሎ። እዚ ብእግዚኣብሔር ሓደ መዓልቲ፡ ብሰብ ግና ሺሕ ዓመት ዝኾነ፡ ሊቃውንቲ ብዓመትን ብሰዓትን ብደቒቕን፡ ብሰከንድን ዝርዝሩ ከምዚ ዚስዕብ ኢሎም የብርሁን ይገልጹን።

ብእግዚኣብሔር ሓደ ሰዓት 41 ዓመትን 8 ወርኀን 3 መዓልትን 6 ሰዓትን 2 ደቒቕን 30 ሰከንድን ከም ዝኾነ ይገልጹ።

ኣዳም ቡቲ ዝተፈጥረሉ ዕለት ሽዑ ንሽዑ በዲሉ ነታ ዚተፈጥረላ ዕለት ከይፈጸማ ፡ ንሺፍጽማ 70 ዓመት ኪተርፎ ኽሎ ኣብ 930 ዓመት ሞተ። እታ ዕለት እቲኣ መሊኣ እንተትኽውን ነይራ ኣዳም ሞት ከይረኸቦ ተሓዲሱ፡ ኣብ ክንዲ ግዙፍ ሥጋ ርቀት ለቢሱ፡ ከምቲ ንሞይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ደቀ-መዛሙርቱ ሓዋርያት እናረኣይዎ ናብ ሰማይ ዚዓረገ፡ ከምኡ ድማ ንኣዳም ደቁ እናረኣይዎ ካብ ዓለም ሥጋ፡ ናብ ዓለም ነፍሲ ምስተሰጋገረ ነይሩ። እንተኾነ ግና ዲያብሎስ ጸላኢኡ 1000 ዓመት ምእንቲ ከይመልእ መጻወድያ ስሕተት ኣጻዊዱ ናብ ምድረ ፋይድ (ምድረ ፍዳ) ከምዚወድቕ ገበሮ። ምድረ ፋይድ ማለት “ምድረ-ሓሣርን መርገምን ድንጋጻን ራዕድን “ ማለት እዩ። ኣብ ርእሲ ሞት ሥጋ፡ ሞት ነፍሲ ፡ ኣብ ርእሲ ርደተ መቃብር፡ ርደተ ሲኣል ከምዚፍረዶ ገበረ። እንተኾነ ግና ዓመታት ፍርዲ ምስ ተፈጸመ መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ናብቲ ናይ ቀደም ቦታኡ ምድረ ገነት ከም ዚምለስ ገበሮ።

15. ካብ ሕጂ ንንየው ፡ ደም ሰብ መሥዋዕቲ ኣይትግበር፡ ከመይ መሥዋዕትኻ ኣይቅበለልካን እየ።
16. እግዚኣብሔር ንኣዳም፡ “ብናይ ኣልሕምትን ኣባጊዕን ኣጣልን ፍረታትን ዕንባባታትን ደኣ መሥዋዕቲ ግበር' በሎ።
17. ካልኣይ ከኣ “ብዓሣ መሥዋዕቲ ኣይትግበር፡ ከመይ ቕጽሪ ዓሣ ብዙኅ እዩ፡ ዓሣ ምስ ኣልሕምትን ኣባጊዕን ኣጣልን ወይ ምስ ፍረታትን ዕንባባታትን ቕጽሪ የብሉን፡ እንታይ ደኣ ንመግብኻ ከም ሓምሊ ባሕሪ ይኹንካ” በሎ።

መግለጺ፡-ካልኣይ ካብዞም ዝቐጸርኩልካ ፡ ንዓሣ ቕጽሪ ስለ ዘይብሉ፡ ንዓኻ ናይ ባሕሪ ሓምሊ ይኹንካ እምበር፡ ንኣይ መሥዋዕቲ ጌርካ ኣይትሠውዓለይ፡ ኣይቅበለካን እየ” በሎ። ጐይታ ኽኣ ነዚ ቓል ኪዳን እዚ ሂብዎ ናብ ሰማየ ሰማያት ዓረገ።

18. ሽዑ ገብርኤል መልኣኽ ወሪዱ፡ ንኣዳም ናብቲ ዝበዝጎ በዓቲ ወሲዱ ኣእተዎ።
19. ኣዳም ንቅዱስ ገብርኤል “ኣብዚ እንታይ ክምገብ እየ፧ ኣብዚ ብዘይካ እምኒ ካልእ የልቦን። ናብ ደገ ከይወፅእ ድማ፡ እንስሳታትን ኣራዊትን ኪበኣሱኒ እዮም” በሎ።

መግለጺ፡-ሽዑ ቅዱስ ገብርኤል ናብ ኣፍ ደገ ወፂኡ እኽይድ ኣሎኹ ኪብል ከሎ፡ ኣዳም “ጐይታይ ኣብዚ ብዘይካ በዓቲ ኻልእ የልቦን ...ናይ ምግበይ ነገርከ እንታይ ጌርካኒ፧ ትኽይድ ኣሎኻ፧” በሎ፡ ቅዱስ ገብርኤል ከኣ “ብዛዕባ ምግብኻስ ምስ ፈጣሪ ተዘራረብ እምበር ኣነ እንታይ ክብለካ፧” በሎ። ኣዳም ምስ ፈጣርየይ ደኣ ተባኢሰ እንድየ ንስኻ ደኣ እምበር ንገረለይ” በሎ።

20. ሽዑ ቅዱስ ገብርኤል ፡ ናይ ኣዳም ብጸም ምጎዳር ርእዩ ራጎሪጉሉ፡ ናብ ሰማይ ምኻዱ ገዲፉ ናብ ገነት ከደ።
21. ቅዱስ ገብርኤል ናብ ገነት ከይዱ መጥቅዕ (ደወል) ደዊሉ ኣዕዋፍ፡ ኣንስርት፡ ተኣከቡ። ንሱ ድማ “በሉ ንጐይታኹም ኣዳም ኣብ ባዶ በዓቲ ወዲቑ፡ ጥሜት በርቲዕዎ ስለ ዘሎ፡ ካብቶም ቅድም ዚምገቡም ዚነበረ ፍሬያትን ዕንባባታትን ቀለቡ ውሰዱሉ” በሎም። “ሕጂ ነዚ እምቢ እንተኢልኩም ደኃር ደቂ ንገነት ከይኣተውዋ ኣይተርፉን እዮም እሞ ሕነ ከይፈድዩኹም ዕንቋቑሑኹም ጨቓዊትኩም ከይቀትሉልኩም፡ ኣባይትኹም ከየፍርሱልኩም እናኣውፅኡውን ምእንቲ ከይሰጉኹምሲ ውሰዱሉ” በሎም።
22. እቶም ኣዕዋፍ ገነት ነዚ ቓል ቅዱስ ገብርኤል ምስ ሰምዑ ዚበልዖን ዚሸትቶ ዕንባባን ዚነጸፎ ቈጽልን ወሲዶም ዓሠርተው ክልተ በዓቲ ኣፍ ንኣፍ መልኡሉ። (ትርጓሜ ውዳ. ማር.)
23. እቶም ኣዕዋፍ ገነት፡ ንኣዳም “ኦ ጐይታና ኣብ ጊዜ ምውፃእካን ስደትካን፡ ንመግብኻ ዚኸውን፡ ፍረን ዕንባባን ቈጽልን ገነት ስለ ዘቕረብናልካ፡ ደቅኻ ኣብዚ ዚመጽእ እዋን ምእንቲ ከይገፍዑናስ ሕጂ መዘኸርታ ጸሓፈልና” በልዎ።

መግለጺ፡- እቲ 12 በዓቲ ስፍሓቱ ሓደ ምውርዋር ቀስቲ ዚኣክል ርጎቕት ይኸውን፡ “በል ቅዱስ ገብርኤል ኣብ ዚመጽእ ደቂ ኣዳም ናብ ገነት ከይኣተዉ ኣይተርፉን እዮም ስለ ዝበለና ደቕኻ ንደቅና እንቋቑሕኦም ከይሰብርሎም ጨቓዊቶም ከይቕትልሎም እናኣውፅኡ ምእንቲ ከይሰጉዎምን ሕነ ከይፈድይዎምንሲ እዚ ኵሉ ዝገበርናልካ መዘኸርታ ጸሓፈልና” በልዎ።

24. ኣዳም ድማ ነቶም ኣዕዋፍ ገነት ከምቲ ዚበልዎ መዘኸርታ ኣብ እምኒ ጸሓፈሎም። ብእኡ ድማ ተመረቑ።

መግለጺ፡-ድጎር'ዚ ኣዳም "ኣቱም ናተይ ወገን ደቀይ ዚኾንኩም፡ ናይዞም ኣዕዋፍን ኣንስርትን ደቆም ዚቕተልኩም፡ እንጀኾ ሕኦም ዚሰበርኩም፡ ኣባይቶም ዘፍረስኩም ርጉማን ኩኑ" ኢሉ ኣብ እምኒ ቐሪጹ ጽሒፉ ሃቦም። ንሳቶም ከኣ ነዚ ተቐቢሎም ተባሪኾም ከዱ።

ኣዳም ድማ እቲ ኣብ ገነት ከሎ ጀንቋ ኣዕዋፍን ኣንስርትን ይፈልጥ ስለ ዝነበረ ንኽድ ንኽድ ኪበሃሃሉ ኽለዉ ሰሚዑ፡ ከምዚ ሎሚ ሓደ ካብ ዓዱ ዚወፅእ ሰብ ወዲ ዓዱ ኪረክብ ከሎ ከምዚናፍቕ ፡ ኣዳም ድማ ነቶም ኣዕዋፍ ገነት ስዒብዎም ናብ ገነት ከደ። ንሳቶም ከኣ ብኣኽናፎም እናነፈሩ ኽዱ።

25. ኣዳም ከኣ ካብ ዱር ናብ ዱር ፡ ካብ ዋሻ ናብ ዋሻ ፡ ካብ በረኻ ናብ በረኻ ኪኹብልል ከሎ፡ እቲ ናይ ቀደም ጸላኢኡ ዲያብሎስ ረኽቦ።

26. ዲያብሎስ ንኣዳም "ኣንታ ካብ ገነት ኣብ ዝወፃእካሉ ዕለት ልብኻ ዝጠፍኣካ፡ ዘይትኽደ የብልካን፡ ናብዚ'ኽ መን ኣምጽኣካ፧ " ኢሉ ብእምኒ ርእሱ ወቒዑ ደም ኣውፂኡ ኣውደቖ። ኣዳም ወደቐ፡ ዲያብሎስ ከኣ ቐቲለዮ እየ ኢሉ ኽደ።

27. ቅዱስ ገብርኤል ንኣዳም "እግዚኣብሔር ከምዚ ኢሉካ፡ ክሳዕ ዕለት ሞትካ ኣብዚ በዓቲ እዚ ንበር። ንሔዋን ከኣ ብግብሪ ፍለጣ፡ ተባዝኑ ንምድሪ ድማ ምልእዋ" ዘፍጥ. 1፡28-29።

መግለጺ፡-ድጎር'ዚ ቅዱስ ገብርኤል ፡ ንኣዳም ሓላዊኡ ስለ ዝኾነ ፡ ኣተንሚኡ ዳህሲሱ ፈዊሱ ንኣኻስ ኹሉ ጊዜ እንታይ እዩ ዘዘንግዓካ፧ መግብኻ እዩ ኣምጺአልካ ኣሎኽ። ሕጂውን ክሳዕ ጊዜ ሞትክ ኣብዚ በዓቲ እዚ ተቐመጥ። ካብኡ ኣይትውፃእ።

ኣዳም ከኣ "" ኣ ጐይታይ፡ ፈጣርየይሲ ንኣይ ኣብ ሓደ መዓልትን ፈረቓን ክመጽእ እየ" ኢሉኒ ነይሩ። ዋላ እኳ ኣብዚ ኾይኑ እንተተዛረበኒ፡ ንሱ እቲ ናይ ቅድም ዲያብሎስዶ ኪኽውን ይኽእል፧" ኢሉ ሓተቶ። ቅዱስ ገብርኤል መሊሱ ንሱስ እቲ ፈታዊኻ እግዚኣብሔር እዩ እምበር ጸላኢኻ ዲያብሎስ ኣይኮነን" ኢሉ ገለጸሉ። እዚ ኃሙሽተ መዓልትን ፈረቓን ዚበሎ 5,500 ዘመን እዩ። እዚ ክትፈልጠ ድማ "ካብ ጓል ጓልካ ክውለድ እየ" ቀሌምንጦስ ..... ኢሉካ እዩ። እስከ ሎሚ ጓልዶ ወሊድካ፡ ካበየነይትን ይውለድ ይመስለካ፧ እንተኾነ እግዚኣብሔር ይቕሬታኡን ምሕረቱን ብዘይ ጊዜ ስለ ዘይከውን ኣጆኻ" በሎ።

ክፍሊ ሾብዓተ (7)

1. ምሕረት እግዚኣብሔር ኣብ ጊዜኡ እዩ። ኦ ጐይታ ምሕረትካ ብዙኅ ከሎ መሓረኒ። መዝ. 68፡13-14።
2. ኣዳም ናብ በዓቱ ኣትዩ በቲ ኣዕዋፍን እንስርትን ዘምጽኡሉ ፍረን፡ ዕንባባን፡ ቈጽልን ገነት ገይሩ መርዓ ገበረ። ንሔዋን ከኣ ገዝሚ ሕጹኣ "ወርቂ፡ ከርቤ፡ ዕጣን" ሃባ።

መግለጺ፡-ኣዳም ካብ ቅዱስ ገብርኤል ተፋንዩ ናብ በዓቱ ኣተወ ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ ወርቂ፡ ከርቤ፡ ስጊን (ዕጣን) ሂብዎ ስለ ዝነበረ ነዚ፡ ንሔዋን ገዝማ ሃባ።

3. ድጎር'ዚ ኣዳም ንሔዋን ብሥጋ ተራኸባ እሞ ጠነሰት፡ ንቃየልን ሉድን ድማ ወለደቶም። ዘፍ. 4፡1-3።
4. ካልኣይ ከኣ ኣዳም ንሔዋን ብሥጋ ተራኸባ እሞ ጠነሰት፡ ንኣቤልን ኣቅሌማን ድማ ወለደቶም።
5. ኣዳም ደቁ ተወሊዶም ምስ ጐበዙ፡ ኣካለ መጠን'ውን ምስ በጽሑ ትውልዲ ዘረኃኃቕ መሲልዎ፡ እታ ምስ ኣቤል ዚተወልደት ኣቅሌማ ንቃኤል፡ እታ ምስ ቃየል ዚተወልደት ሉድ ከኣ ንኣቤል የእቱ ኢሉ ብሥርዓት ሕጊ ኣዘዞም።
6. እቲ ምኽንያት ጽልኢ ቃየል ምስ ኣቤል ከኣ እዚ እዩ። ምኽንያቱ ኣዳም ንደቁ ኣቤል ንሉድ፡ ቃየል ድማ ንኣቅሌማ የውስባ ስለ ዝበሎም እዩ፡ ሽዑ ቃየል "እግዚኣብሔርሲ ነዚ ኣይገብርን እዩ፡ እታ ጽብቕቲይ ንኻልእ ክህብ፡ ኣነ ኸኣ እታ ናይ ካልእ ክፍእቲ ክወስድ፡" በለ።

መግለጺ፡- ድጎር'ዚ ኣብ መንጎ ኣቤልን ቃየልን ጽልኢ፡ ቂም ተላዕለ፡ እቲ ጽልኢ እንታይ እዩ ነይሩ፧ እንተበሉ እታ ምስ ኣቤል ዚተወልደት ኣቅሌማ መልክዓ ክፍእቲ ነበረት። እታ ምስ ቃየል ዚተወልደት ሉድ ግና መልክዓ ጽብቕቲ ቆንጆ እያ፡ ንሔዋን ኣዲኣ ትመስል ነበረት። ኣዳም ትውልዲ ዘረኃኃቕ መሲልዎ ከምዚ ኢሉ እንተኣዘዘ፡ ቃየል ድማ ነዚ ኸምዚ ዝበለ ነገርሲ ኣሸምባይዶ ንስኻስ እግዚኣብሔር እኳ ኣይገብሮን እዩ። እታ ናተይ ጽብቕቲ ንሰብ ሂበ፡ ናይ ካልእ ክፍእቲ መልክዕዶ ንኣይ ክወስድ ኮይነ" ኢሉ ጸብኢ፡ ቂም፡ በቐል፡ ኣልዓለ።

7. ኣዳም ንደቁ "ኣብ ጎቦ ኬድኩም መሥዋዕቲ ሠውዑ እሞ፡ እቲ እግዚኣብሔር ዚተቐበለሉ ንሉድ ይመርዓዋ" በሎም።
8. እግዚኣብሔር ናብ መሥዋዕቲ ኣቤል ጠመተ፡ መሥዋዕቱ ድማ ተቐበለሉ። ዘፍ. 4፡4-5።

9. ኣቤል ድማ ነገር መሥዋዕቱ ባህ እናበሎ ንሉድ ንምርኣይ ቀቅድሚኦም እናጐየየ ኸደ።
10. ሸዑ ሰይጣን ንቃየል ኣብ መንገዲ ረኸቡ "ኦ ኃያል ጐበዝ፡ ብዘይካ ፍሥሓ ጓሂ ዘይግብኣካ ዋላ ሓንቲ ሰዓት ትኹን" በሎ። ዘፍ. 4፡5-6።

መግለጺ፡-ቃኤል ድማ ኣነ ደይ ጐሃኹ ደኣ መን ኪጕሂ፡ ኣቦይ ኣዳልዩኒ ፡ ኃወይ ኃይሉኒ፡ እግዚኣብሔር ከኣ ተወሲኽዎ፡ እታ ናተይ ጽብቕቲ ፡ ንሰብ ሂቡ፡ ናይ ሰብ ክፍእቲ ንኣይ ሂቡ በዚ እጕሂ ኣሎኹ" በሎ።

11. ዲያብሎስ ንቃየል "እዚ ከምዚ ዝበለ ነገር፡ መን ይገብሮ፧ እቲ ኣብቲ ካብ ገነት ዚወፅኣሉ ዕለት ልቡ ዚጠፍኡ፡ ኣብ ጥራሑ በዓቲ ከም ግሑ እናኣስካሕክሐ ዓሠርተ ዚዛረብ ኣቦኻ ድዩ፧ ወይስ ካልእ ኣቦ ኣለካ፧" በሎ። ቃየል ድማ "እወ ንሱ እዩ፡ ካልእ ኣቦ የብለይን" በሎ።

12. ዲያብሎስ ከኣ ንቃየል "ምኽረይ ስማዕ፡ ፈቓደይ ፈጽም፡ ኢደይ ብኢድካ ጸፊዕካ (ወቒዕካ) መሓለለይ እምበር፡ ብእኡ በዚ ዚፈትዎ ሞት ወዱ ቀላይ ንብዓት ገይረ እንተዘይኣርእየካ ዓርከይ ኣይትበለኒ፡ ኣይ ኣነን እየ" በሎ።

13. ናብ ሰማይ እንተደየብካ፡ ናብ ምድሪ'ውን እንተወረድካ ፡ ካብዚ ዝኃይሽ ምኽሪ ኣይትረክብን ኢኻ፡ ንኽልቲአን ድማ ክተእትወን ኢኻ' በሎ።

መግለጺ፡-ንቃየን ምኽሩን ፍቓዱን ኪፍጽም ፡ ኢዱ ብኢዱ ጠቒዑ መሓለሉ፡ ኪምሕለሉ ኸሎ ድማ "እንካ እዛ እምኒ እዚኣ ጎዝካ ኬድካ ናብ ኣቤል ኃውኻ ብጻሕ ደኒኑ ማይ ኪሰቲ ኸሎ ክትረኽቦ ኢኻ። ሸዑ በዚ እምኒ እዚ ጕንዲ እዝኑ ሃሪምካ ደርብዮ። እንተሞይቱልካ ድማ ንኽልቲአን ትምርዓወን፡ ከምዚ ዚበለ ምኽሪ ፡ ናብ ሰማይ እንተወፃእኻ ናብ ምድሪ እንተወሪድካ ኣይትረክብን ኢኻ" በሎ።

14. ቃየል ነዚ ምስ ሰምዐ ፡ ካብ ኢድ ሰይጣን እምኒ ኣልዒሉ ጐየየ፡ ንኣቤል ተንበርኪኹ ማይ ኪሰቲ ኸሎ ረኸቡ ፡ ሸዑ ኣብ ማእከል ክሣዱን ሡር እዝኑን ዘበጠ እሞ ጻድቕ ኣቤል ከኣ ብኢድ ቃየል ኃዊ ሞተ። ዘፍ. 4፡8-9።

15. ሸዑ ቃየል ናብ ሔዋን ኣዲኡ ኸደ። ኣዲኡ ድማ "ኣቤል ኃውኻ ደኣ ናበይ እዩ ኸይዱ፧" በለቶ። ንሱ ንኣዲኡ "ኣነዶ ሓላዊ ኣቤል እየ' በላ። "በትረይ ደኣ ሃብኒ" በላ።

16. ሔዋን ድማ ከይዳ ንኣዳም ሰብኣያ ነገረቶ፡ ማለት "ቃየል መጺኡስ

ኣቤል ተሪፉ" ኢላ ነገረቶ።

17. ኣዳም ንቃየል "ቃየል ወደይ፡ እንቋዕ ደኃን ኣቶኻ፡ ኣቤል ኃውኻ ደኣ ናበይ እዩ ኸይዱ፧" በሎ።
18. ቃየል፡ ንኣዳም "ነታ ዘሕጸኻሉ ሉድ፡ ፍሬያትን ዕንባባታትን ንኸእክብ ናብ በረኻ ከይዱ እዩ ይመስለኒ" በሎ። ኣዳም ድማ ካብ እንስሳታትን ኣራዊትን ይፈርህ ነይሩ እዩ እሞ፡ "ኣንታ ኸፉእ ኣበይ ገዲፍካዮ መጺእካ ትኸውን፧" ኢሉ ጨርሓሉ። ዘፍ. 4፡9-10።
19. ቃየል ንኣዳም "ኦ እኩይ ኣቦ፡ መዳለዊ፡ ኣነ ንኣቤል ዋላ ኣርዌ እንተጓተቶ፡ ኣሞራ እንተመንጠሎ ሓላዊኡ ድየ፧ " ኢሉ ኣውፂኡ ኣውሪዱ ረኣዮ፡ ልዕል፡ ትሕት ኣቢሉ ተዛረቦ። ዘፍ. 4፡9-10።
20. ኣዳም ካብታ ዝኸዳ ዝነበረት መንገዲ ብድኅሪኣ ማይ ነበረት እሞ፡ ዘይሩ እንተረኣያ ደም ተዘዊሓ ረኣያ። ኣዳም ኣቤል ወዱ ከም ዝሞተ ፈሊጡ ዓው ኢሉ ብቓሉ ኣእወየ።
21. ኸዐ ኣዳም ምስ ሰበይቱ ሔዋን ከደ፡ ንኣቤል ከኣ ብገጹ ተደፊኡ ብግዱፉ ረኺቡ ክሣዱ ሓቼፎ፡ ኣዳም ንኣቤል "ኣንታ ወደይ መን ቀተለካ፧" በሎ።
22. እታ በድኒ ኣቤል ድማ "ቃየል ኃወይ እዩ ቐቲሉኒ" ኢላ ተዛረበት። ዘፍ. 4፡9-11።

<u>መግለጺ</u>፡- በድኒ ኣቤል ከም ዚጠርዐት (ዚተዛረበት) ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ። "ዕብ 11፡4 ኩፋ. 5፡ ሄኖ. 19፡17 ። ስንክሳር 2 ጥር)።

23. ብዛዕባኡ ጻድቕ ከም ዝኾነ ምስክር ኮኖ። ብምቕባል መሥዋዕቱ ምስክሩ እግዚኣብሔር እዩ። ብዛዕባኡ ድማ ሞይቱ ኸሎ ተዛረበ። ብመሥዋዕቱ ክሳዕ ሎሚ ይዛረብ። ዕብ. 11፡4-5።
24. ኣዳም ከኣ እንስሳታትን ኣራዊትን ዚተጻልእዎ መሲልዎ ይራገም ነበረ እሞ፡ መርገሙ ኣቋረጸ።
25. ኣዳም ንሔዋን "ኦ ሔዋን ካብታ ዕንፀይቲ ዘኹለስክኒ ኣእዳውኪ ይቁረጻ፡ ድኅር'ዚ ኣዳም ምስ ሔዋን ሰበይቱ ከም መን እየኸ፡ ንደቀይ ኣብ ክንዲ ርስቲ ዘውርሶም፡ ንውሉድ ወለዶ ሞት ኣውረስኩ፡ ንዘለዓለም ዘይውዳእ መከራ ረኸበኒ" እናበለ ኪበክን ኪጭነቕን ጀመረ።
26. ኣዳም "ኦ ማኅበር መላእኽቲ ሰማይን እቶም ምሳኻትኩም ዝነበርኩ ፍጥረታት ምድሪ፡ ተፈጢረ ከም ዘይተፈጠርኩ ስለ ዝኾንኩ ምእንቲ እግዚኣብሔር ኢልኩም ንኣቤል ኃውኹም ንዑ ብኸዩሉ" በለ።
27. ድኅር'ዚ ተስዓን ትሽዓተን ነገድ መላእኽቲ፡ ወሪዶም ንኣዳም

ነፍሲ ኣቤል ወድኻ ናብ ገነት ኣትያ ንዕፀ ሕይወት ተሳለማ። ብእግዚኣብሔር ከም ዚተፈትዋ ኣብ ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ከኣ ኣዕረፈት" በልዎ።

28. ኣዳም ነዚ ቓል እዚ ምስ ሰምዐ ተናዚዙ ንኣቤል ወዱ ቐበሮ።
29. ቃየል ካብ ገጽ ኣቦኡ ሃደመ፡ ካልኣይ ከኣ ኣይተራእየን። ኣብዚ ዓለም እዝን ኣብቲ ዝመጽእ ዘሎ ዓለምን ከኣ ርጉምን ውጉዝን ኮነ። ዘፍ. 4፡11-13።
30. ሽዑ እግዚኣብሔር ንቃየል ረገሞ። እንታይ ኢሉ ረጊምዎ፧ እንተበሉ፡ "ኣካልካ ይርዓድ፡ ኢደ እግርካ ይንቀጥቀጥ፡ ንኹሎም ከምዚ ናትካ ንዚሠርሑ ዘበሉ እዚ ናትካ መርገም ይብጽሓዮም። ዘፍ. 4፡11-13።
31. ሎሚውን ከምኡ ኣብ ልዕሊ ሰብ ክፉእ ዚገብር፡ ብሓሜት ይኹን ብቕትለት፡ ኔው ነጀው ደኣ የዕነኒ እምበር ድሌቱ ኣይኪፍጽምን እዩ።
32. ድጎር'ዚ ኣዳም ኣብ ኃዘን ተመክሮ ሾብዓተ ዓመት ሰብእነቱ ተቐመጠ። ኩፋ. 5፡12-13።

ክፍሊ ሸሞንተ (8)

1. ድጎር'ዚ ኣዳም ንሔዋን ሰበይቱ ብሥጋ ተራኸባ፡ ጠኒሳ ሴት ዚበሃል ውላድ ንኣቤል ኣምሲላ ምስ ማንታኡ ወለደት። ዘፍ. 4፡25-26
2. ድጎር'ዚ ደቂ ኣዳም እናተባዝኑ ኸዱ። ኣዳም ንሴት ወለዶ፡ ሴት ንሄኖስ ወለዶ፡ ሄኖስ ንቃይናን ፡ ቃይናን ንመላልኤል፡ መላልኤል ንያሬድ፡ ያሬድ ንሄኖክ፡ ሄኖክ ንማቱሳላ፡ ፡ ማቱሳላ ንላሜህ፡ ላሜህ፡ ንኖኅ ወለዶ፡ ኣብዚ ዘመን ኖኅ ድማ ማይ ኣይኒ ወረደ፡ ዝናም ኾነ። ዘፍ. 5፡1-32።
3. ወለዶ ክሳዕ እዚ 10 ኾነ፡ ዘመኑ ኸኣ 2242 ዘመን ኮነ።
4. ድጎሪ ማይ ኣይኅ ኖኅ ንሴም ወለዶ፡ ሴም ንኣርፋክሳድ፡ ኣርፋክሳድ ንቃይናን፡ ቃይናን ንሳላ፡ ሳላ ንኤቦር፡ ኤቦር ንፋሌቅ፡ ፋሌቅ ንራግው፡ ራግው ንሴሩህ፡ ሴሩህ ንናኮር፡ ናኮር ንታራ፡ ታራ ንኣብርሃም ወለደ። ዘፍ. 11፡10-28።
5. እንሆ ድማ ኣብ ዘመን ኣብርሃም እናሓረሱ ምብላዕን ኣብ ሸሞንተ መዓልቲ ግዝረት ተዋህበ። ቅድሚ ኣብርሃም ዚነበሩ ኣቦታት ከመይ ኢሎም ይነብሩ ነበሩ፧ እንተበሉ እናዘርኡን እናበቐለሎምን እናበሰለሎም ይበልው ነበሩ። ኣብ ጊዜ ኣብርሃም ግና እናዘርኡ

እንተገደፍዎ ኣዕዋፍ መጺኦም እናኣረዩ ይበልዑሎም ነበሩ።

መግለጺ፡- ኣብርሃም ናብ እግዚኣብሔር ጸለየ፡ ኣብዚ ጊዜ እዚ መልኣኽ ወሪዱ ኣብዑርን ማሕረስን ከርፈስን ኣተኻኺሉ ሂብዎ ፡ ሓደ ጊዜ እናኣልበስኩም ግደፍዎ በሎም። ንሳቶም ድማ ሓደ ጊዜ ኣብ ኣፉ እናዘርኡን እናበቐለሎምን ይነብሩ ነበሩ። ደጋር ግና ኃጢኣት በዝኑት፡ ምድሪ ጸንዐት፡ ሾብዓተ ጊዜ ፡ ሸሞንተ ጊዜ ክትሕረስ ጀመረት።

ናይ ግዝረት ነገርከ ከመይ እዩ እንተበሉ “ኣሥምር በቅድሜከ” በሎ። እዚ ማለት ኣብ ሸሞንተ መዓልቲ ግዘሮ ኪብል እዩ። ዘፍ. 17፡11-13። እዚ ድማ ኣምሳል ጥምቀተ-ክርስትና እዩ። ተባዕታይ ኣብ 40 መዓልቲ ፡ ኣንስታይ ከኣ ኣብ 80 መዓልቲ ፡ እንተዘይተጠሚቐም ክርስቲያን ኣይበሃሉን እዮም። ኣቦን ኣደን ንኻህናት ከይነገሩ መዓልቲ እንተ ኣጎሊፎም፡ ካብ ምእመናንተፈልዮም 3 ዓመት ይጽሙ። ወይ ድማ እቶም ካህናት ኣቦን ኣደን ነጊሮምዎም ኬብቅዑ ኣይነጠምቐንን ኢሎም እንተኣጎሊፎም 3 ዓመት ይጽሙ።

6. ዘመኑ ክሳዕ እዚ 3328 ኮነ፡ ዘመኑ ኾነ ትውልዱ ድማ 21 ኮነ።
7. ኣብርሃም ንይስሓቅ ወለዶ፡ ይስሓቅ ንያዕቆብ ወለዶ፡ ያዕቆብ ንይሁዳ ወለዶ፡ ይሁዳ ንፋሬስ ወለዶ፡ ፋሬስ ንኤስሮም ወለዶ፡ ኤስሮም ንኣራም ወለዶ፡ ኣራም ንኣሚናዳብ ወለዶ፡ ኣሚናዳብ ንነኣሶን ወለዶ። ማቴ. 1፡2-5።
8. ክሳዕ እዚ ዘመነ ኣበው እዩ፡ ዘኣመነ መሳፍንት ካብ ሙሴ ተጀመረ። እንሆ ኣብዚ ዘመነ ኣበው ተፈጺሙ፡ ዘመነ መሳፍንቲ ተጀመረ። ክሳዕ እዚ ዘመኑ 3753 ኮነ።
9. ነኣሶን ንሰልሞን ወለዶ፡ ሰልሞን ንቡኤዝ ወለዶ፡ ቡኤዝ ንኢዮቤድ ወለዶ፡ ኢዮቤድ ንዕሤይ ወለዶ፡ ዕሤይ ንዳዊት ወለዶ።
10. ክሳዕ እዚ ዘመን መሳፍንቲ እዩ። መንግሥቲ ቤት እስራኤል ብዳዊት ተጀመረ። ሊቀ ካህናትነት ብሳሙኤል ተጀመረ፡ እንሆ ዘመን መሳፍንቲ ተፈጺሙ፡ መንግሥቲ ቤት ይሁዳ ብዳዊት ተጀመረ፡ ሊቀ ካህናት ብሳሙኤል ትውልዲ ክሳዕ እዚ 34 ኮነ። ዘመኑ 4456 ኮነ።
11. ዳዊት ንሰሎሞን ወለዶ፡ ሰሎሞን ንሮብዓም ወለዶ፡ ሮብዓም ንኣብያ ወለዶ፡ ኣብያ ንኣሳፍ ወለዶ፡ ኣሳፍ ንኢዮሳፍጥ ወለዶ፡ ኢዮሳፍጥ ንኢዮራም ወለዶ፡ ኢዮራም ንያዝያን ወለዶ፡ ያዝያን ንኢዮኣታም ወለዶ፡ ኢዮኣታም ንኣካዝ ወለዶ፡ ኣካዝ ንሕዝቅያስ ወለዶ፡ ሕዝቅያስ ንምናሴ ወለዶ፡ ምሳኔ ንኣሞጽ ወለዶ፡ ኣሞጽ ንኢዮስያስ ወለዶ፡ ኢዮስያስ ንኢዮኣቄም ወለዶ፡ ኢዮኣቄም

ንኢኮንያን ወለዶ። ማቴ. 1፡7-12።

12. ኣብዚ ዘመን ኢኮንያን ምርኮ (ፂዋፄ) ኾነ። እስራኤል ተማሪኾም ናብ ባቢሎን ወረዱ። መንግሥቲ እስራኤል ተፈጺማ ናብ መንግሥቲ ባቢሎን ፈለሰት። ትውልዲ 51 ኮነ። ዘመኑ 4916 ዓመት ኾነ።
13. ኢኮንያን ንሰላትያል ወለዶ፡ ሰላትያል ንዘሩባቤል ወለዶ፡ ማቴ. 1፡12-13።
14. ኣብዚ ዘመን መንግሥቲ ዘሩባቤል ጊዜ እስራኤል ካብ ዚማረኹ ኣብ 70 ዓመቶም፡ ክህነት ምስ መንግሥቲ ጎዞም ናብ ኢየሩሳሌም ሃገሮም ተመልሱ። ሊቀ ካህናት ብሆሴዕ(ዮሴዕ) ተጀመረ፡ መንግሥቲ ከኣ ብዘሩባቤል። ትውልዲ ክሳዕ እዚ 54 ኮነ። ዘመኑ 4987 ዓመት ኾነ።
15. ዘሩባቤል ንኣብድዩ ወለዶ፡ ኣብድዩ ንኣዛር ወለዶ፡ ኣዛር ንኤልያቄም ወለዶ፡ ኤልያቄም ንሳዶቅ ወለዶ፡ ሳዶቅ ንኣኪም ወለዶ፡ ኣኪም ንኤልዩድ ወለዶ፡ ኤልዩድ ንኣልኣዛር ወለዶ። ማቴ. 1፡12-16።
16. ኣልኣዛር ንቅስራ ወለዶ፡ ቅስራ ንኢያቄም ወለዶ፡ ኢያቄም ንእግዝእትነ ማርያም ወለዳ፡ እግዝእትነ ማርያም ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንምዝካሩ ስግደት ይግባእ ወለደት።
17. ኣልኣዛር ንማታን ወለዶ፡ ማታን ንያዕቆብ ወለዶ፡ ያዕቆብ ንዮሴፍ ወለዶ፡ ንሱ ድማ ሓላዊ እግዝእትነ ማርያም ፡ ዮሴፍ ንያዕቆብ ኤጲስ ቆጶስ ኢየሩሳሌም ወለዶ፡ ማቴ. 1፡16-17።
18. ትውልዲ ክሳዕ እዚ 66 እዩ፡ ዘመኑ ሽኣ 5500 እዩ። ክሳዕ እዚ ዘሎ ዓመተ ፍዳ ዓመተ ኵነኔ ይበሃል።
19. መጽሓፍ ቅዱስ ኤጲፋንዮስ ካልኣይ ሙሴ ኣብዚ ተፈጸመ። ካልኣይ ሙሴ ምባሉ ንኣሪት ንሱ ድማ ንመጽሓፍ ኣክሲማሮስ ስለ ዚጸሓፈ እዩ።

<u>መዛዘሚ</u>

ክሳዕ እዚ ናይ ዕለት ዓርቢ ሥነ ፍጥረት እዩ። ዓርብ ማለት ሽዱሽተ ማለት እዩ። ዓርቢ ንፍጥረት ሻድሻይ ፡ ንቐመር ራብዓይ ፡ ንፀሓይ ሣልሳይ ማለት እዩ። ሽዱሽተ መዓልቲ ፡ 22 ፍጥረት እዚ እዩ። እዚ ኣበየናይ መዓልቲ ተፈጸመ እንተተባህለ ሚያዝያ 4 እዩ።

ናይ ሽዱሽተ መዓልቲ ሥነ ፍጥረት ካብ ብዙኀ ብውሑድ ካብ ምሉእ ብኽፊል ኣብዚ ተፈጸመ።

ኣለዓዒሉ ዘጀመረኒ ኣጀሚሩ ዘፈጸመኒ መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ
ይኽበር ይመስገን።

መወከሲ መጽሓፍ

- መጽሓፈ ኣክሲማሮስ ወረቐት ካብ ኢንተርነት ግእዝ-ኣምሓርኛ
- መጽሓፈ ኣክሲማሮስ ብራና ግእዝ 1985 ዓ.ም.ግ.
- መጽሓፈ ሥነ ፍጥረት ዘሰብዓቱ ዕለታት መልኣከ ገነት ሞገስ ዕቁበኪዮርጊስ (ኣማርኛ) 1957ዓ.ም.ግ.
- መጽሓፈ ቀሌምንጦስ ግእዝ-ኣምሓርኛ
- መጽሓፈ ሰዋሰው ወግሰ መዝገበ ቃላት ሐዲስ (ኪዳነ ወልድ ክፍሌ 1948 ዓ.ም.ግ.)
- ዘመናዊ መዝገበ ቋላት ተክእ ተስፋይ ታጎሳስ 2011 ኣስመራ
- መዝገበ ሃይማኖት ብደብረ ቢዘን ቤት ማሕተም ኮከበ ጽባሕ ማኅበረ ሐዋርያት ኣስመራ
- ግብረ ሕማማት.
- ቀሊምንጦስ ብገብረ ዮሐንስ ገብረማርያም 2000ዓ.ም.ግ.
- ግብረ ሕማማት.